# ተዛረቢ'ባ መሬት ሕድሪ፡- ተዛረቡ'ባ ሰማእታትና !!

## *ምሉእ ሓርነታት ህዝብና ንምርግጋጽ ክንቃለስ ኢና፡ ናይ ፖለቲካን ሕልናን እሱራትና ነጻ ንምውጻእ ድምጽና ነስምዕ !*

***ተጋዳላይ ማሕሙድ ሽሪፎ መን'ዩ ?*** ተጋዳላይ ማሕሙድ ሽሪፎ ኣብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ 5ይ ክፍሊ ካብ 1966 ክሳብ 1968 ዓ.ም፡ ካብ 1968 ክሳብ 1969 ኣብቲ ንሰለስተ ክፍሊታት፡ (ሳልሰይቲ፡ ራብዐይቲን፡ ሓሙሽይቲን) ጠርኒፉ ዝቖመ ስሉሳዊ ሓድነት፡ ኣብ 1970 ዓ.ም ድማ ሓደ ካብ መስረቲ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ኰይኑ ቃልሱ ክሳብ ናጽነት ዝቀጸለ ገዲም ተጋዳላይ ኢዩ። ተጋዳላይ ማሕሙድ ሽሪፎ ነቲ መሪርን ሕልኽላኻት ዝበዝሖን ናይ ቃልሲ ጉዕተቅ፡ ብልዑል ተወፋይነትን ኣበርክቶን፡ ሓደ ካብቶም ኣብ ዕጥቃዊ ቃልሲ መሪሕ ተራ ዝነበሮም ኰይኑ ኣሕሊፉዎ። ክሳብ 1ይ ውድባዊ ጉባኤ ድማ ኣብ ደረጃ ዝተፈላለዩ ናይ ሓላፍነት ጽፍሒታት ሰሪሑ ኢዩ። ኣብቲ ብ1977 ዓ.ም ዝተኻየደ 1ይ ውድባዊ ጉባኤ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ፡ ኣባል ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ኰይኑ ስለ ዝተመርጸ ኣብ ላዕለዋይ ጽፍሒ መሪሕነት ተመሪጹ ንቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዓወት ንከብጽሕ ዓቢ ኣበርክቶ ዝገበረ ተጋዳልይ ኢዩ። ተጋዳላይ ማሕሙድ ሽሪፎ፡ ካብ ቀዳማይ ክሳብ ካልኣይ ጉባኤታት ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ (1977-1987) ናይ ክፍሊ ዜናን ፖሮፖጋንዳን ሓላፊ ኰይኑ ተመዲቡ ስርሑ ቀጺሉ። ኣብ ክፍሊ ዜና፡ ምስ'ቲ ኣብ'ቲ እዋን ዝነበረ ሓድሽ ተመክሮ፡ ዓቕምን መሳርሕን፡ ብዝተፈላለየ ቋንቋታት ኤርትራ ንተጋደልትን ህዝብን ዘራኽብ ሓበሬታን ትምህርትን ብድምጺ ሓፋሽ ኣብ ምፍናውን፡ ፖለቲካዊ ኣፍልጦ ህዝቢ ኤርትራ (political awareness) ክብ ንኽብል ልዑል ተራ ተጻዊቱ። ብተወሳኺ፡ ኣብ ትሕቲኡ ኰይኖም ንዘገልግሉ ዝነበሩ ተጋደልቲ ብምትብባዕን ብምእላይን፡ ሓያላት ጸሓፍትን ጋዜጠኛታትን ኰይኖም ሃገራዊ ጉብኦም ክም ዘበርክቱ ዝገበረ ተጋዳላይ ኢዩ። ተጋዳላይ ማሕሙደ ሽሪፎ፡ ብ1987 ኣብ ዝተኻየደ 2ይ ዉድባዊ ጉባኤ እንደገና ብደረጃ ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ስለ ዝተመርጸ ኣብ ክፍሊ ህዝባዊ ምምሕዳር ተመዲቡ፡ ህዝቢ ኣብ ምውዳብን ምንቃሕን ንዝተዋፈሩ ኣባላት ክፍሊ ህዝባዊ ምምሕዳር እንዳመርሐ፡ ኣብ ዉሽጢ ሃገር ይኹን ኣብ ወጻኢ ሃገር ዝነበሩ ኤርትራዉያን ኣብ ምዉዳብ ልዑል ተራ ተጻዊቱ። ብሓፈሻኡ፡ ኣብ መዳይ ናይ ተራ ሓፋሽ ውድባት ዝተኻየደ ሃገራዊ ቃልሲ ዝነበሮ ኣበርክቶ ዘግህዶን ዝገልጾን ሰፊሕ ተራን ዕማምን ምዝካር ኣኻልን ውጽኢት ናይ ዝተኻየደ ቃልሲ መርኣያን ኢዩ ክበሃል ይከኣል። ተጋዳላይ ማሕሙድ ሽሪፎ ነብሱ ዘየተዓባቢ፡ ምስ ኩሎም ተጋደልትን ሓፋሽ ዉደባትን ኣባላት ግንባርን እናተረዳድአ ሓልዮትን ለውሃትን ዝመልአ ኣቀራርባ ዝነበሮን ሰውራ ኤርትራ ካብ ዘፍረዮም ብሉጻት ተጋደልቲ ሓደን ኢዩ። ብ1994 ኣብ ዝተገብረ ሳልሳይ ውድብዊ ጉባኤ'ውን፡ ንሳልሳይ ግዜ ኣብ ላዕለዋይ መሪሕነታዊ ጽፍሒ ህዝባዊ ግንባር ተመሪጹን ብደረጃ መንግስቲ'ውን ሚኒስተር ተቅባዊ ምምሕዳርን፡ ፕረዚደንት ሃገረ ኤርትራ ኣብ ዘይነበረሉ ግዜ፡ ብውክልና፡ ናይ ፕረዚደንትነት ስልጣን ሒዙ ንክጸንሕ ኣብ ዘኽእሎ ደረጃን፡ ኰይኑ ንሃገሩን ህዝቡን ኣገልጊሉ። ኣብ ቍጠባዊ ጉዳያት ህ.ግ.ደ.ፍ፡ ናይቲ ንዕኡ ክመርሕ ዝቖመ፡ ሕድሪ-ትራስት-ፋንድ፡ ኣባል ቦርድ ኰይኑ ኪሰርሕ ተመዚዙ ከም ዝነበረን፡ ቦርድ ስርሑ ንኪጅምር ኵለን ቁጠባዊ ትካላት ህ.ግ.ደ.ፍ ስርሐን ከጽፍፋን ኦዲታዊ ስርሓት ኪካየደለን ተነጊሩ፡ ዝተዋህበ መምርሒ ስለ ዘይተተግበረ ቦርድ ስርሑ ኪጅምር ከም ዘይከኣለ ዚዝከር ኢዩ። ሚንስተር ማሕሙድ ሽሪፎ፡ ከም'ቲ ብዙሓት ዝምስክሩዎ፡ ምስ ውጹዓት ዝደናገጽ፡ ሽግራቶም ኪፈትሕ ዝከኣሎ ዝገብር፡ ኣብ ገለ እዋን'ውን ዝውሰድ ዝነበረ ስጕምትታት፡ ብፍላይ ኣብ ልዕሊ ተጣየስቲ ተጋደልቲ፡ ኣደ-ቴልዑ፡ ብዕድመ ዝደፍኣ ደቂኣንስትዮ፡ ስድራቤት ስዉኣት፡ ብምትሕብባር ሕልናዊ ስርሓት ኪሰርሕን ከተዓራርን ይፍትን ምንባሩ እቶም ግዳያት ናይ ከምዚ ዓይነት ኵነታት ዝነበሩ ውልቀ ሰባት ዝምስክርዎ ሓቂ ኢዩ። ኣብ መስርሕ-ጉዕተቅ-ቃልሲ ናይ ርእይቶ ፍልልያት ኪፈጠር ባህርያዊ ኢዩ። ንሰብ ዘይገበኑን ዘይስምዒቱን ሂብካ ከተጸልሞ ግን ዘሹርዕ ምርጫ ኣይኰነን፣ ዘይምትእምማንን ቅርሕንትትን ዘትርፍ ኣሉታዊ ኣገባብ'ውን ኢዩ። ማሕላ-ቃልሲ ከይጠለመካ፡ ንእስነትካን እታ እንሠላ ህይወትካን ንህዝብኻን ሃገርካን ወፊኻ፡ ንብጻይካ'ምበር ንዓኻ ከይበልካ፡ እታ ዘይተኸደንካላን ዘየጌጽካላን ሓሳዊት ዓለም ኣርኪባ ዘይስምካ ክትህበካስ ኣየሕዝንንዶ ? ሚኒስተር ማሕሙድ ኣብ'ዚ መሪርን ነዊሕ ናይ ቃልሲ ጉዕተቅ ብናይ ቀረባ መሳርሕቱ እሙን ጥራይ ዘይኰነስ ማዕረ ንቦታ ፕረዚደንት ተኪኡ ዝሰርሕ ዝነበረ ተቓላሳይ፡ ብግቦን ምጥፍፋእን ክምኡ'ውን ብሃይማኖታዊ ስምዒት ኪኽሰስን ስሙ ኪጽልምን ተሰሚዑ። ንምኻኑ፡ እቲ ተዋሂቡ ዝበሃል ጉቦ ኣበየናይ ባንክ ናይ ኤርትራ ወይ ኣበየናይ ባንክ ናይ ዓለም ኢዩ ዘሎ ? ህዝቢ'ውን እዚ ተጠቀምትን ወሃብቲ ጉቦን ተዓዘብትን ስለ ዝኰነ ዝተዋህበ ጉቦ እንተሊዩ ክሲ ከቕርብ ተሓቲቱ ኔሩ እዩ። ንሱ ኪጥቀመሉ ዕድል እንተዘይረኺቡኸ

ስድራ-ቤቱን ደቂን ካብ ሎሚ ዝሓስም ግዜ ኣለዎም ድዩ? ተጋ. ማሕሙድ ሽሪፎ ኣብ ዝሓለፈ ናይ ቃልሲ እዋን ኣብ ኩሉ መድረኻት ካብ ዝምባሌን ስምዒትን ነጻ ሠላይኑ ኢዩ ተጋዲሉ። እቲ ፍልልያት፣ ኣብ 9ይ ምዱብ ኣኼባ ማእከላይ ባይቶ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራን፣ መበል 13 ኣኼባ ሃገራዊ ባይቶ ኤርትራን (ናይ ነሓሰን መስከረምን 2000 ዓ.ም) ዝተንጸባረቐን፣ ብድሕሪኡ ኣብ ዝቐጸለ እዋን፣ ኣብ ውሽጢ መርሕነታት ግንባርን መንግስትን ዝተጋህደን ኢዩ። እዚ መራሕኾይኑ ኣብ ብርክት ዝበሉ ልዑል ሃገራዊ ስርሓት ዝተዋስአ፣ እሞ ኸኣ ኮሉ ዝእመነሉ ዝንበረ፣ ብዝተፈጠረ ፍልልያት ብብልሽውናን እምነተ-ድርቅናን ኪኽሰስን ስሙ ኪጽልምን'ኳ እንተ ተደልየ እቲ መርትዖ ድኣኣበይ ኣሎ? እቲ ሓቂ ንሱ ኣይኮነን፤ ናይ ደቂ-ሰባት ታሪኽ ኪትቕይሮን ዘየለ ከተምጽእን ምፍታን ጥራሕካ ዘዉጻኣካ ተግባር ኢዩ። ክቡራት ሰማዕትና እቲ ንዳርጋ ፍርቂ ዘመን ምሳኻ ዝተጋደለን ምሳኻ ዝጸንሐን ሰብ ዝግብኦ ታሪኽ እንተዘይሂብካዮ ድኣ ብዛዕባ መን ኢኻ ኪትዛረብ ትኽእል? እዚ ንሕልና ነብሲ ወከፍ ኣብ ጉዕተቅ ቃልሲ ዝነበረን ታሪኽ ናይ ቃልሲ ኤርትራ ዝፋልጥን ዝሕደግ ይመስለና።

<u>**ተጋዳላይ ሃይለ ወልደትንሳኤ (ድሩዕ) መን'ዩ ?**</u> ኣቶ ሃይለ ወልደትንሳኤ ብ1946 ዓ.ም ተወሊዱ። ኣብቲ ኣብ መጀምርያ ስሳታት፣ ብፍላይ ኣብ ከተማ ኣስመራ ዝረስን ዝነበረ ናይ ተመሃሮ ምንቅስቓስ፣ ሃይለ ሓደ ካብቶም ደፋፋእቲ ሠላይኑ ዝነጥፍ ዝነበረ ተመሃራይ እዩ። ኣብ 1964 ልዕሊ ክልተ ሽሕ ተመሃሮ ካልኣይ ደረጃ፣ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ሰንበል ኣብ ዝተዳጐንሉ፣ ሃይለ ካብቶም ሰማያዊት ጨርቂ እናንበልበለ፣ ኣብ ቅድሚ እቶም ከቢቦም ዝሕልዉ ዝነበሩ ፖሊስ፣ ድምብርጽ ከይበሎ ከኾድድ እንክሎ ዘይዝክሮ ናይ ሽዑ ተመሃራይ የለን። ኣብ ዩኒቨርሲቲ እንክሎ ሓደ ካብቶም ምንቅስቓስ ዩኒቨርሲቲ ተመሃሮ ኤርትራውያን ዘበገሰ ሃይለ ድሩዕ እዩ። ኣብቲ እዋን ድልየት ቃልሲ ኣብ ውሽጢ ተመሃሮ ዩኒቨርሲቲ ይቀላቐል እኳ እንተነበረ ስምዒታዊ ደኣምበር ዕ ምቈት ኣይነበሮን። ሓደ ንግሆ ጸሓፊኣ ዘይፍለጥ መራር ጽሕፍቲ ብለይቲ ተዘርግሐት'ሞ፣ ኻኹሉ ኤርትራዊ ተመሃርይ ኣበራቢራ፣ ንጉዳይ ሃገር ኣብ ቅድሚት ሰርዓቶ። ከም ሳዕቤኑ ከኣ ብወግዒ "ማሕበር ዩኒቨርሲቲ ተመሃሮ ኤርትራውያን" ቆመት። እታ መንቀሊት ጽሕፍቲ ኣዳልዩ ዝዘርግሐ፣ ሃይለ ምስ ብጾቱ ምዃኑ ጸኒሑ ተጋህደ። ሃይለ ንሜዳ ዝተበገሰላ ቅነ፣ "ማሕበር ትያትር ኣስመራ" ፍሉይ ምርኢት ንኤርትራውያን ተመሃሮ ኣብ ውሽጢ ቀጽሪ ዩኒቨርሲቲ ኣዲስ ኣበባ ከተቕርብ እንከላ፣ ብጠለብ ተመሃሮ ወናም ደራፋይ ኣቶ ኣተወብርሃን ሰጊድ " ዓደየ ዓዲ ጀጋኑ" ትብል ደርፊ ምስ ደረፈ፣ ሃይለ ድሩዕ ኣብ መድረኽ ወጺኡ፣ "ደጊምሲ ይኣኽለና፣ ብዘይ ሃገር ክብረት የለን እሞ ንበገስ" በለሞ፣ ንስሚዒት ናይ ኩሎም ተመሃሮ ወልዐ። ከምታ ዝበላ ከኣ ነዊሕ ከይጸንሐ ንሜዳ ተበገሰ። ኣብቲ እዋን ብስቱር ሃይለ ብመንገዲ ስውእ ወልደዳዊት ተመስገን ካብ 1965 ዓ.ም. ናብ ተ.ሓ.ኤ. ተወዲቡ፣ ምስ ማሕሙድ ሽሪፎን ኢሳያስ ኣፈወርቂን ኪሰርሕ ጀሚረ። ብ1966 ዓ.ም ትምህርቱ ኣቋሪጹ ናብ ተ.ሓ.ኤ ተሰሊፉ፣ ኣብ ሓሙሽይቲ ክፍሊ ድማ ተጸንበረ። እንተኾነ ኣብ'ቲ ግዜ'ቲ ብሰንኪ ኣብ ሓሙሽይቲ ክፍሊ ዝተፈጥረ ሕንፍሽፍሽ ገለ ተጋደልቲ ኪቕተሉ እንከለዉ፣ ገለ'ውን ናብ ቖንስል ኢትዮጵያ ኣብ ሱዳን ኣትዮም ኢዶም ሃቡ። ተጋዳላይ ሃይለ ድማ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ሱዳን ድሕሪ ምጽናሕ መንግስቲ ሱዳን ናብቶም ኣብ ቆንስል ኢትዮጵያ ዝነበሩ ምሩኻት ስለ ዘረከብዎ ናብ ኤርትራ ኪምለስ ተገደደ። ኣብ'ቲ እዋን ኣብ ሜዳ ምቹእ ናይ ቃልሲ ሃዋህው ከምዘየለ ስለዝተገንዘበ ድማ ናብ ኣዲስ ኣበባ ዩኒቨርሲቲ ተመሊሱ ትምህርቱ ቀጸለ። ነዊሕ ከይጸንሐ ግን፣ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ምስ'ቶም ኣብኡ ዝነበሩ ተሓባበርቲ ህ.ሓ.ሓ.ኤ ኾይኑ ብንጥፈት ይንቐሳቐስ ስለዝነበረ ብመንግስቲ ኢትዮጵያ ተጠርጢሩ ተኣስረ'ሞ፣ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኣዋሳ ተዳጐነ። ካብኡ ምስ ተፈትሐ ድማ እንደገና ንሜዳ ናብ ህ.ሓ.ሓ.ኤ ብ1972 ዓ.ም ተሰሊፉ።1973 ዓ.ም ኣብ ናይ ከተማ ርክባት ተመዲቡ፣ ኣብ ሰሜናዊ ባሕሪ ማለት ኣብ ከባቢታት ርእሲ ዓዲ፣ ኳዜን፣ በለዛ እናተንቀሳቀሰ፣ ምስቶም ካብ ከተማ ዝመጹ ተሓባበርቲ እናተራኸበ እንከሎ ብጸላኢ ተታሒዙ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ሰንበል ምስ ካልኦት ናይ ፖለቲካ እሱራት ተሓበሰ፤ ኣብ ሰንበል ቤት ማእሰርቲ ኣብ ዝነበረሉ ኣብ ዉሽጢ እሱራት እናጐሳጐሰ ንብዙሓት ሞራሎም ክብ ከም ዝብልን፣ ሃገራዊ ስምዒት ከም ዝሓድሮምን፣ እጃሞም ከብርክቱ ንምግዳል ቁሩባት ከም ዝኾኑ ካብ ዝገበሩን ብንጥፈት ካብ ዝተዋሱን ኢዩ ኔሩ። ናብ ውሽጢ ቤት ማእሰርቲ ዝምዕብል ዝነበረ ፖለቲካዊ ሃዋህውን መርገጺታትን ዕላማታት ኣብ ምንጻር'ውን ዓቢ ኣበርክቶ ነበሮ። ብ1975 ዓ.ም. ብውጥን ፈዳይን ተ.ሓ.ኤ. እሱራት ንምፍታሕ ዝተኻየደ ቀዳማይ ዕውት ስርሒት፣ ምስ ካልኦት ኣብ ሰንበል ዝጸንሑ እሱራት ወጺኡ፣ ዳግማይ ናብ ህ.ሓ.ሓ.ኤ ተጸንበረ። ኣብ መጨረሻ ናይቲ ዓመት ከኣ ቤት ትምህርቲ ካድር ኣብ ባቑስ መስሪቱ፣ ከም ሓላፊ ቤት-ትምህርቲ ካድርን፣ መምህር ፖለቲካዊ ትምህርቲን ስርሑ ቀጸለ። ሽቶ ናይቲ ቤት ትምህርቲ'ቲ፣ ተጋደልቲ ዕላማ ናይቲ ዝስውኡሉ ዘለዉ ሓርነታዊ ቃልሲ ኣዕሚቖም ንምርዳእን፣ ፖለቲካዊ ፍልጠቶም ንምምዕባልን፤ ነዚ ፍልጠት እዚ ኣብ

ተጋደልቲ ንምዝርጋሕን፡ መኣዝን ናይቲ ቃልሲ ምሕላውን ነበረ። ብ1977 ዓ.ም. ኣብ ዝተገበረ ቀዳማይ ውድባዊ ጉባኤ፡ ሃይለ ኣባል ማእከላይ ሽማግለን ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈትን ንኪኸውን ጉባኤኛታት መረጽዎ። ብድሕሪኡ ሓላፊ ክፍሊ ፖለቲካዊ ምንቕቓሕ ኰይኑ፡ ካብ ተዋጋኢ ሰራዊትን ክፍሊታትን ንዝተመርጹ ተጋደልቲ፡ ብዙርያታት ቤት ትምህርቲ ካድር፡ ኣብ መንተብለ፡ ናቕፋ፡ ዓ ራግ፡ ባቑስ፡ ዓራርብ፡ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ካድራት ከም ዝፈርዩን፡ መሪሕ ተራኦም ከም ዝጻወቱን ዝገብረ ዓቢ መምህር ኢዩ። መርኣዩ ናይዚ ከኣ ካብቶም ኣብ ቤት ትምህርቲ ካድር ዝተማህሩ ተጋደልቲ ሎሚ ዕሽር የለውን፡ ኩሎም ግቡኦም ፈጽሚሞም ሓሊፎም እዮም። ብዘይካ'ዚ ክፍሊ ፖለቲካዊ ምንቕቓሕ፡ ስነ-ጥበብ፡ ስእሊ፡ ሙዚቃን ደርፍታትን ከምኡውን ክልሰ ሓሳባዊ ጽሑፋትን፡ ኣብ ምድላው ዝበቕዑ ተጋደልቲ ኣብ ምፍራይ ኣበርክቶ ካብ ዝነበሮም ሓለፍቲ ኢዩ። ብዙሓት ካብተቅም ሎሚ ኣብ ኤርትራ ዘለዉ ዓበይቲ ደረስቲ፡ ጸሓፍቲ፡ ሙዚቀኛታትን ኪኢላታት ስነጥበባውያን፡ ንሃገር ዓቢ ኣበርክቶ ዝገብሩ ዘለውን፡ ኣብ ሂወቶም ዕውታት ዝኾኑ ኪኢላታት ሓርበኛታት፡ ብሃይለ ድሩዕ ዝምራሕ ዝነበረ ስልጠና ክፍሊ ፖለቲካዊ ምንቕቓሕን ዝሓለፉ እዮም። ሃይለ ድሩዕ ነቲ ኣባላት ህዝባዊ ግንባር ዝልለይሉ ስጡም ሃገራዊ ፍቕርን፡ ተወፋይነትን፡ ንጹር ፖለቲካዊ መስመርን ዝኾስኮሰ፤ ንቕሓት ተጋደልቲ ልዕሊ ሃይማኖትን፡ ወገንን ኣውራጃን ጸብለል ኢሉ፡ ብሃገር ጥራሕ ዘይሠላነስ ብኣህጉር ደረጃ ኸኺሓስቡ ዘብቅዐ፤ ምስ ምንዋሕ ገድሊ ዝማዕበለ ሓዲስ ሠላም ናይ ተጋደልቲ፡ ሓዲሽ ፖለቲካዊ ባህሊን፡ ምዕቡል ማሕበራዊ ዝምድናታትን ንምትእትታው ዝጸዓረ፤ ኣብነት ናይቲ ዝምህሮ ዝነበረ ትምህርቲ ኰይኑ ዝተጓዕዘ ፈላጥ ተጋዳላይ እዩ። ኣብ 1987 ዓ.ም ኣብ ዝተገበረ 2ይ ውድባዊ ጉባኤ ብደረጃ ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት እንደገና ተመሪጹ። ኣብ'ዚ ጉባኤ ክፍሊ ፖለቲካዊ ምንቕቓሕን ክፍሊ ዜናን ኣብ ሓደተጠሚሩ ክፍሊ ሃገራዊ መርሓ ተባህለ። ተጋዳላይ ሃይለ ድማ ሓላፊ ክፍሊ ሃገራዊ መርሓ ሠላይኑ ብተወፋይነትን መሪሕ ተራን ክሳብ ግዜ ነጻነት ተጋደለ። ድሕሪ ነጻነት ኣብ 1994 ዓ.ም ዝተገብረ 3ይ ውድባዊ ጉባኤ ኣባል ማእከላይ ሽማግለ ንኪኸውን ተምርጸ፡ ኣብ መንግስቲ ኤርትራ ከኣ ከም ኣባል ባይቶን፡ ከም ሚኒስተር ፋይናንስን ኰይነ ኣገልግሎቱ ቀጸለ። ብ1998 ዓ.ም ሚኒስተር ሃይለ ናብ ወጻኢ ጉዳያት ስለ ዝተቐየረ፡ ኣብቲ ዓምት'ቲ ብሰንኪ ናይ ዶብ ምስሕሓብ፡ ምስ ኢትዮጲያ ዝተባርዐ ኵናት ንኤርትራ ወኪሉ፡ ብመንጎኝነት ማሕበረሰብ ዓለም ኣብ ዝግበር ዝነበረ ዘተን ሽምግልናን፡ ካብ እቲ ውግእ ዝጀመረሉ ክሳብ እቲ ጉዳይ ኣብ ኣህጉራዊ ቤት ፍርዲ መዕለቢ ዝርከበሉ፡ ክሳብ ወርሒ 8/2001 ብልዑል ተራን ተወፋይነትን መሪሑ ኢዩ። ዝኽበርኩም ተከታተልቲ መደብና ሚኒስተር ሃይለ ወልደትንሳኤ ብ8/2000 ብኣጋጣሚ ፈስቲቫል ጀርመን/ፍራንክፈርት ኣብኡ ተረኪቡ ናይ ዝሃቦ መግለጺን ገምጋምን ኣብ ናይ ብሕቲ ጋዜጣ ዝገበሮ ቃለ-መሕትትን ጽማቕ እንሆ። ሚኒስተር ሃይለ ዝነበረ ኩነታት 3ይ ወራር ከምዚ ኪብል ይገልጾ፡- “3ይ ወራር ኣዝዩ ሓደገኛ ጸላእትናን ፈተውትናን ብመዓልታት ዘይኾነ ብሰዓታት መጨረሽታና ዝጽበይሉ ዝነበሩ ወራር ኢዩ ኔሩ። ኣዝዩ ድማ ናይ ፈተነ ፈትነ ወራር ኢዩ ኔሩ። ኣብ'ዛ ግዜ እዚኣ ኣጥላቅዮምና ኢዮም ኔሮም እንተበልኩ ምግናን ኣይኾነን ኣብ'ዚ ወራር እዚ ንህዝቢ ኤርትራ ኣንጸላልይዎ ዝነበረ ሓደገኛ ኩነታት ድማ ኣዝዩ ከቢድ ኢዩ ኔሩ። ጭፍራ ወያኔ ንህዝቢ ኤርትራን መንግስቲ ኤርትራን ከንበርክኽ ኣሚኑ እዩ ተበጊሱ እንተዘይክኣለ ከኣ ቕሳነት ንምኽላእ ኢዩ ኔሩ መደቡ። እንተኾነ ከምኡ ክይሠላነሉ ምስ ተረፈ፡ ህዝቢ ኤርትራ ስዒሩና እምበር መንግስቲ ኤርትራስ ስዒርናዮ ኢና ኢሎም ይበሃል፡ ወያኔ ከምኡ ኢሉ እንተ ኾይኑ ሓቐኹም ጽቡቕ እቲ ዝለዓለ ዝሕጉሰና ናይ ህዝብን ምኽልካል ኤርትራ ዓወት ኢዩ።” ሚኒስተር ሃይለ መስርሕ ሰላምን ሳዕቤኑን'ውን ብኸም'ዚ ኢዩ ዝገልጾ፡- “ናይ ዶብ ሕቶ ብሰላማዊ መንገዲ ኪፍታሕ ኔርዎ፡ ምኽንያቱ ወያኔ ነዚ ምኽንያት'ዚ ተጠቒሚዩ ኣብ ወራር ዝኣተወ። እቲ ኣብ ዕለት 27 ሚያዝያ ክሳብ ዕለት 5 ግንቦት ዝተኻየደ ርክብ መምስ መንግስትኩም ተራኺብኩም መኺርኩም ምጹ ደኣ ኢዩ ዝተባህለ እምበር፡ ሰላማዊ ፍታሕ ኣብ ዕጹው ማዕጾ በጺሑ ኣይተባህለን፡ ጠንቂ ኣብ'ዚ ዘይምፍርራም ድማ ኣብ ዘየድሊ ናይ ሰብን ንዋትን ኪሳራ ዝኣቶና። ስለ'ዚ ኣብ ኣተሓሕዛ ንጉዳይ ሰላም ጉድለት ክም ዝነበረ ይጠቅስ። ኣብ ጉዳይ መስርሕ ሰላማዊ ፍታሕ ተራ ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ፡ ብፍላይ ኣልጀርያ ዝተጻወተቶ ተራ፡ ኣብ ድሕነት ህዝቢ ኤርትራ ዘርኣይዎ ዘይተሓለለ ጻዕርን ተበግሶ፡ ህዝቢ ኤርትራ ክመጉሶን ከም ታሪኽ ኪፈልጦን ዘለዎ ኢዩ። ብዘይኻ'ዚ መንግስቲ ኣሜሪካ፡ ነቲ ወያኔ ምስምስ እናፈጠሩ ከናውሕዎን፡ ኣብ ባይታ ዝለዓለ ኢድ ሒተቅም ኣብ ስምምዕ ኪቀርቡን፡ ንጉዳይ ሰላም ኣብ ዕጽው ማዕጾ ከም ዝበጽሕ ንምግባር ዝገብርዎ ዝነበሩ ጻዕርታት፡ ብመንግስቲ ኣሜሪካ'ውን ንክልቲኡ ወገናት ውግእ ደው 3 ከብሉ ዝተገብረ ኣዋጅ ከምኡ'ውን ወያኔ ድሒሮም ኣብ ዘቅርብዎ ዝነበሩ ዘጎትት ርእይቶታት ዕድል ዝኸልእን መርገጺ ንመስርሕ ሰላም ዘቃላጥፍን ኢዩ ኔሩ።” ሚስተር ሃይለ ነዚ ዘይተደለየ ውግእን ጉዳይ ሰላማዊ ፍታሕ ኪግምግም ከሎ፡- “መንግስቲ ኣብ'ቲ ዘጋጠመ ወተሃደራዊ ክሳራ ዋላ እኳ

ገምጋም ክሳብ ዝገብር ብጭቡጥ እንተዘይተዛረብና፣ ኣብ ወተሃደራዊ ግጥም ማለት ኣብ ውግእ ኪትድፋእ ኪትደፍእ ባህሪያዊ እኧ እንተሠኣነ፣ ኣብ ግዜ 3ይ ወራር ዘጋጠመ ኪሳራ ግን ኣዝዩ ከቢድ ኢዩ። ሓደ ሚልዮን ህዝቢ ተመዛቢሉ፣ ጸላኢ ሰፊሕ መሬትና ተቆጻጺሩ፣ እዚ ቦታ'ዚ ኣብ ሂወት ቁጠባና'ውን ልዑል ተራ ዘለዎ ቦታ ኣብ ኢዱም ኣትዩን ንብረት ተዘሚቱ፣ ደቂ 80 ዓመት ኣዴታት ተጋሲሶም፣ ሠኣታ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ወሪዱ ዘሎ ክሳራን ማህሰይቲ ኣዝዩ ከቢድ ኢዩ። ስለ'ዚ እዚ ውግእ'ዚ ዘይተዳለናሉን ዘይተቐረብናሉን ምኧንና ብዝግባእ ኪግምገምን፣ ጉድለታትናን ድኻማትናን ኪንግምግምን፣ ኪንምሃረሉን ኣሎና። ስለ'ዚ መንግስቲ ኣተሓሕዙን ኣከያይድኡ ንውግእ ኣመሓዳድርኡ ንህዝቢ ጉድለት ኣሎ። ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ናይ ውግእ ኩነታት ኣብ ዓለምን ክባቢናን የዑናኽ ኣይነበሩናን ስለ'ዚ ምስ ጎረባብትናን ከባቢናን ጥዑይ ዝምድናታት ከነማዕብል ኣሎና።” ኣብ መጨረሻ ምኒስተር ሃይለ፡- “እዚ ወራር'ዚ ብተባዕ መኸተ ህዝብን ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራን ክምኡ'ውን ብዝተካየደ ጻዕሪ ማሕበረሰብ ዓለም ኣብ ወተሃደራዊ፣ ፖለቲካዊ፣ ዲፕሎማስያዊ ሜዳታት ብዓወት ተዛዚሙ ኣሎ፣ ንወያኔ ድማ ኣብ ኩናት እምበር ኣብ ሓደ ውግእ ኣይሾሮናን ንስዕሮም። መስርሕ ሰላም ኣብ ኢድ ማሕበረሰብ ዓለምን ማለት ኣብ ሕጋዊ ደረጃ በጺሑ ኣሎ። እዚ ድማ ግዜ ዝወስድ ኢዩ፣ ኣብ ምንጎ'ዚ ማለት ናይ ዓቃቤ ሰላም ሰርዊት ክሳብ ዝኣቱ ወያኔ ዝሠኣነ ተኽእሎታት ናይ ውግእ ኣብ ዝገብረሉ ከም ቀደምና ዕጥቅና ሸጥ ኣቢልና ቅሩባት ኰይና ኪንጽንሕ ንልኡላውነትን ክብርናን ኪንምክት ኣሎና። ብዝተረፈ ግን እንተድኣ እዚ ናይ ዓቃቤ ሰላም ሰራዊት ኣትዩ እቲ ንውግእ ዘሎ ተኽእሎ ኣዝዩ ጸቢብ ስለ ዝኾነ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይና ኣቲና ሕሳብና ኪንገብር ኣሎና። ኣብ ውግእ ኣሎና ኣናተባህለ ነቲ ኪግበር ዝግብኦ ኪንጎስዮ የብልናን ብምባል፡- ዐ ጉዳይ ቅዋምን ምትግብሩን፣ ዐ ምፍቃድ ፖለቲካዊ ብዙሕነትን ፖለቲካዊ ተጻዋርነት ዐ ስልጣን ንህዝቢ ምርካብን ዲሞክራሲያዊ መስርሕ ምጥጣሕ ወ.ዘ.ተ ዝብል ኢዩ ኔሩ።” ሚኒስተር ሃይለ ከም ዝተጠቀሰ ብልዑል ደረጃ ኣበርክቶን ብቅዓትን ኪጋደልን ሃገር ክገልግልን ዝጸንሐ ኾይኑ፣ ኣብ ውሽጢ መንግስቲ ብዝተፈጥረ ፍልልያት ርእይቶ ብቕሉዕ ኪነቅፍን ኪዛረብን ምስ ጀመረ፣ ኣብ ዝተገበረ ናይ ባይቶ ኣኼባ'ውንምስቶም 4 5 ንመንግስቲ ዝተቓወሙን፣ ኣኼባ ዝጠለቡን ኣባላት ባይቶ መርገጺ ወሲዱ። ከም ሳዕቤን ናይ'ዚ ድማ ብዕለት 18/09/2001 ምስ 10 ካልኦት ኣባላት ባይቶ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከም ዝኣቱ ተገሩ። ዝኽበርካ ህዝቢ ኤርትራ፣ በዘን ሓንቲ ቃል ዝዛረባ፣ ናይ ዜና ማዕከናት፣ ማለት ብድምጺ ሓፋሽን፣ ቲቪ ኤረን፣ ሓዳስ ኤርትራን፣ ምስ ውላድኩም ሃይለ ድሩዕ ንምጽላእ ዘይተኣደነ ናይ ጸለመ ዘመተ ተኻይዱ እዩ። እዚ ናይ ፈጠራ ፕሮፓግናዳ ንህዝቢ ስለ ዝዓጠኖ ከኣ፣ ነዚ ናይ ሓሶት ድነ ንምቕንጣጥ እነሆ ነዚ ሓተታ ኣቕሪብና ኣሎና። እምብኣር ሃይለ ድሩዕ፣ ካብ ሰዊት ዕድሚኡ ክሳብ ሎሚ፣ ንልዕሊ 40 ዓመታት፣ ንሃገሩን ንህዝቡን ዘገልገለ፣ ብልቦናን ትምህርትን ዝበሰለ፤ ከምኡ ስለ ዝሠኣነ ከኣ ኩለን ናይ ህዝባዊ ግንባር ውድባውን ሰልፋውን ጉባኤታት ዝመርሐን፣ ዝኣለየን፤ ኣብ መንጎ ኤርትራውያን ውድባት ዝካየድ ዝነበረ ዘተ ዘቃንዐ፣ ኪኢላ መጓቲ፤ መኣዝን መንግስቲ ኤርትራ ኪጒብጥ ምስ ጀመረ ከኣ መጀምርያ ብውልቂ ንኢሳያስ ዝሓበረ፤ ምኧን ምስ ኣበዮ ከኣ ኣብ ባይቶ ኣግሂዱ “ንጋገ ኣሎና፣ ካብ ጌጋና ንምሃር” እናበለ ኪእርም ዝሃቀነ፤ ስልጣን ንህዝቢ ከነረክብ ኣሎና ዝበለ፤ ኣብ መወዳእታ ከኣ ህዝቢ እቲ ሓቂ ክሕብኦ የብሉን ካብ ዝብል እምነት ተበጊሱ፣ ነቲ ሓቂ ዘግሃደ ተባዕ ውላድኩም እዩ። ነዚ ታሪኽ እዚ ንምድምሳስ እምበኣር፣ ሃይለ “ተጠላቒና” ኢሉ፣ ሃይለ ከምዚዶ ከምቲ እናተባህለ ነዚ ሰራሕ ቅያ ውላድኩም ንምንእኣስ ዘመተ ተኻይዱ እዩ። ስለዚ ክቡር ህዝብና፣ ልብኻ ካብ ናይ ኩላትና ልቢ ይዓቢ፤ ልቦናኻ ካብ ናይ ኩላትና ይዓሙቐ እዩ'ሞ፣ ነዚ ብዘይ ፍትሒ ኣብ ጸልማት ተዳጒኑ ዘሎ ውላድካ መንነቱ ፈሊጥካ፣ ነቲ ሓሶት ካብ ሓቂ ፈሊኻ፣ ንፍትሕን ሓቅን ብትብዓት ደው ክትብል ንጽውዕ።

**ተጋዳላይ ቢተወደድ ኣብርሃ መን'ዩ ?** ተጋዳላይ ቢተወደድ ኣብርሃ መን'ዩ ? ተጋዳላይ ቢተወደድ ኣብርሃ ዕድሚኡ ንደረጃ ትምህርቲ ምስ ኣኸለ ኣብ ኣስመራን መንደፈራን 1ይን 2ይን ደረጃታት ትምህርቱ ድሕሪ ምክትታል፣ ብ1973 ዓ/ም ኣብ ንኡስ ዕድሚኡ ናብ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ተሰለፈ። ተጋዳላይ ቢተወደድ ብ1977 ዓም ኣብ ዝተጋብአ ውድባዊ ጉባኤ ቅያር ኣባል ማእከላይ ሽማግለ ኰይኑ ኣብ ዝተመረጸሉ፣ እቲ ዝነኣሰ ኣባል መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር ነበረ። ኣብቲ እዋንቲ፣ ወተሃደራዊ ስርሒታት ህዝባዊ ግንባር ብፍሉይ ናህሪ ተነጣጢፉ ኣብ ዝዓበየሉ፣ ሓላፊ ናይቲ መትኒ ርክብ ኩሉ ዕማማት ሰውራ ኮይኑ እናሰፍሐ ዝኸይድ ዝነበረ ጨንፈር መጕዓዝያ ብምኧን ብቕዓቱ ኣመስኪሩ። ጸኒሑ ኸኣ፣ ብ1979 ዓም ምኽትል ሓላፊ ክፍሊ ትምህርቲ ኰይኑ ተመዲቡ። ኣብ ክፍሊ ትምህርቲ ተማሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ኣካላውን ስነኣእሙራኣውን ምዕባሊኦም ብዝግባእ ንምኹስኳስ ዘተኣታተዎ ኩሉ መዳያዊ መደባት ፍሉይ ነበረ። ነቲ መደባት ግብራዊ ንምግባር ከኣ፣ ኣብ መዓልታዊ ህይወት ብኣካል ተሳታፊይ ብምኧን ዕዉት ለውጢ ኣምጽአ። ኣብ 1983 ፊተውራሪ

ቤት ትምህርቲ ሰውራ መሪሑ ኣብ ድሕሪ መስመር ጸላኢ ዘመተ ምጥፋእ መሃይምነት ብምብጋስ፣ ነቲ ብሰንኪ ምዝላቕ ደሃይ ገድሊ ርሒቖም ዝነበረ ህዝብና ህላወን ቀጻልነትን ዘይተርፍ ዓወትን ሓርነታዊ ቃልስናን ኣበሲሩ። ቢተው ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊትውን ብኣወዳድባኡን ስትራተጂካዊ ክእለቱን ጅግንነቱን ጸብለል ዝበለ ሓርበኛ ተጋዳላይ ነበረ። ብ1984/85 ኣብ ክፍለ- ሰራዊት 52 ምስ ተጋዳላይ ሳልሕ ሕሩይ ኣዛዚ ክፍለሰራዊት 52 ኣብ ዝነበረሉ እዋን፣ ንከተማታት ተሰነይ-ባረንቱ ንምሕራር ኣብ ዝተኻየደ ወተሃደራዊ ስርሒታት ብጅግንነት ተዋጊኡን ኣዋጊኡን። ብፍላይ ድሕሪቲ ዓወት ሓርነት ባረንቱ ንምዕቃብ ን50 መዓልታት ዝተኻየደ መሪር ምርብራብ ምስ ክፍለ ሰራዊቱ ከበባ ጸላኢ ፈንጢሱ ብዘይ መግብን ማይን ክልተ ሰሙን ተጓዒዙ ሳሕል ብምምላስ ነቲ ናቕፋ ንምሓዝ ዝህንደድ ዝነበረ ወራር ባሕረ ነጋሽ ኣብ ምሕምሻሽ ብልዑል ሓቦን ጅግንነትን ተዋጊኡን ኣውጊኡን። ካብዚ ቀጺሉ፣ ኣዛዚ ክፍለሰራዊት 90 ኣብቲ ናይ መወዳእታ ግጥማት ናጽነት ከኣ ምስ ውጩ ኣዛዚ ኮማንዶ ብምኧን ወደብ ዓሰብ ሓራ ዘውጽአ ብልዑል ተወፋይነትን ናይ ቃልሲ መንፈስን ተልእኾ ናጽነት ብዓወት ዝዛዘመ ቆራጽ ታጋዳላይ እዩ። ተጋዳላይ ቢተወደድ ኣብ ኩሎምቶም ብመሪሕነት ዘገልገለሎም ክፍልታትን ኣሃዱታት ሰራዊትን፣ ብልዑል ናይ ምውዳብ ክእለቱ፣ ኣብ ትምህርትን ስልጠናን ተጋደልቲ ብዘለዎ እምነት፣ ብስልጡን ኣካይዳን ምሕደራን ብመሃዝነቱን ምስ ግዜ ናይ ምትዕጽጻፍ ክእለቱን ተፈላጥነትን ህቡብነትን ዘጥረየ ርእሰ ምትእምማን ዝነበሮ ተጋዳላይን መራሕን እዩ። ተጋዳላይ ቢተወደድ፣ ኣብርእሲ ብልሑንጅ ግንነቱን ኣብ ዝተፈላለዩ ጉዳያት ብዘለዎ ነቐፌታዊ ኣጠማምታን ነጻ መርገጽን ብድፍረቱን ትብዓቱንውን ፍሉጥ ነበረ። እዚ ካብ እዋን ቃልሲ ክሳብ ግዜ ነጻነት ዘጽንየ መርገጺ ኣብ ቅድሚቲ ተጸዋርነት ዘይብሉ፣ ብብዙሓት ኣባላት መሪሕነት ዝፍራሕ ኢሳያስ ውን ክምህ ዝብል ኣይነበረን። እዚ ምስ እትኣምነሉ ሓቂ ናይ ምማት መትከላዊ እምነትዚ ድማ እዩ፣ ኣብ ፈለማ ነጻነት ኣዛዚ ኮማንዶን ኣማሓዳሪ ወደብ ዓሰብን ኣብ ዝነበረሉ እዋን፣ ብወርሒ 10/1992 ግዳይ መሪር ማእሰርትን ምቑሕን ዝገበሮ። ተጋዳላይ ቢተወደድ፣ ነቲ ኣብ ወደብ ዓሰብ ዝተማረኸ ንብረት፣ ንኢትዮጵያን ንዓበይቲ ቀላያት አፍሪቃን አይሸየጥንዩ፣ ብዋጋ ደምን መስዋእትን ተጋዳላይ ዝተረኽበ ንብረት ኤርትራ ክዕቀብ አለዎ ኢሉ እዩ፣ ብትሪ ክከራኸር ከሎ፣ ኢሳያስ ግን፣ በቲ ሓደ ሽኻኽ ንሓድሽ ዓርኩ መለስ ዜናዊ ከሐጕስ በቲ ሓደ ድማ፣ ነጻ ውሳኔታትንን ትብዓትን ቢተው ንቐጻሊ ቀዳዊኡ ከምዘይከውን ብምስትውዓል ኣብ ጽኑዕ ማእሰርቲ ዳጒኑዎ። ንመለስውን“ ነቲ ገበነኛ ኣሲርናዮ ኣለና” ብምባል ናይ ብስራት ቴለፎን ገይሩሉ። እቲ ዝገርምን ዘሕፍርን፣ ምኽንያት ማእሰርቲ ናይዚ ኣብ ደረጃ መሪሕነት ዝነበረ ተጋዳላይ ቢተወደድ፣ ብዘይካ ንኢሳያስ ኾኻልኡት ሰበስልጣን ኤርትራ ከምዓለሞም ዘገርሞምን ብወግዒ ዘይፈልጥዎን ምስጢር ምኧኑ እዩ። ገበኑ ንህዝቢ ኣይተገልጸን፣ ኣብ ፍርዲ ኣይቀረበን። ከምቶም መንግስቲ ዝዓበየ ፖለቲካዊ ብልሽውና የካይድ እናሃለወ፣ ድምጾም ተዓቢሱ፣ ንመወራዘዪ ኣብ ጋዜጣታት ብብልሽውና ዝተሓመዩ ኣይተጠቕሰን፥ ከምቶም ብኽድዓትን ጥልመትን ብሓሶት ዝኽሰሱ ዘለዉ ውን ኣይተጎስጎሰሉን። ተጋዳላይ ቢተወደድ ልኡም ኣገልጋሊ ስለዘይኮነ ጥራይ እዩ ኣብ ማእሰርቲ ዝበሊ ዘሎ።፣ ተዋጊኡን ኣዋጊኡን ዘብረቓ ጸሓይ ናጽነት ከረኣየ፣ ንበይኑ መግዛእቲ ተኣዊጁሉ፣ ኣብ ኣስመራ፣ 6ይ መደበር ፖሊስ ካሜራ ቁጽሪ 6 ንልዕሊ 11 ዓመት ኣብ ጸልማትን ጽመዋን ሓንቲ ክፍሊ ተሓይሩ ይሓቅቕ ኣሎ። ተጋዳላይ ቢተው፣ ብ1997 ካብታ ከምቤቱ ተቐይራ ዘላ ጉድጓድ ንሰለስተ ወርሒ ተቐልቂሉኳ እንተነበረ፣ ስለምንታይ ከምዝተኣሰረ ወግዓዊ መልሲ ክወሃቦ ኣትሪሩ ስለዝጠለበን ብዛዕባቲ ክካየድ ዝግብኦ ለውጥታትን ኣብ ልዕሊ መሪሕነት ዘለዎ ቅሬታን ኣግሂዱን ብዓውታን ስለተቓወመን እንደገና ናብታ ማሕዩር ተመሊሱ። ተጋዳላይ ቢተወደድ ንእስነቱን መቐረት ስድራኡን ከይጸገበ ምእንቲ ሃገራዊ ናጽነት ከቢድ ግዜን ዋጋ ህይወትን ዝኸፈለ ሓርበኛኳ እንተኾነ፣ ሽልማትን መዓርግንሲ ይትረፎ፣ እታ ተረፍ ተወፋይነትን መሪር ቃልስን ዝኾነት ዝርካባ ህይወቱኳ ንጹህ ኣየር ከተስተንፍስ ኣይተፈቕደላን። እቶም ጽቡቕ ገይሩ ዘይሰዓሞም ኣቦኡ፣ ስሙ እናጸውዑ ብጓሂ ዓሪፎም። ዕሸል ጓሉ ኣይሓቖፋን። ንበዓልቲ ቤቱ ድማ ከተጸናናንየን ሞራል ክትህቦን ኣብ እትኽእለሉ ዝነበረት ግዜ ከይትረኽቦ ከልኪሎም፣ መዓልቲ ነዊሑ ፍትሕ ኣብ ዘንቀደትሉ እዋን ንፈለማ ክትርእዮ ኣፍቂዶምላ። እዚ ድማ፣ ነቲ ጸልማት ማእሰርትን ግፍዒ መቓልስቱን ዘይሓንኮኾ ሞራሉን ተስፋኡንን ፍጹም ንምጽንቃቑ ዝዓለመ ነበረ። ኣብ ቃልስን መስዋእትን ምሳኻ ንዝተቐዳደመ ገበን ዘይብሉ ብጻይካ፣ ኣብ ትሕቲ ዘምጽኦ ናጽነት ቀቢርካ ምብኻኑን ምቕቃቑን ግን፣ ኣሸንባይዶ ፈታዊ ጸላኢ ዘይውዕሎ ዶብ ዝሰገረ ግፍዒ እዩ። ተጋዳላይ ቢተወደድ፣ ንልዕሊ 11 ዓመት ብርሃን ጸሓይ ብዘይምርኣዩ፣ ዳርጋ ዓዊሩ ከምዘሎን፣ ብሰንኪቲ ነዊሕ ዓመታት ብሕታዊ ማእሰርቲ ስነኣእሙራኣዊ ኩነታቱ ዘተኣማምን ከምዘይኮነን ሓበሬታ ኣሎ። እወ፣ ዕላማ ኣሰርቱ ንሱ እዩ፣ ዑረት፣ ጽላለ፣ ሞት። ተጋዳላይ ቢተው ከኣ ግዳይ ናይዚ ሓጥያትዚ ኾይኑ ኣሎ። ሽሕ ግዜ ጅግናን ተባዕን እንተኾነ፣ ኣብ መወዳእታ ሰብ ስለዝኾነ ነዊሕ ማእሰርትን ስነኣእሙራዊ ግፍዕን ንኣካሉ ኣዳኺሙዎ። ንሕና ግን ብምሒር ስቕታን ልኡምነትን

ግዳይ ናይቲ እከይ ዕላማ ክንከውን የብልናን። ተጋዳላይ ቢተወደድ ምስተኣሰረ "ስለምንታይ ?" ዘይበሉ መራሕቲ ትማሊ ስዒቦሞ ኣለዉ። እቶም ኣብ ቅድሚዚ ርኡይ ግፍዕን ማእሰርትን፡ ስቕታ ንቕጽል ዘለና ድማ ሎሚ ወይ ጽባሕ ግዳይ ስቕታና ምኳና ኣይተርፍን እዩ። ቢተወደድ ጥራይ ኣይኮነን ተኣሲሩ ዘሎ፡ እታ ሓቂውን ምስኡ ተቐቢራ ኣላ። ዝኸበርካ ህዝቢ ኤርትራ እዚ ጅግና ተጋዳላይ ኣብ ቅድሚቲ ዝፈትዎን በጃ ዝሓለፈሉን ህዝቢ፡ ብህይወቱ ክቕበር ንዕኡን ንዓኻን ክልተ ሞት እዩሞ። "ስለምንታይ ?" በል። ዓው ኢልካ "ስለምንታይ ተኣሲሩ ? ስለምንታይ ምኽንያት ማእሰርቱ ብወግዒ ዘይተገልጸ ? ስለምንታይ ኣብ ፍርዲ ዘይቀረበ ? ስለምንታይ ይሓቅቕ ኣሎ ?" በል። ንሱ ድሮ ባኺኑን ተጎዲኡን እዩ፡ ደንጒኻዮ ኢኻ። ንሸኻ ግን ዕረፍቲ ሕልናን መንፈሳዊ ዕ ረፍትን እንተረኺብካ፡ "ስለምንታይ፡ ዓገብ" ኢልካ ኣስተንፍስ። ---/---

**ተጋዳላይ ጴጥሮስ ሰሎሙን መን'ዩ ?** ኣብ ናይ ሎሚ መደብና ሓጺር ታሪኽ ህይወትን ኣስተዋጽኦን ኣቶ ጴጥሮስ ሰለሙን ተኽለ ከነቕርበልኹም ኢና። ቅድሚ እዚ ሓተታ'ዚ ምቕራብና ግን እዚ ዚስዕብ ሓጺር መግለጺ ነቕርበልኩም። ዚዝከር'ዩ ቅድሚ ሕጂ ተመሳሰልቲ መደባት ኣብ ትሕቲ 'ኣስቴር ፍስሓጽዮን መን'ያ ?' ከምኡ'ውን 'ማሕሙድ ሸሪፎ መን'ዩ ?' ወዘተ ዚብል ኣርእስትታት ኣቕሪብናልኩም ነርና። እንሆ ኸኣ ሕጂ 'ጴጥሮስ ሰሎሞን መን'ዩ' ዚብል ታሪኽ-ህይወታዊ ሓተታ ነቕርበልኩም ኣሎና። ብመጀመርያ፡ ሓደ ንልዕሊ 30 ዓመታት ዝተጋደለ ሰብ፡ ታሪኹ ኣብዉሽጢ ዓ ሰርተ ደቒቕ ዘቲኻ ኪውዳእ ዘይከኣል ሓቂ ጥራይ ዘይኮነስ ዓገብ'ውን ኢዩ። እዞም ስሞም ረቕሒና ታሪኾምን ኣስተዋጽኦምን ነዘንትወሎም ዘሎና ብሉጻት ተጋደልቲ ታሪኾም ብግቡእ ንኪጽሓፍ ነዊሕ እዋንን ብዙሕ መጽናዕትን የድልዮ። እዚ ንወስዶ ዘሎና ተበግሶ ግን ንሓደ ዕሽሪት-ታሪኾም ስለዘይከይድን ንሰማዕትና ይቕሬታ ንሓትት። ኣስዒብና ኸኣ፡ እቲ ንኤርትራ ግንባሩ ዝሃበ ጅግና ተጋዳላይ ኣዝዩ ብዙሕ ኢዩ። ድሕሪ ናጽነት ኣብ ቀይዲ ኣትዩ ዘሎን መስጐጒቲ ዘርከቦን'ውን ከምኡ ብዙሕ እዩ። ብኻልእ ኣዘራርባ፡ ግዜ ፈሊና፡ ግቡእ መጽናዕቲ ገርና ክሳብ ንዳሎ፡ ዛንታኡን ፍረ-ዕዮኡን ኣብ ልብና ገርና በቲ ኣብ ኢድና ዘሎ ጽሑፋት ተጠቒምና ነዞም ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ኣትዮም ዘለዉ ዓሰርተ ሓደ ናይ ግንባርን መንግስትን ሓለፍትን ሰበ-ስልጣንን-ነበር ዛንትኦም በቲ ዓ ቕምና ነቕርበልኩም እንሆ። እምበኣር፡ ኣቶ ጴጥሮስ ሰሎሙን መን'ዩ ኣብ ዚብል ሓተታና ንስገር። ኣቶ ጴጥሮስ ሰሎሞን ብተጋደልቲ ይኾን ገባር ብ"ወዲ-ሰሎሞን" ዚፍለጥ፡ ካብ'ቶም ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዩኒቨርሲቲ ንጉዳይ ኤርትራ ምስ ናይ ካልኦት ናይ ሓርነት ምንቅስቓሳት ኣዛሚዶም፡ "እንተደኣ ኣበርቲዕና ተቓሊስናን ተወፊናን፡ ኤርትራ ናጻ ሃገር ክትከውን ዘይትኽእለሉ ምኽንያት የለን" ኢሎም ዝኣመኑን ነቲ ኣብ ሜዳ ኤርትራ ዝምዕብል ዝነበረ ፖለቲካዊ ሃዋህዉ ናህሪ ኪውሰኽ ካብ ዝገበሩ ተመሃሮ ዩኒቨርቲ ሓደ ኾይኑ፡ ከም ዝበሎኸኣ ብጻዕሩን ብጻዕሪ-ብጾቱን ኤርትራ ልኡላዊነታ ንኽትለብስ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ፍቕዲ ናጻ ሃገራት ዓለም ዘእተወ ተጋዳልይ እዩ። ብ1971 ዓ/ም ንኽጋደል ኢሉ ንሜዳ-ኤርትራ'ኳ እንተ ተበገሰ፡ ኣብ ሶማልያ ንሓደ ዓመት ስለ ዝተኣሰረ፡ ብ1972 ዓ /ም መጀመርያ ኢዩ ተሰሊፉ። ክሳብ 1ይ ውድባዊ ጉባኤ ህ.ግ.ሓ.ኤ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ሓላፍነታዊ ጽፍሒታት፡ ማለት ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊትን ክፍልታትን፡ ካብ ተራ ተጋዳላይ ክሳብ ኮሚሽነር ፖለቲካ ቦጠሎኒ ኰይኑ ዘገልገለ ገዲም ተጋዳልይ ኢዩ። ኣቶ ጴጥሮስ፡ ብዝነበሮ ምቕሉል ኣቀራርባን ልዙብ ምትሕውዋስን ከምኡ'ውን ብብጻይነቱን ተወፋይነቱን ብቕዓቱን ዘመስከረ ተጋዳይ ኢዩ ነይሩ። ውድብ ህዝባዊ ሓይሊታት ኣብ'ቲ ግዜ'ቲ ንዝነበሮ ፖለቲካዊ ኣረኣእያን መርገጺታትን ፊትፊቱ ኣብ ኣሃድኡ ንዝነበሩ ብጾቱ ብምቕባልን፡ ኣገባብ ቃልሲ ብምሕባርን ዓቢ ተራ ተጻዋቱ ኢዩ። ብተወሳኺ፡ ወተሃደራዊ ብቕዓቱ ብምምዕባልን ንካልኦት ኸኣ ኣብነት ብምኳንን፡ ዓብን ታሪኻውን ኣበርክቶ ገይሩ ኢዩ። ብ1977 ዓ/ም ኣብ ዝተገበረ 1ይ ውድባዊ ጉባኤ፡ ኣባል ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ኰይኑ ድሕሪ ምምራጹ፡ ሓላፊ መትንታት ክፍሊ ስለያን ምልክትን ኰይኑ'ውን ተመዚዙ። ክፍሊ ስለያን ምልክትን፡ ሓደ ካብቶም ኣብ 1977 ዝቈሙ ናይቲ እዋንቲ ሓደሽቲ ክፍሊታት'ኳ እንተ ነበረ፡ ሓደ ካብቶም ቅልጡፍ ምዕባለ ጌሮም ኣብ ዕጥቃዊ ቃልሲ ልዑል ተራ ዝተጻወቱን ልዑል ኣበርክቶ ዝገበሩን ንምኳን ዝበቕዐ ኣብ ትሕቲ መሪሕነት ኣቶ ጴጥሮስ ሰለሙን ኢዩ። ኣቶ ጴጥሮስ ሰለሙን፡ ተርኡን ኣበርክቶኡን ኣብኡ ጥራይ ከይተወሰነ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ወተሃደራዊ ግንባራት ተዋፊሩ ኣብቲ ጽንኩር ናይ ወራርን ምዝላቕን ህሞት ወተሃደራዊ ኣዛዚ ኰይኑ ዘገልገለ፡ ሓደ ካብ ተመክሮ ብረታዊ ተጋድሎ ህዝቢ ኤርትራ ዘፍረዮም ወተሃደራዊ ኣዘዝቲ ኢዩ። ክፍሊ ስለያን ምልክትን፡ ከም ኣገዳሲ ትካል ኣብቲ ወተሃደራዊ ጉዕዞ፡ መምስ መድርኹ ዝሰማማዕ ቀጻሊ ምምሕያሽ ኪገብርን ንናይቲ እዋን ብድሆታቱ ኪገጥም ዘኽእሎን ኣገባባት ብምትእትታው፡ ብቕዓት ዓቕሚ-ሰቡ ብቀጻሊ ስልጠናን ትምህርትን ብምምዕባል፡ ህዝባዊ ግንባር፡ ቅድም ኣብ ምክልኻል ድሓር ድማ ኣብ ወተሃደራዊ ተበግሶ ምውሳድ፡ ዝተጻረየን ዘተኣማምንን ሓበሬታት ብምቕራብ ናይ ሓበሬታን ሓድሽ ሓሳባትን ማዕከን ኰይኑ ኣገልጊሉ። ድሕሪ ናጽነት፡ ከም ኩሎም ሲቪላዊን ወተሃደራውን ትካላት ናይ ሃገርና፡ ንናይ

ሓደ ሰብ መደብን ዊንታን ከምዘገልግሉ ኲይኖም ዝተቐርጹ፡ ክፍሊ ወተሃደራዊ ስለያ'ውን ካብዚ መጻወድያ ክወጽእ ኣይኽኣል'ምበር፡ ናይ ግዜ ዕጥቃዊ ቃልሲ ኣበርክቶኡን፡ ኣብቲ ደረጃ ብቑዕነት ዘብጽሑዎ ሓለፍቱን ኣባላቱን፡ ተጋዳልይ ጴጥሮስ ሰለሙን ዝርከቦምን ንሱ ዝመርሖምን፡ ታሪኾም ምስ ታሪኽ ምክልኻልን ምጥቃዕን፡ ምስ ዓወትን ናጽነትን ተኣሳሲሩ ክዝከር ዝነብር'ዩ። ኣቶ ጴጥሮስ ሰለሙን፡ ኣብ ናይ 1978 ብሕብረት ሶቭየትን ካልኦት ሃገራትን ዝተደገፈን ናይ ደርግ ወራር ንምክልኻል ኣብ መንጎ ከረንን ኣቑርደትን ተመስሪቱ ናይ ዝነበረ፡ ቀጺሉ'ውን ኣብ መንጎ ከረንን ኣፍዓበትን፡ ኣብ መወዳእታ ድማ ኣብ ናቕፋ ናይ ዝተመስረተ፡ ወተሃደራዊ ግንባራት ኣዛዚ ብምዃን ብቐጻሊ ኣብ ዓውደ ኲናትን ኣብ መንጎ ሰራዊቱን ኲይኑ ሰሪሑ። ካብ መጀመርታ 1979 ክሳብ ኣጋ መወዳእታ 1983፡ ካብ ሳልሳይ ክሳብ ሻዱሻይ ወራራት ደርግ፡ ከምኡ'ውን ሰላሕታ ወራር፡ ኣብ ምፍሻል፡ ዋና መአዘዚ ማእከል ኣብ ናቕፋ ኲይኑ ካብ ግንባር ናብ ግንባር እንዳተንቀሳቐሰ ብውሕልነትን ብቕዓትን ብሉጽ ኣመራርሓ ኣርእዩ። ብፍላይ ግንባር ናቕፋ፡ ምልክት ጽንዓትን ተወፋይነትን ህዝቢ ኤርትራን ኤርትራዊ ተጋዳላይን ኾይኑ ንኽትከውን ካብ ዘብቅዓ ረቛሒታት ብሱልን ውሕሉልን ኣመራርሓ ከም ምዃኑ መጠን፡ ኣቶ ጴጥሮስ ሰለሙን፡ ሓደን ቀንድን ካብቶም ግንባር ናቕፋ ክዝከር ከሎ ኣብ ቅድሚ ዓይኒ ነፍሲ ወከፍ ኣባል ህዝባዊ ግንባር ዝመጽእ'ዩ። ብድሕሪኡ ካብ ወተሃደራዊ ግንባር ተሳሒቡ ብቀዋሚ ኣብ ክፍሊ ስለያ ኲይኑ ክነጥፍ ዝተገብረሉ ግዜ'ውን ንወተሃደራዊ ክእለቱን ተመክሮኡን ብቐሊሉ ክትካእ ከም ዘይክእል ብምርዳእ ኣብ መጀመርታ 1984 ኣብ ተሰነይ ንዝነበረ ጸላኢ ንምድምሳስን ተሰነይ ሓራ ንምውጻእን ኣብ 1985'ውን ኣብ ባረንቱ ንዝነበረ ጸላኢ ንምድምሳስን ባረንቱ ሓራ ንምውጻእን ብኣዛዝነት ናይቲ ውግኣት ሰሪሑ'ዩ። ኣቶ ጴጥሮስ ሰሎሙን፡ ብ1987 ዓ/ም ዝተገበረ 2ይ ውድባዊ ጉባኤ'ውን እንደገና ኣባል ፖሊቲካዊ ቤት ጽሕፈት ኾይኑ ተመሪጹ። ናይ ውሽጥን ወጻእን ክፍሊ ስለያን ጸጥታን ሓላፊ ብምዃን ከኣ ነቲ ኣብቲ እዋን ስርዓት ደርግ ብሶቭዬት ሕብረት እናተሓገዘ ዘተኣታተዎ ረቂቕ ስለያውን ናይ ጸጥታን ኣሰራርሓ ንምምካት ዓቕሚ ክፍሊ ስለያ ክብ ንምባል ናይ ትምህርትን ስልጠናን መደባት ብምትእትታውን፡ ህዝባዊ ግንባር ካብናይ ምክልኻል ናብናይ ስትራተጂያዊ ምጥቃዕ ተሰጋጊሩን መስርሕ ስትራተጂያዊ መጥቃዕቲ ሽቶኡ ንክወቅዕ ግዙፍ ኣበርክቶ ኣወፍዩ። ኣብ ኩሉ ዓበይቲ ወተሃደራዊ ስርሒታት ብኣካል ኣብ ዓውደ ኲናት ተረኺቡ ስትራተጂያዊ ኣገዳስነት ዝነበሮ ሓበሬታታት ብቐረባን ብቐጥታን፡ ንዝምልከቶም ኣዘዝቲ ብምሃብን ንተመኩሮኡን እዋናዊ ሓበሬታታትን ብምውህሃድ ክሳብ መወዳእታ ናይ ናጽነት ኲናት ንኣገልግሎት ህዝብን ሃገርን ዘውዓለ ውፉይ መራሒ ኢዩ። ኣብ እዋን ነጻነት፡ ክሳብ ምግባእ 3ይ ጉባኤ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ ተጋዳላይ ጴጥሮስ ሰለሙን፡ መጀመርታ ጸሓፊ ክፍሊ-ም ክልኻል ቀጺሉ ድማ ሚኒስተር ምክልኻል ኲይኑ ክሳብ መጀመርያ በ1994 ዓ/ም ኣገልጊሉ። ኣብ ናጻ ኤርትራ ኵነታት እንዳተለወጠ መጺኡ፣ ክፍሊ ስለያን ምልክትን ድማ ምስ ጊዜ ተቋሪኑ ኪምዕብል'ኳ ይድለ እንተ ነበረ፡ ዋና ጸሓፊ መንግስቲ ኤርትራ ምስ ኣቶ ጴጥሮስ ሰሎሙን ስነ-ሓሳባዊ ፍልልያት ኣስተብሂሉ፡ ነቲ ኣብ ግዜ ብረታዊ ቃልስን ከምኡ'ውን ኣብ ምዕዋትን ምዕቃብን ናጽነት፡ ሓደ ካብ ቀንዲ መሓውራት ሰውራን መንግስትን ዝነበረ ክፍሊ ስለያ፡ ንተጋዳላይ ጴጥሮስ ዘሕሰመ መሲሉዎ፡ ቆራሚሙ ከም ዝለምስ ጌሩዎ። ዝተጎድአ ሃገርን ህዝብን ድኣ'ምበር ኣቶ ጴጥሮስ ሰለሙንሲ ንሃገሩን ህዝቡን ዝከኣሎ ኣበርክቶ ካብ ምግባር ኣይተቖጠበን፡ ንዕኡ ዚምልከት ፍሉይ ፖለቲካዊ ደኹን ካልእ ክሳራ'ውን ኣይነበሮን። ኣቶ ጴጥሮስ ሰለሙን፡ ድሕሪ'ቲ ኣብ መጀመርታ 1994 ዝተጋብአ 3ይ ጉባኤ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ ካብ ሚኒስትሪ ምክልኻል ናብ ሚኒስትሪ ጉዳያት-ወጻኢ ተቐይሩ። ንሰለስተ ዓመታት ከኣ ሚኒስተር ጉዳያት ኲይኑ ሰሪሑ። ቀጺሉ'ውን ካብ ሚኒስትሪ ጉዳያት-ወጻኢ ናብ ሚኒስትሪ ሃብቲ-ዓሳ ስለ ዝተቐየረ፡ ክሳብ ኣብ ወርሒ ግንቦት 2001፡ ማለት ካብ ስርሑ ክሳብ ዝድስክል፡ ንሃገሩ ብትግሃት ኣገልጊሉ ኢዩ። ኣብናይ 1998 ኲናት ኤርትራ-ኢትዮጵያ ንውሱን ግዜ ከም ኣማኻርን ተሓጋጋዚን ሚኒስተር ምክልኻል ኲይኑ ክሰርሕ ተመዚዙ'ኳ እንተ ነበረ፡ ብሰንኪ ፕረዚደንት ዝተኸተሎ ግጉይ ናይ ኣመራርሓ ኣገባብ ዕጉብ ዘይምንባሩ ገሊጹ፡ ኣብ ወተሃደራዊ ስርሓት ተዋሂቡዎ ዝነበረ ናይ ምኽሪ ምሃብን ምትሕግጋዝን ስራሕ ተሓዲጉ። ሚኒስተር ሃብቲ ዓሳ ከሎ ነቲ ሃገር ዝምርሓሉ ዝነበረ ብፕረዚደንት ዝተኣታተወ ኣገባብ ገደብ ንምግባር፡ ኣባላት መሪሕነታት መንግስትን ግንባርን፡ ቅድም ኣብ ኣኼባታት ባይቶታት ግንባርን መንግስትን፡ ንሱ ምዃን ምስ ኣበየ ድማ ወጻኢ ካብዚ ኣካላት'ዚ፡ ኣቤቱታኦም ከስምዑ ካብ ዝጀመሩ ሓደ ነይሩ። ነዚ ካብ ናይ ፕረዚደንት ዝተፈልየ ርእይቶ ምህላዉን ተቓውሞኡ ዓው ኢሉ ምግላጹን ምኽንያት ብምግባር፡ ፕረዚደንት ኢሳያስ ካብ ወርሒ ግንቦት 2001 ክሳብ ዕለተ-ማእሰርቱ፡ ካብ ኩሉ መንግስታዊ ሓላፍነቱ ኣደስኪሉዎ። ከም'ቶም ካልኦት ኣብ ማእሰርቲ ዝርከቡ ብጾቱ፡ ኣቶ ጴጥሮስ ሰለሙን ምእሳሩ እንተ ዘይኲይኑ ተኣሲሩሉ ዘሎ ቦታ፡ ኩነታት ጥዕንኡን ኣይፍለጥን ጥራይ ዘይኮነ ብሂወት ምህላዉ

ዘረጋግጽ ምልክታት'ውን የለን። ድሕሪ ማእሰርቲ ናይ'ቶም 11 ላዕለዎት ሓለፍቲ መንግስትን ግንባርን፡ ብመንግስቲ ንሰለስተ ወይ ኣርባዕተ ካብቶም እሱራት ፈሊኻ ናይ ምጽላም ዘመተ ተኻይዱ ኢዩ። ብውሽጢ-ውሽጢ ሓደ ካብ'ዞም እቲ ጸለመ ናብ ኣቶ ጴጥሮስ ሰሎሙን ከም ዘቕንዐ ናይ ኣደባባይ ምስጢር ኢዩ። ንሓደ ተጋዳላይ እሞ ኸኣ ከምዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ዘሕብን ስሉም ታሪኽ ዘሎዎ፡ ኣብ ታሪኽ ኤርትራ ዝገበሮ ኣስተዋጽኦ ኪከሓድ ዘይከኣል ኣሰር ዝገደፈ ሰብ፡ ስሙ ንምጽላምን ፍረ-ዕዮኡ ምቕንጻብን ንሕልና ደቂ-ኤርትራ ከም ዝበሳስዮ ምግማቱ ኣየሸግርን። ህዝቢ መን ዘምጽኣሉ ናጽነት ዲዩ ዘስተማቕሮ ዘሎ ? ዋላ'ኳ ህዝቢ እታ ናይ ልቡ ኻኽይዛረብ ኣፉ ይለጉም፡ ሕልናኡ ከም ዘየቕስኖ ርዱእ ኢዩ። እዚ ከዓዕ መሳርሕቱ ፕረሲደንት ኢሳያስ ኣብ ልዕሊ ብጾቱ፡ ኣብ በረኻታት ኤርትራ መጓዩይቱ፡ ኣብ ዕርድታት ናቕፋ መዳቕስቱ፡ ቅያ መሳርሕቱ፡ ዝወሰዶን ገና ዝወስዶ ዘሎን ናይ ማእሰርቲ ስጉምቲ ሕልና ዘይጸዋሮ ዓቢ ገበን'ዩ። ለውጢ ምሕታት፡ ጻኼባ ምጥላብ፡ ጌጋና ንእርም ምባል፡ ብመብጽዓ ስዉእ መሰረት ስልጣን ንህዝቢ ነረክብ ምባል ያኢ ከም ዓቢ ገበን ተቖጺሩ፡ ብዘስደምም ኣገባብ ተምበርካኽነት ኰነ ጥልመት ዚብል እከይ ስም ተዋሂቡዎ ክንሰምዕ፡ ዝስምዓና ጓሂ መዐቀኒ የብሉን። ኣቶ ጽጥሮስ ሰሎሙን እቲ ዝወረዶ ግፍዒ ኣብኡ ጥራይ ኣይተወሰነን፡ ኣብ በዓልቲ ቤቱ፡ ወይዘሮ ኣስቴር ዮውሃንስ'ውን ተሰጋጊሩ ኢዩ። ው/ሮ ኣስቴር፡ ኣብ ሃገር ኣሜሪካ ትምህርታ ድሕሪ ምጥንቓቕ፡ እቶም ብዘይ ኣቦ ዘሎዉ ደቃ ኻኽትናቢ ንሃገራ ምስ ተመልሰት ካብ መዕርፎ ነፈርቲ ኣስመራ ብዕለት 17/12/03 ተወሲዳ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ መንግስቲ ከም እትኣቱ ተገይሩ፣ ሃለዋታ ዚፈልጥ ሰብ'ውን የለን። ስለምንታይ ክሳብ ክንድዚ ጭካኔ የድሊ ? ኣብዚ ግዜ'ዚ እቶም ኣርባዕቲኦም ደቆም፡ ስድርኦም ካብቶም ናጽነት ዘምጽኡ ጀጋኑ ክነሶም፡ ብዘይ ኣቦን ኣደን ክነብሩ ክቕጽዑ ምተገብአምዶ ? ዓገብ እናበልካ ናብ ነብስካ ከይመጽእ ምክልካል ጥራሕ እዩ። ኣብ ሰብ ዘይፈልጠ እስርቤት ብዘይ ሕጋዊ ፍርዲ ዝበልዩ ዘለዉ ኤርትራውያን ቁጽሪ ካብ ማዓልቲ ናብ መዓልቲ እናዛየደ ሃገር ብምልእታ እስርቲ ትከውን ምህላዋ ንተዓዘብ። ዝኸበርካ ህዝቢ ኤርትራ፡ ዝከበርካ ብዛዕባ ነጻነት እትዛረብን እተስተማቅርን ኤርትርዊ/ት፡ እዚ ጕዳይ'ዚ ጕዳይካ ስለዝኾነ ኣቕልበሉ፡ ድምጽኻ'ውን ሃበሉ፡ ሕልናካ ኣይትዕርብ፡ ዝሐለፈ ዘክር። ክንዕወት ብጽንዓት ክንቃለስ ኢና !!

**ተጋዳላይ ዑቕበ ኣብርሃ መን'ዩ ?** ጀነራል ዑቕበ ኣብርሃ መን'ዩ ? ብ1969 ዓ.ም ጀነራል ዑቕበ ኣብርሃ ቅድሚ ኣብ ሜዳ ኤርትራ ምስላፉ ኣብ ከባቢ ዓዱ ናይ ገድሊ ምንቅስቓስ ይዕዘብ ስለዝነበረን፡ ኣቦኡ ኣቶ ኣብርሃ'ውን ኣብ ስራሓት "ማሕበር ኤርትራ ንኤርትራውያን" ይዋስኡ ብምንባሮምን፡ ከምኡ'ውን ምስ'ቶም ኣብ ከባቢኡ ምስ ገድሊ ዝተሓባበሩ ዝነበሩ ሃገራውያን ይተሓባበር ብምንባሩን ኣብ ንኡስ ዕድሜኡ ሃገራዊ ስምዒት ዘሕደረ መንእሰይ ነበረ። ይኹን'ምበር፡ እቲ ዝነበረ ውሽጣዊ ኩነታት ገድሊ ይኹን ብመንግስቲ ኢትዮጵያ ዚካየድ ዝነበረ ማህደንትን ማእሰርትን ንናይ ምግዳል ሃዋሁ ስለ ዝበከሎ መንእሰይ ዑቕበ ናብ ኣዲስ ኣበባ ብምኻድ ትምህርቱ ንምቕጻል መረጸ። ኣቶ ዑቕበ ኣብርሃ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዩኒቨርሲቲ ይመሃር ኣብ ዝነበረሉ እዋን ምስ ህ.ሓ.ሓ.ኤ ዝተሓባበሩ ዝነበሩ ሰውራውያን ባእታት ኾይኑ ክሰርሕ ጀመረ፣ እቲ ርክባት ከኣ ቀልጢፉ ስለ ዝደንፍዐ ኣዛዪዱ ንኩነታት ኤርትራ ከቕልበሉ ኸኣለ። ኣይጸንሐን ኸኣ፡ በቲ ኣብኡ ዘጥረዮ ፍልጠትን ሓያል ሃገራዊ ስምዒትን ተደሪኹ ናብ ህ.ግ.ሓ.ኤ ብ1972 ዓ.ም. ተሰለፈ። ካብ ዝተሰለፈሉ ዕለት ክሳብ 1974 ዓ.ም ድማ ብደረጃ ተራ-ተጋዳላይ ኣብ ሓይልታትን ኣብ ናይ ፈዳይን ጉጅለን ኮይኑ፡ ነቲ ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ዝነበረ ናይ ውግእ ሓድሕድ ኩነታትን ጽንኩር ባህሪያዊ ጸገማትን ገጢሙ ዝሓለፈ ተጋዳላይ ኢዩ። ካብ 1974 ዓ.ም ካብ ዝነበሮ ናይ ተዋጋኢ ሰራዊት ኣሃዱ ተመዚዙ ናብ ክፍሊ ዕቃቤብረት (ኤምዳድ) ተመዲቡ። ኣብ'ዚ ክፍሊ ድማ ብደረጃ ኮሚሽነር ኮይኑ ክሳብ 1ይ ውድባዊ ጉባኤ ብልዑል ተወፋይነት ሰሪሑ። ተጋዳላይ ዑቕበ ኣብ ክፍሊ ዕቃቤ-ብረት ኣብ ዝነበረሉ እዋን እቲ ክፍሊ ተኣፋፍን ሚስጢራውን፡ ከምኡ'ውን ብርቱዕ ጻዕርን ጉልበትን ዝሓትት ብምንባሩ ብለይትን መዓ ልትን ብዘይዕረፍቲ ነዚ ዕማም ንምስልሳል ዝበቕዑ ካድራት ዝመልመለን ኣብነት ብምኳን ዝመርሐን ተጋዳልይ ኢዩ። ኣብ 1ይ ውድባዊ ጉባኤ፡ ኣባል ፓለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ኮይኑ ድሕሪ ምምራጹ፡ ብደረጃ ፓለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ከም ሓላፊ ክፍሊ ዓቃቢ-ብረት ኮይኑ ስርሑ ጀመረ። ብዘይካ'ዚ ድማ ድሕሪ 1ይ ውድባዊ ጉባኤ ዝቆመ ወተሃደራዊ ሽማግለ ስለ ዝነበረ፡ ማለት ክፍሊ ታዕሊም፡ ክፍሊ ስለያን፡ ክፍሊ ዓቃቤ-ብረት፡ ተጋዳላይ ዑቕበ'ውን ንክፍሉ ወኪሉ ኣባል ናይ'ዚ ወተሃደራዊ ሽማግለ'ዚ ነይሩ'ዩ። ኰይኑ ድማ ኣብ ናይ 1977 ዓ.ም ከተማታት ሓራ ናይ ምውጽእ ዝካየዱ ዝነበሩ ወተሃደራዊ ስርሒታት ብምምራሕ ልዑል ተራ ካብ ዝነበሮም ወተሃደራዊ ሓለፍቲ ኢዩ። ድሕሪ እስትራተጂካዊ ምዝላቕ'ውን ከም ኣወሃሃዲ ኣዛዚ ግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ኾይኑ ኪሰርሕ ከሎ ምስ መሳርሕቱ ኣዘዝቲ ብርጌዳትን ካልኦት ሓልፍትን ተራ ተጋደልትን ብፍቕርን ብብጻያዊ ሓልዮትን ኢዩ ኣሕሊፍዎ። ግንባር ሰሜናዊ ምብራቅ ሳሕል ሰፊሕን

ጽንኩር ኪሊማ ዘለዎ ግንባር ኾይነ፥ ካብ 1978 ዓ.ም ክሳብ 1984 ዓ.ም ከም ቀዋሚ ግንባር ኰይኑ'ዩ ጸኒሑ። ኣብ'ዚ ግንባር ሓያል ናይ ምርብራብ ውግኣት፥ ማለት 3ይ፥ 4ይ፥ 5ይ፥ 6ይ ወራር ዝተኻየደሉ ከምኡ'ውን ንህላዌን ቀጻልንትን ቃልሲ ወሳኒ ዝኾነ ግንባር ኢዩ ነይሩ። እቲ ብውቃው-እዝ ዝፍለጥ ዓቢ ግንባር ክሳብ ተበግሶ ተወሲዱ ዝድምሰስ ድማ ከም ኣዛዚ ናይ'ዚ ግንባር ኰይኑ ብልዑል ተወፋይንትን ወተሃደራዊ ብቕዓትን መሪሕ ተራን ኣገልጊሉ ኢዩ። ተጋዳላይ ዑቕበ ኣብረሃ፥ ኣብ 1987 ዓ.ም ዝተገበረ ካልኣይ ውድባዊ ጉባኤ ኣባል ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ኮይኑ ተመሪጹ። ብደረጃ ሓላፊ ኮሚሽን-ቁጠባ ብምዃን ድማ ክሳብ ግዜ ናጽነት ብልዑል ሓላፍነትን ብመሪሕ ተራን ተጋዲሉ። ከም ወተሃደራዊ ኪኢላ መጠን ኣብ ልዕሊ'ቲ ተዋሂብዎ ዝነበረ ስራሕን ሓላፍነትን ከም ወተሃደራዊ ኪኢላ ንመግዛእቲ ኢትዮጵያ ካብ ስሩ ንምምሐው ኣብ ዝተኻየደ ደምዳሚ ውግእ'ውን ብሸነኽ ግንባር ደቀምሓረ ምስ'ቶም ነቲ ኩናት ዝመርሑን ዘወሃህዱን ዝነበሩ ኾይኑ መሪሕ ተራን ኣበርክቶን ካብ ዝነበሮም ወተሃደራዊ ሓለፍቲ ሓደ ኢዩ። ድሕሪ ናጻነት ምስቲ ኣብ ሜዳ ኤርትራ ዝሰርሖ ዝነበረ ስርሓት ዝመሳሰል ሓላፍነት ሒዙ ስርሑ ቀጸለ። ኣብ ሜዳ ዝነበራ ቁጠባዊ ትካላትን ኰነ ኣብ ኣስመራ ዝጸንሓ ትካላት ጠርኒፉ ኸኣ ከም ሓላፊ ንግዲ ኰይኑ ሃገራዊ ኣገልግሎቱ ቀጸለ። ብ1994 ዓ.ም ዝተኻየደ 3ይ ውድባዊ ጉባኤ ድማ ብናይ ሚኒስተርነት ደረጃ፥ ማለት ብደረጃ ሚኒስተር ንግድን ኢንዱስትርን ኰይኑ፥ ንሃገሩ ዕዙዝ ኣበርክቶኡ ወፈየ፡፡ ሚስትሪ ንግድን ኢንዱስትርን ዳርጋ ብሓድሽ ዝቖውም ዝነበረ ሚኒስትሪ ኢዩ ኔሩ፥ ምኽንያቱ ኸኣ ድሕሪ 3ይ ውድባዊ ጉባኤ ንግዳዊ ትካላት ህ.ግ.ሓ.ኤ ካብ መንግስቲ ወጺኦን ኣብ ትሕቲ ህ.ግደ.ፍ ከምዝኣትዎን ንግዳዊ ትካል ቀይሕ ባሕሪ ክም ዝጥርንፈን ኢዩ ተጌሩ። ስለ'ዚ ኣብ'ዚ ትካል ንሓጺር ግዜ ጸኒሑ ናብ ሚኒስትሪ ዕዮን ሰብኣዊ ድሕነትን እንደገና ብደረጃ ሚኒስተር ተመዲቡ። ኣብ ሚኒስትሪ ዕዮን ሰብኣዊ ድሕነትን ኣብ ዝነበረሉ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ናይ ዶብ ግጭት ስለዝተላዕለ ፕተዚደንት ድማ ንሚንስትር ዑቅበ ይኣምኖን ምቅርራቡን ዝምድንኡን'ውን ጽቡቕ ስለዝነበረ ነቲ ዝነበረ ወተሃደራዊ ኩነታት ኪቆጻጸር ናይ (ኢንስፐክሽን) ጉጅለ መሪሑ ናብ ግንባራት ኪዘውር ሓቢርዎ ንዝተዋህቦ መምርሕን መደብ ስራሕን ተግቢሩ ድማ ጽብጻቡ ኣቕሪቡ።ብድሕሪ'ዚ ድማ ናብ ሚኒስትሪ ምክልኻል ክምዝቅየር ተገይሩ። ኣብ ሚኒስትሪ ምክልካል ንሎጂስቲክስን፥ ምምሕዳራዊ ስርሓትን፥ ሕክምናዊ ኣገልግሎትን፥ ዝምልከት ዕማማትን ክምኡ ውን ምስ ሚኒስተር ምኽልኻል እናተሓጋገዘ ክሳብ 2ይ ወራር ዝውዳእ ብሓላፍነት ሰሪሑ። ድሕሪ'ዚ ኣብ ወርሒ 7/1999 ዓ.ም ሙሉእ ናይ -ነራልንት መዓርግ ተዋሂብዎ ሓለቓ ጠቅላሊ እስታፍ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ኮይኑ ድማ ተሸይሙ። -ነራል ዑቅበ ከምእቲ ግቡእ ካብ'ቲ ናይ ካቢነ ሚኒስተራት ኣኼባ ኪእለ እኸ እንተነበሮ ፕረዚደንት ብዝሃቦ ሓለፉ ግን ኣብ'ዚ ኣኼባ'ዚ ይሳተፍ ኔሩ። -ነራል ዑቅበ ንስራሕ ኣብ ዝተበገሰሉ ኣብ ስራሕ ዝራኣዮ ዝነበረ ጉድለታትን ሕጽረታትን ምንግስቲ ዝሕመዮን ኪእርምን ንፕረዚደንት ኪሕብሮ ኣብ ዝ-መረሉ፥ ፕረዚደንት ብጽልእን ቅርሕንትን ኪርእዮን፥ ዘለካ ክሲ ኪትሸፋፍን ኢኻ ኣይቀስንካ ዝብል ምኽንያትን ዝነበረ ክስታት ናይ 09 ኣምጺኡ ክፈራርሖን ኪድህሎን -ሚሩናብ መወዳእታ ኸኣ ስርሑ እናቐጸለ ከሎ ክሎ ኣብ ወርሒ 2/2000 ካብ ሓላፍነቱን መዓ ርጉን ክምዝተኣለየ ዝገልጽ ደብዳቤ ካብ ፕረዚደንት ተላኢኽሉ። -ነራል ዑቕበ ካብ ሓላፍነቱን መዓርጉን ዝተኣለየሉ ግዜ 3ይ ወራር ዝቀራረበሉ እዋን ስለዝነበረ እቲ ወራር ኣብ ዝ-መረሉ ግዜ እጃሙ ንምብርካት ሓቲቱ ዝተዋህቦ መልሲ እኸ እንተዘይነበረ ሚኒስተር ምክልኻል ብዘፍቀደሉ መሰረት ክሳብ እቲ ወራር ዝውዳእ ምስኡ እናተጉዓዘ ብተወፋይነት ሰሪሑ ኢዩ። ክቡራት ሰማዕትና ሚኒስተር/-ነራል ዑቕበ ስለምንታይ ኢዩ ካብ መዓርጉን ሓላፍነቱን ተኣልዩ ? ምልስ ኢልና ድሕረባይታ ታሪኽ ሂወቱ ብሐደ ሸነኽ በቲ ሓደ ድማ ኣብ ˛መስርሕ ዘጋጠመ ጸገምትን ፖለቲካዊ ፍልልያት እንታይ ኔሩ ? ኣተሓሕዛ እዚ ጉዳይ'ክ ክመይ ኔሩ ? ስለምንታይ ኢዩ ናብ ዘየድሊ መኣዝን ክምዘምርሕ ተጌሩ ? ስለምንታይ ውልቃውን ሃገራውን ጉዳያት ተሓዎዊሶም?ዝብሉ ሕቶታት ኪለዓሉ ዝግባእ ይመስለና። ፕረዚደንት ብውገኑ ነዚ ንምእራሙ ይኹን ንምግምጋሙ ዝምልከት ዝተራእየ ምዕ ባሌታት ስለዘይነበረ ድማ እቲ ጉዳይ ውን እናዓበየ ስለዝመጸ -ነራል ዑቅበ'ውን ከም ኣባል ባይቶን ሚኒስተርን ንሃገር ይጠቅም ዝበሎ ርእይቶ ከቅርብን ኪእርምን ሓላፍነቱ ዘገድዶ'ውን ስለዝኾነ፥ ኣብ ዝተገብረ ኣኼባ ባይቶ ነቲ ጉዳይ ኣልዒልዎ በብግዜኡ ምስ ፕረዚደንት ነዚ ብዝምልክት ዝጸሓሓፍዎ ዝነበሩን፥ እቲ ምስ 09 ዝታሳሰረ ብጸጥታ ዝተኻየደ ምርምራን ዝተወህበ መልስታትን ብዝርዝር ናብ ባይቶ ኣቕሪቡዎ። ኣብ መወዳእታ ድማ ጉዳዩ ብሕጊ ኪትሓዝን ኪጻረየሉን፥ ብዘይካ'ዚ ብዘይ ስራሕ ደስኪልካ ተባሂሉ ጠጠው ኪብል ከምዘይደሊ እንተድኣ ዘይየድሊ ኾይኑ'ውን ናይ ስንብታ ወርቐት ኪወሃቦን ሓቲቱ። ባይቶ ነዚ ጉዳይ ንምጽራይ ሓንቲ ሽማግለ ኪትቀውም ወሲኑ እንተኾነ ባይቶ ገና ውሳኔ ከይሃበ ግዜ ምውሳዱ እናተሓተተ ከሎ ድማ ብስም ፍሉይ ቤት ፍርዲ ንሚኒስተር ዑቕበ ዝውንጅል መግለጺ ኣብ ጋዜጣ ክምዚወጽእ ተጌሩ። እዚ ካብ

ሕግን ኣገባብን ወጻኢ ንውሳኔ ማእከላይ ባይቶ ዝጥሕስን ኣገባብ ድማ ኢዩ ኔሩ። ዘቅረቦ ሕቶታት ኪምለሽሉን ጉዳዩ ብሕጊ ኪረአ እናተጸበየ ክኣ ብዕለት 18 መስከረም 2001ዓ.ም ምስ ካልኦት 10 ኣባላት ባይቶ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከምዝኣተ ተጌሩ። ሚኒስተር/ጀነራል ዑቕበ ኣብ ታሪኽ ገድላዊ ጉዕ ኡ ካብቶም ዕዙዝ ተራን ኣበርኽቶን ዝነበሮም ላዕለዎት ካድራት ህ.ግሓ.ኤ ኮይኑ ኢዩ ተጋዲሉ ምስ መሳርሕቱን ብጾቱን'ውን ብስኒትን ፍቅርን ዝተጎዓዘ ርጉእን ዓቃልን ጠባይ ዝነበሮ ጅግና ተጋዳላይ ኢዩ ኔሩ። ብውሽጣዊ ሕማም ኣዝማ ይሳቐ ስለዝነበረ ምስ መነባብሮ ናይ በረኻ እናወደቐን እናተሰኣን ኢዩ ገድላዊ ጉዕዝኡ ቀጺሉ። ድሕሪ ነጻነት'ውን ኩነታት ጥዕንኡ ስለዘይተመሓየሸ በብግዜኡ ንሕክምና እናተመላለሰን ብጥቃቐ እናተኣለየ ኢዩ ኪጎዓዝ ኔጺሑ። እቲ ሓቂ ትጽቢት ኩሉ ተጋዳላይን ህዝብን ኣብ ሓዳስ ኤርትራ ድማ እቲ እናተሳቀየን እናሓመመን ካብ ጉዕዞ ገድሊ ሓንቲ መዓልቲ ብሕማም ምእላይ ምብዳል ስርሕ ኮይኑ ዝስምዖ ዝነበረ እሞ ንነጻነት ዝበቐዐ፣ ኪሕከም ኪዕርፍን ኢዩ ሓሳቡ፣ ተጋዳላይ ዑቕበ'ውን ከምኩሉ ሰብ ከምኡ'እኹ እንተነበረ ትጽቢቱ ስለምንታይ ንምእርም ተበጊስካ? ዝተባሃለካ ዘይትገብር፣ሰሚዕካ ዘይትከይድ ተምጽኦ ኣለካ፣ተባሂሉ ኢዩ ክስታት ዝተመስረተሉን ክሳብ ደረጃ ምእሰርቲ ዝበጽሖን።ኣብ ህ.ግ.ሓ.ኤ 4ይ ርእሱ ካብ ኣሕዋቱ ተሰሊፉ፣ሰለስቲኦም ኣሕዋቱ ተጋደልቲ ሃገርዊ ግብኣም ፈጺሞም ዝሓለፉ ኢዮም። ዝኽበርካ ህዝቢ! ኤርትር ነዞም ካብ ግዜ ንእስነቶም ኣትሒዝካ ትፈልጦም ኣብ ግዜ ቃልሲ ዝባኖም ብዕርቑ ክብዶ ብጥምዩ ኣቦን፣ ኣድን ሓውን፣ ሓብትን ዝኮንካዮም ነጻነት ኣረኪቦኻ ኪነሶም እንሆ ሎሚ ኣብ ዘለውዎ ዘይፍለጥ ገሃነም ኮይኖም ይጽውዕኻ ኣለው'ሞ ሃየ ፍትሕኻ በይነሎም። ----/----

**ተጋዳላይ ብርሃነ ገረዝጊሄር መን ኢዩ ?** ብርሃነ ብ1949 ዓ.ም ተወሊዱ፤ ናይ 1ይን 2ይን ደረጃ ትምህርቱ ድማ ኣብ ቤት ትምህርቲ ቅዱስ ጊርጊስ መንደፈራን ኣስመራን ወደኡ፤ ቀጺሉ ኸኣ ትምህርቱ ንምቕጻል ናብ ኣዲስ ኣበባ ዩኒቨርሲቲ ኣትዩ፣ ናይ ስነ-ቀመም (Chemistry) ትምህርቲ ን2 ዓመት ተማህረ። ኣብቲ እዋን ኣብ ዩኒቨርሲቲ ርሱን ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ ይካየድ ስለዝነበረ፣ ብምስጢር ምስ ካልኦት መማህርቱ ኣብቲ ፖለቲካዊ ቃልሲ ነጠፈ። ነዊሕ ከይጸንሐ ከኣ፣ ትምህርቱ ኣቋሪጹ ምስ ካልኦት ብጾቱ፣ ብስዉእ ርስቶም ተመሪሑ ካብ ኣዲስ ኣበባ ነቒሉ ድሕሪ 4 መዓልታት ጉዕዞ ብወርሒ 3/1972 ናብ ህ.ሓ.ሓ.ኤ ተጸንበረ። ብርሃነ ድሕሪ ምስላፉ ብደረጃ ተራ ተጋዳላይ፣ ኮሚሳር ጋንታ፣ ኮሚሳር ሓይሊ ባሕሪ ከምኡ'ውን ኣብ 1975 ዓ.ም ምስ ምቛም ቦጦለኒታት፣ ኮሚሳር ቦጦሎኒ 607 ኮይኑ ብተኣማንነትን ብልዑል ጅግንነት ተዋጊኡን ኣዋጊኡን ኢዩ። ብ1977 ዓ.ም ኣብ ዝተገብረ 1ይ ውድባዊ ጉባኤ ኣባል ማእከላይ ሽማግለን ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ኰይኑ ተመርጸ። ብደረጃ ፖ/ቤ/ት ድማ ሓላፊ ክፍሊ ሕክምና ኰይኑ እናሰርሐ፣ ብተወሳኺ ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ከተማታት ሓራ ንምውጻእ ዝካየድ ኣብ ዝነበረ ዓበይቲ ወተሃደራዊ መጥቃዕትታትን ግጥማትን፣ ነቲ ብዘመናዊ ኣጽዋር ዝዓጠቐ ግዙፍ ወተሃደራዊ ሓይሊ ስርዓት ደርግ ኣላሽ ካብ ዘበሉ ወተሃደራዊ መራሕቲ ሓደ ኢዩ። ተጋዳላይ ብርሃነ ዋላ'ኳ ሓላፊ ክፍሊ ሕክምና እንተነበረ፣ ከም ተደራቢ ስርሑ መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ወተሃደራዊ መደባት ተዋፊሩ ይሰርሕ ነበረ። ኣብ 1985 ዓ.ም፣ ከኣ ኣብ ድሕሪ መስመር ጸላኢ ማለት ብሸንኽ ምዕራባዊ ዞባ ዝነበራ ኣሃዱታት ህዝባዊ ግንባር ኣወሃሃዲ ኰይኑ ምስ ሓለፍትን ተራ ተጋደልትን ብፍቅርን ብጺያዊ ሓልዮትን ዝተቓለሰ ውፉይ መራሒ ኢዩ። ከምኡ ስለዝኾነ ከኣ፣ ኣብ 1987 ዓ.ም ዝተገበረ 2ይ ውድባዊ ጉባኤ ኣባል ማእከላይ ሽማግለ ተመርጸ። ኣብቲ ብ1991 ዓ.ም ዝተኻየደ ደምዳሚ ውግእ'ውን ብሸንኽ ምዕራባዊ ግንባር ዝነበረ ወተሃደራዊ ስርሓት ኣብ ምእላይን ምውህሃድን ልዑል ኣበርክቶ ካብ ዝነበሮም ወተሃደራዊ ሓለፍቲ ሓደ ነበረ። ድሕሪ ነጻነት ኣመሓዳሪ ኣውራጃ ሓማሴን፣ ብድሕሪኡ'ውን ናይ ክፍሊ ኢንዱስትሪ ሓላፊ ኰይኑ ኣገልገለ። ብ1994 ዓ.ም ኣብ ዝተገበረ ውድባዊ ጉባኤ ኣባል ማእከላይን ሃገራዊን ባይቶን ኰነ። ናይ መጀር ጀነራል መዓርግ ለቢሱ ከኣ ኣብ ምክልኻል ሓይልታት ኤርትራ ከም ኣዛዚ ሓይሊ ምድሪ ተመደበ። ብ1998 ዓ.ም ኣዛዚ ናይቲ ኣብ ትሕቲ ሚኒስትሪ ምክልኻል ዝቖመ ሃገራዊ ዑቑር ሰራዊት ኮይኑ፣ ስርሓቱ እናሰላሰለ እንከሎ፣ ካብ ሓላፍነቱ ከም ዝወረደ፣ መዓርጉ ከኣ ከም ዝተቐንጠጠን ብ11/ጥሪ/2001 ብሚኒስተር ስብሓት ኤፍሬም ብቓል ተነግሮ። መጀር-ጀነራል ብርሃነ ነዚ ውሳነ'ዚ ነጺጉ፣ ተሪር መልእኽቲ ከኣ ብ12/ጥሪ/2001 ናብ ፕረዚደንት ጸሓፈ። ገለ ካብቲ ትሕዝቶ ናይ'ቲ መልእኽተ ከኣ፣ መጀመርያ እቲ ውሳነ ብጽሑፍ ኪቐርበሉ ሓተተ፥ ን30 ዓመት ዝተቓለሰሉ ዕላማ ህዝቡን ሃገሩን ሓራ ንምውጻእ ከም ዝኾነ ጠቒሱ፣ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ድማ ቃልሱ ከም ዝቅጽል፣ ዝተወሃቦ መዓርግ ፍረ-ጻማ ቃልሱ ድኣ'ምበር ብህያብ ዝተተኾበሉ ከም ዘይኮነ ኣነጸረ። ጉድለት እንተኣልይዎ ብሕጊ ኪሕተትን ብነጻ ፍርዳዊ ኣካል ጉዳዩ ኪረአን ኪምርመርን ቅሩብ ምዃኑ ገሊጹ፣ ኣብ ስራሕ ዘይድለ እንተኾይኑ ናይ ስንብታ ወረቐት ኪወሃቦ ብወግዒ ሓተተ። እንተኾነ ጸሓፊት ፕረዚደንት ብዝተዋህባ መምርሒ መሰረት፣ ብጽሑፍ ዘይኮነስ ብተሌፎን፣ ደብዳቤኡ ፕረዚደንት ኪቕበሎ ፍቃደኛ ከም ዘይኰነን፣ ጉዳዩ ንሚኒስተር ምክልኻል ከቕርብ ሓቢራ ደብዳቤኡ መለሰትሉ።

ሜ/ጀ ብርሃነ ካብ ስራሕ ጠጠው ኢሉ እኳ እንተነበረ፡ 3ይ ወራር ካብ ዝጀመረሉ ክሳብ ዝውድእ ከም ወተሃደራዊ ኪኢላ ምስ ኣዘዝቲ ሰራዊት ብምትሕግጋዝ ኣበርክቶኡ ዘወፈየ መራሒ ኰናት ኢዩ። ክቡራት ሰማዕትና መጀር-ጀነራል ብርሃነ ገብረእግዝኣብሄር ንኣብ ግዜ ቃልሲ ዝነበረ ኣካይዳን ኣብ ግዜ ነጻነት ዝተራእየ ኩነታትን ከምዚ ዝስዕብ ገይሩ ይገልጾ፡- “ህ.ግ.ሓ.ኤ ኣወንታዊ ጎድኑ ከም'ቲ ኩሉ ተጋዳላይ ዝፈልጦ ዝሰርሓሉን ዓለምን ህዝቢን ክይተረፈ ዘደነቖ ሓድነት፡ ምትእምማን፡ ብጻይነት፡ ተወፋይነት ፍቅርን ሓልዮትን ኢዩ ነይሩ። ከም'ዚ ኪብል ከለኹ” ይብል፡- “ዝኾነ ይኹን ጌጋታት ኣይነበረናን ማለተይ ኣይኮነን ብምንጽጻር ግን ኣወንታዊ መዳያት ይዓቢ ኔሩ፡ እዚ ኩሉ ብልጫታት ኣብ'ዚ እዋን እዚ ኣይተዓቀበን፡ እዚ ኩሉ ህዝቢ ዝዛረበሉን፡ ኡይ ዝብለሉን ዘሎ ሓቂ'ዩ፡ ህዝቢ ብዙሕ ዘይዓገበሎም ሕቶታት ከምዘለው'የ ዝፈልጥ።” ንትካላዊ ኣሰራርሓን ዓቅሚ ሰብን ኣመልኪቱ “ኣሰራርሓና ልዕሊ ናይ ሜዳ'ኳ ኪኸይድ እንተነበሮ ዝተራእየ ለውጢ የሎን ጥራይ ዘይኮነስ ንዝነበረ'ውን ኪንዕቅቦ ኣይከኣልናን፡ ምኽንያቱ ድማ ሕግን ትካላዊ ኣሰራርሓን ተኸቲልና ክንጓዓዝ ስለዘይጸናሕና፡ ሕጋዊ፡ ትካላዊ፡ ባጀታዊን ብዝኾነ መንገዲ ንጐዓዝ ስለዘየልና ኢና” ኢሉ ይገልጾ። መጀር-ጀነራል ብርሃነ ርእይቶኡ ኣብ ጉዳይ ወያኔን ዝማዕበለ ዝምድናታት ኪገልጽ እንከሎ ከምዚ ዝስዕብ ይብል፡- “ካብ 1978 ክሳብ 1980 ዓ.ም ዝምድና ወያኔን ህ.ግ እናሓርፈፈ ኢዩ መጺኡ። ኣብ 1985 ዓ.ም ድማ ብወግዒ ንሱን ተጋዳላይ ስብሓትን ናብ ካርቱም ብምኻድ ዝነበረ ዝምድና ጠጠው ከምዝብል ጌሮም። ምኽንያቱ ወያኔ ኣንጻር ህ.ግ ፖለቲካዊ ዘመተታት ከካይዱን ህ.ግ ነጻነት ከምጽእ ኣይክእልን ኢዩ ይብሉ ስለዝነበሩን ኢዩ። ብድሕሪ'ዚ ግንባር ናደው ኣብ ዝደምሰሰናሉ ብሬድዮ ፈነውኦም ንዓወታትና ዘመጉስ ኪዝምሩን ኪጭድሩን ጀሚሮም። ብሓባር ኪንሰርሕ ድማ ሓቲቶም። ስለ'ዚ ድማ ኣብ 1989 ዓ.ም ዝተገብረ መጥቃዕቲ ሽረ-እንዳስላሴ ናይ ሓባር ወተሃደራዊ ስርሒት ተገብረ። ኣብ'ዚ እዋን ብህዝቢ ይኹን ተጋደልቲ ወያኔ ኣንጻርና እንድዮም ዝሰርሑ ኔሮም ስለምንታይ ዝብል ስምዒት እኳ እንተነበረ ናይ ሓባር ጸላኢ ምድምሳስ ስለዝነበረ'ቲ ዕላማ ዝምድናና ቀጺሉ። ብድሕሪ'ዚ ብወገን ወያኔ ኣብ ግዜ ረፈረንዱም ንሕቶ ኤርትራ ምድጋፍ፡ ኣብ'ቲ ዝቀጸለ ዝምድና ቀሊል ተራ ኣይነበሮን፡ ኣብ ዶባት ክልቲኦን ሃገራት ዝረአ ዝነበረ ናይ ንግድን ካልእ ሕቶታትን ጉዳያት ኔሩ'ዩ። ኣብ መወዳእታ 1996ን መጀመርያ 1997ን ድማ ግሁድ ዝኾነ ምግሃስ ውዕላትን ዶባትን ይረአ ኔሩ። እንተኾነ ኪወሩና ዝብል ግምት ኣይነበረናን፡ ገለ ወተሃደራዊ ጎንጽታት ግን ከጋጥም ከምዝኽእል ንግምት ነርና።” ን3ይ ወራር ኣመልኪቱ'ውን፡- “ናይ መወዳእታ ዕላማ ወያኔ ኣብ ኤርትራ ካልእ ስርዓት ንምምጻእ ስለ ዝነበረ ኣይተዓወቱን። ኣብ 3ይ ወራር ዝተራእየ ወተሃደራዊ ድኽመት ብሰንኪ ኣጽዋር፡ ሰብኣዊ ዓቅሚን፡ ኣዘዝቲ ሰራዊትን ኢዩ ኣይብልን” በለ። መጀር-ጀነራል ብርሃነ ንሕግታት ሰልፍን ትግባረ ቅዋምን ኣድላይነቱ ክገልጽ ከሎ፡- “ሕብረ-ሰልፋዊ ስርዓት እንታይ ማለት ኢዩ ? ህ.ግ ኣብ 2ይ ሓድነታዊ ጉባኤኡ፡ ኣብ መጻኢት ኤርትራ ብዙሕነት ሰልፍታት ኣገዳስን ጠቓምን ምዃኑ ወሲኑን ንህዝቢ ገሊጹ ኢዩ። ኣገዳስን ጠቓምን እንተዘይከውን'ክ ስለምንታይ ኢዩ ህዝቢ ኤርትራ ነቲ ብኪኢላታት ዝተነደፈን፡ ብተሳትፍኡ ዘጽደቖን፡ ብዙሕነት ሰልፍታት ዝሕመረቱ ፖለቲካዊ ህይወት ኪህሉ ዘፍቅድ ቅዋም ብ1997 ዓ.ም ዘጽደቐ? ስለምንታይ ኢዩ'ኸ ሃገራዊ ባይቶ ኤርትራ ኣብ መበል 13 ኣኼብኡ፡ ሕግታት ሰልፊ እትነድፍ ኮሚቴ ዘቖመን ኣብ 2001 ዓ.ም ሃገራዊ ምርጫ ክካየድ ዝወሰነን ? ኣገዳስነቱ ተፈሊጡን ተራእዩን'ዶ ኣይኮነን ? እቲ ሕጂ ኩነታት ኣይፍቅድን ዝበሃል ዘሎ'ኸ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ሃገር ኣስጋእነቱ ክሳብ ክንደይ ኢዩ ?” ዝብል ሕቶታት ኣቕረበ። ቀጺሉ፡ “ቅዋም መንግስቲ ኤርትራ ንቕርጽን ኣቃውማን ዝምልከት ዓንቀጻት ብንጹር ሰፊሩ ኣሎ። ስልጣንን ሓላፍነትን ክልቲኡ ባይቶታት፡ ካቢነ-ሚኒስተራት...ወዘተ እንታይ ምዃኑ ኣብ'ቲ ቅዋም ተነጺሩ ኣሎ። እዚ ግን ሰሪሑ ኪበሃል ኣይከኣልን፡ እቲ ምኽንያት ንህዝቢ ኪግለጽ ኣለዎ፡ ህዝቢ ብዛዕባ'ዚ ክፈልጥ መሰሉ ኢዩ። ኪሓተሉ'ውን ግቡኡ ኢዩ። እቲ ህዝቢ ዝጽበዮ ዘሎ ቅዋም ኪትግበርን ቅዋማዊ መንግስቲ ኪምስረትን ድማ ግዜኡ ኢዩ” በለ። ክቡር ህዝቢ ኤርትራ፡ ብርሃነ ገረዝጊሄር ሓደ ካብቲ መለለዪ ጠባዩ ብትብዓት ዝተራእዮ ዝዛረብን ምንባሩ እዩ። ኣብ መበል 13 ኣኼባ ማእከላይ ባይቶ ፕረሲደንት ኢሳያስ ኣፈወርቂ ንሳልሳይ ወራር ኣመልኪቱ ብዓወት ሰራዊት ኤርትራ ከምዝተዛዘመ ገለጸ እሞ፡ ብርሃነ ትቕብል ኣቢሉ “ዶባትና ተጣሒሱ ጸላኢ ልዕሊ 100 ኪ.ሜ ኣብ ውሽጢ ሃገርና ኣትዩ፡ ህዝብና ተኸሳቢቱ ከብቅዕ፡ ነዚ ዓወት ኢዩ ምባልካ ቅቡል ኣይኮነን። ምሽፍፋን ገዲፍና ብቕንዕና ነዚ ኰናት ንገምግሞ፡ ስለምንታይ ከምዚ ዝኣክል ማህሰርይቲ ከም ዝወረደና ከኣ ንፍለጥ እሞ ንመሃረሉ” በለ። ሽዑ ኢዩ ሙስጣፋ ኑርሕሴን፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ተደናጊሩ “ክሳብ ሕጂ ከምዝሰዓርና ኢዩ ኪንገረና ጸኒሑ፡ ሕጂ ተሳዓርና ይበሃል ኣሎ እሞ፡ ስዒርና ዲና ወይስ ተሳዒርና ?” ኢሉ ንኣቦ ወንበር ከነጽረሉ ሓተተ። ኢሳያስ ከኣ “ስዒርናን ተሳዒርና” ኢሉ መለሰሉ እሞ ዓገበ። ነዚ ኩሉ ክትዕ ዘለዓዓለን ዘረሳሰነን ብርሃነ ገረዝጊሄር ኢዩ ዝነበረ። ካብቲ ኣኼባ ምስ ወጽኡ ሓደ ካብቶም

ኣባላት ባይቶ ንብርሃነ “ነቲ ሓቂ ከምዚ ጌርካ ምድርጓሕ የዋጽእ'ዶ ?” ኢሉ ምስ ሓተቶ ብርሃነ ከኣ “እቲ ዘይምድርጓሕ ፈቲንናዮ ኢና ግን ኣይሰርሐን፡ ሕጂ ከኣ ነቲ ሓቂ ከም ዘላታ ምትኳሳ ጥራሕ ኢዩ ዘዋጽእ። እዚ ኪብለካ ከለኹ ግን ዋጋ ሓቂ ክቡር ምኳኑ ዘንጊዐ ኣይኮንኩን” በሎ ይበሃል። ሎሚ ብርሃነ ነዛ ሓቂ እዚኣ ይኸፍለላ ኣሎ። ክቡር ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ውሽጥን ኣብ ደገን ዘለካ፡ ፕረሲደንት ኢሳያስ ኣፈወርቂን መንግስቲ ኤርትራን ኣብ ቅድሚ ዓይንኻ ንሓቂ ቀቢሩ ብሓሶት ኪትክእ ይቃለስ ኣሎ። ብርሃነ ውላድካ ንልዕሊ 30 ዓመታት “ሓርነት ዘይብሉ ህይወት ህይወት ኣይኮነን” ካብ ዝብል እምነት ነቒሉ ንህዝቡ ነጻ ንምውጻእ፡ ካብ ተራ ተጋዳላይ ክሳብ እቲ ዝለዓለ ጽፍሒ መሪሕነት ብተወፋይነት ኣገልጊሉ ክነሱ፡ ኣብ መወዳእታ ከኣ እታ ንሱ ካብ ንእስነቱ ዝተማጎተላን ዝተቓለሰላን ሓቂ ኪትድፈን ምስ ረኣየ፡ ነቲ ሓቂ ስለዝደርጎሐ ይከላበት ኣሎ። ሎሚ ንብርሃነ ብጥልመት ሃገር ምኽሳስ ሃየንታ ኢዩ እሞ፡ በዚ ዝደጋገም ዘሎ ናይ ፈጠራ ክሲታት ከይተደናገርካ፡ ኣብ ጎድኒ እዚ ውፉይ ውላድካ ብርሃነን ሐርባኛት ብጾቱን ደው ኢልካ፡ ከምቲ ንሱ ዝበሎ ዋጋኡ ብዘየገድስ ምእንቲ ሓቂ ኪትቃለስ ሕልናዊ ግዴታ ኣሎካ። ንምንታይሲ ህይወት ብዘይ ፍትሒ ህይወት ስለዘይኮነ።

***ተጋዳላይ እስቲፋኖስ ስዩም መን'ዩ ?*** ብሪጋዴር ጀነራል እስቲፋኖስ ስዩም መን'ዩ ? ብሪጋዴር ጀነራል እስቲፋኖስ ስዩም ብ1946 ዓ.ም. ተወሊዱ፡ መባእታን ካልኣይን ደረጃ ትምህርቱ ኸኣ ኣብ ኣስመራ ድሕሪ ምጥንቓቕ ናብ ኣዲስ ኣበባ ዩኒቨርሲቲ ብምኻድ ትምህርቱ ቀጸለ። ብቁጠባ ማለት ኤኮኖሚክስ፡ ናይ ባችለር ዲግሪ መዓርግ ድሕሪ ምምራቑ፡ ነዊሕ ከይጸንሐ ማህደረ-ትምህርቲ ረኺቡ፡ ኣብ ሕቡራት ሃገራት ኣመሪካ፡ ካብ ዊስኮንሲን ዩኒቨርሲቲ፡ ብቁጠባ ናይ ማስተርስ ዲግሪ ደረበ። ኣብ 1975 ሃገረ ኣመሪካ ራሕሪሑ ንሜዳ ኣምርሐ፡ ናብ ህ.ሓ.ሓ.ኤ ከኣ ተሰለፈ። ብልጭልጭ ዝብል ማራኺ ኅደናታት ናይ ኒው-ዮርክ ንድሕሪት ብምግዳህ፡ ናብ ኅቦታትን ሽንጭሮታትን ሳሕል ምስፋር ቀሊል'ኳ እንተዘይነበረ፡ እስጢፋኖስ ግን ኣብ ሓጺር እዋን ናብራ ገድሊ ለሚዱ ንብጾቱ ከም ዝመሰለ መታዓልምቱ ይምስክሩ። ኣብ ክፍሊ ታዕሊም ተመዲቡ መ-መርያ መምህር ፖለቲካ፡ ቀጺሉ'ውን ሓላፊ ፖለቲካ ማለት ሓደ ካብቶም ክልተ ኣመሓደርቲ ታዕሊም ኰነ። ኣብ'ዚ እዋን ተጋዳላይ እስቲፋኖስ በቲ ዓቃል ጠባዩን፡ ትሑት ባህርያቱን ነቶም ሓዳስቲ ተዓለምቲ ህያው ኣብነት ኣብ ርእሲ ምኳኑ፡ ብፍላይ ከም ምሁር መጠን፡ ነቶም ምሁራት ተዓለምቲ ጠባያቶም ተረዲኡ፡ ሞራሎም ኣበሪኹ፡ ብፍናን ከም ዝቃለሱ ዝገብረ ሓደ ካብቶም ዓበይቲ መማህራን ገድሊ እዩ። ብ1977 ዓ.ም ኣብ 1ይ ውድባዊ ጉባኤ ኣባል ማእከላይ ሽማግለ ኰይኑ ተመርጸ'ሞ፡ ከም ጸሓፊ ክፍሊ ቁጠባ ተመዲቡ፡ ፋይናንስያዊ ስርሓትን፡ ንውድብ ዘድልዩ ቀረብ ሃለኽቲ ኣቑሕትን፡ ካልእ ቁጠባዊ ጠቀስ ዕ ማማትን፡ ላዕለዋይ ሓላፊን ኣወሃሃድን ብምኳን ኣገለገለ። ብድሕሪ'ዚ ክፍሊ ቁጠባ ንሕርሻ፡ ፋይናንስ፡ መጓዓዝያ፡ ኢደ-ስርሓት፡ ንግዲ፡ ቶሚንን፡ ባሕሪያን ዘጠቓልል ሰፊሕ ኣሃዱ ስለዝኾነ፡ ኣብ ጨንፈር ፋይናንስ ሓላፊ ብምኳን ንስርሓት ሕሳብ ናይ ውድብ መልክዕ ዘትሓዘ ኪኢላ ተጋዳላይ እዩ። ንሸውዓተ ዓመታት ኣብ ክፍሊ ቁጠባ ድሕሪ ምግልጋል ናብ ክፍሊ ምምሕዳር ተመደበ። እዚ ክፍሊ'ዚ ኣብ ሕበረተ-ሰብና ማሕበራውን ባህላውን ለውጢ ንምምጻእ ዝካየድ ዝነበረ ናይ ቃልሲ እጃም ዝመርሐ፡ ነቲ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ኣብ ወጻኢ ዝተሰደ ኤርትራዊን ዝጠመረ ኣገዳሲ ኣካል ናይ ህዝባዊ ግንባር፡ ጸሓፊ ኮይኑ ዘገልገለ እስጢፋኖስ ስዩም እዩ። እስጢፋኖስ ቀንዲ መለለዪ ጠባዩ፡ ትሕትንኡን ምቕሉል ባህርያቱን ኢዩ። ምስኡ ብቐረባ ዝተጋደሉ ብጾቱ ድማ ምሁር ክንሱ ንዘይተማህረ ዘየናኣእስ፡ ምኩር እንከሎ ንሓደስቲ ዘየስተናዕቕ፡ ሕሉፍ ሓልዮቱን ትሕትንኡን ይንእዱ። ስርሓት ክፍሊ ህዝባዊ ምምሕዳር ምስ ህዝቢ ዝተኣሳሰረ ስለ ዝኾነ፡ ኣባላቱ ንህዝቢ ብትሕትናን ኣኽብሮትን ከአንግዱ ግዴታ ኣለዎም፡ ተጋዳላይ እስቲፋኖስ ነዚ ግዴታ'ዚ ዘማልእ ብቅዓ ትን ብልጫን ካብ ዝነበሮም መራሕቲ ሓደ ኢዩ። ብ1987 ዓ.ም 2ይ ውድባዊ ጉባኤ ኣባል ማእክላይ ሽማግለ ብምኳን እንደገና ተመሪጹ፡ ክሳብ ነጻነት ስርሑ ቀጸለ። ኣብቲ ድሕሪ ነጻነት ዝቖመ ግዝያዊ መንግስቲ ኤርትራ፡ ተጋዳላይ እስቲፋኖስ ስዩም ጸሓፊ ክፍሊ ፋይናንስ ኾይኑ፡ ንብምልኡ ናይ ፋይናንስ ስርሓት ኣማእኪሉ፡ ንውህሉል ናይ ሰውራ ተመክርኡን ፍልጠቱን ኪሰርሓሉ፡ ንሓድሽ መድረኽ ዳግመ ህንጻ ሃገር ብልዑል ፍናን ተበገሰ። እንተኾነ ኣብቲ እዋን መራሕ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ሓጺር ግዜ ነቶም ሓለፍቲ የንከሽክሾም ስለ ዝነበረ፡ ነዊሕ ከይጸንሐ ካብ ፋይናንስ ተኣልየ። ብ1994 ዓ.ም ኣብ ዝተገብረ 3ይ ውድባዊ ጉባኤ ኣባል ማእከላይን ሃገራዊን ባይቶታት ብምኳን ተመሪጹ። ሓላፊ ፋይናንስ ኣብ ሚስትሪ ምክልኻል ኰይኑ፡ ነቲ ብሓድሽ ፍናንን መንፈስን ኪህነጽ ንዝሕሰብ ዝነበረ ሰራዊት፡ ምዕጣቕን ምስናኞን ምምልማልን ካብ ዝጸዓሩን ዝሰርሑን ወተሃደራዊ ሓለፍቲ ሓደ ኢዩ። ብዘይካ'ዚ ብሚኒስትሪ ምክልኻል ዝጅመር ዝነበረ ሃገራዊ ኣገልግሎትን ትግባሬኡን፡ ምስ ጐረባብቲ ሃገራት ኣብ ዶባት ዘጋጥም ዝነበረ ዝተፈላለየ ወተሃደራዊ ምትፍናንን ግጭታትን፡ ካልኦት በዳህቲ ዝኾኑ ስርሓት ገጢሙ ልዑል ኣበርክቶ ካብ ዝገበሩ ሓለፍቲ ሓደ ኢዩ።

እስቲፋኖስ፥ ብሪጋዴል -ኑራል መዓርግ ለቢሱ ኣብ ሚኒስትሪ ምክልኻል ሓላፊ ክፍሊ ፋይናንስ ኮይኑ ስርሑ ክሳብ 2000 ዓ.ም ቀጸለ። ብሪጋዴል -ኑራል እስቲፋኖስ ኣብ 2000 ዓ.ም ናብ ሚኒስትሪ ፋይናስን ክፍሊ ኣታዊታት ውሽጢ ሃገር ተቐየረ። እስጢፋኖስ ኣብዚ ኣሃዱ ምስ ተመደበ፥ ዘይቅበሎ ናይ ህግደፍ ዘይቅዩድን ሕቡእን ንግዳዊ ስራሓት ንምእራም፥ ቁጠባዊ ንብረት ናይ ህግደፍ ብኦዲት ኪምርመር ኣዘዘ። ፍንው ንግዳዊ ትካላት ህግደፍ ግን፥ ንተቛጻጸርቲ መጽሓፍቶም ኪኸፍቱ ቅሩባት ኣይነበሩን። እስቲፋኖስ ሓላፍነቱ ተጠቒሙ መርመራ ናይ ኦዲተር ኪቕጽል መምርሒ ሃበ'ሞ፥ ምስ ህግደፍ ኣብ ምውጣጥ ኣተወ። እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ ኣብ ውሽጢ መንግስቲ ዝኸይድ ዝነበረ ፖለቲካዊ ሃዋህው ዘየቕስን ኮይኑ ስለ ዝረኸቦ፥ ኣብ'ቲ በብግዜኡ ዝግበር ዝነበረ ኣኼባታት ማእከላይ ባይቶ ይኹን ብውልቂ ዝከይድ ዝነበረ ምይይጣት፥ ካብቲ መዋጥር መዋጽኦ ኢሉ ዝኣምነሉ ርእይቶታት ኣነጸረ። ኣብ መጨርሻ ድማ ኣብ ውሽጢ መንግስቲ ዝከይድ ዝነበረ ሕጽረታትን ጉድለታትን ንምእራም ዝነበሮ ተበግሶ ብምቕጻል፥ ምስ'ቶም ኣኼባ ኪግበርን መንግስቲ ኣካያይድኡ ኪግምግም ዝጠለቡ ኣባላት ባይቶ፥ ክታሙ ስለ ዘስፈረ፥ ምስ ካልኦት 10 ኣባላት ባይቶ፥ ኣብ ብመስከረም 2001 ዓ.ም ትሕቲ ቀይዲ ኣተወ። ብርጋዴር ጀነራል እስቲፋኖስ ንበይኑ ኣይኮነን፥ ሓዉ ተጋዳላይ'ውን ብድሕሪኡ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ተዳጉኑ'ዩ። በዓልቲ-ቤቱ ተጋዳሊት ርሻን'ውን ካብ ስርሓት መንግስቲ ተሰጒጓ፥ ደስኪላ፥ ምስ ክልተ ደቃ ኣብ ገዛ ተደፊና ትውዕል ኣላ። ስለዚ እቲ ግፍዒ ናብ ስድራ-ቤቱ ኣስፋሕፊሑ ብዘይ ገለ በደል ቤተ-ሰቡ ግዳይ ናይ ገቢረ-ጸይቂ ሻኼማ ኮይኖም ኣለዉ። ዝኸበርካ ህዝቢ ኤርትራ፥ እስጢፋኖስ ሓደ ካብቶም ትኹርዓሎም ደቕኻ እዩ። ትኹርዓሉ ምኽንያት ከኣ ሓደ ካብቶም ናብራን ትምህርትን ወጻኢ-ሃገር ዘየታለሎም ውሑዳት ምሁራት ደቕኻ ኰይኑ፥ ህዝቡ ዘይረስዐ ብሓልዮት ዝለፍዐ ዉላድካ ስለ ዝኾነ'ዩ። እዚ ሰብ'ዚ ኣብ ዝኾነ ኩርናዕ ዓለም ሰሪሑ ብምቕት ኪነብር ይኽእል'ኳ እንተነበረ፥ ንነብሰይ ይጥዓመኒ ከይበለ፥ ዝሰቐሎ ክልተ ዲግሪታት ከይከበዶ ምእንቲ ናጽነት ሃገር ሓሳር ምስ ህዝቡ ዝመረጸ ብሉጽ ውላድካ እዩ። ከምኡ ስለ ዝኾነ ከኣ ነቲ ፈታኒ ማሕማሕታ ኣመሪካ ንድሕሪት ገዲፉ፥ ሓሳረ መከራ ናይ ገድሊ ገጢሙ፥ ኣብ ናይ ሓርነት ቃልሲ እጃሙ ዘበርከተን ዘሐብን ታሪኽ ዝፈጸመን ሓርበኛ ውላድካ'ዩ። ናጽነት ምርካብ እቲ ቀዳማይ ገጽ ናይ ዓወት ድኣ'ምበር፥ ምዕቃባ'ውን ማዕሪኡ ዓቐብ ምዃኑ ዝግንዘብ ዝነበረ እስጢፋኖስ፥ ከምዚ ይብል፥- “ነጻነት ሃገር ዝዕቅብ ህዝቢ ስለ ዝኾነ፥ ህዝቢ ስልጣን ኪርከብ ይግባእ፥ ህዝቢ መታን ስልጣን ኪርከብ ከኣ ቅዋም ሃገረ ኤርትራ ኣብ ግብሪ ክትርጎም ኣለዎ። ኣብ ክንዲ ስዲ፥ ልጓም ዘለዎ መንግስቲ፤ ኣብ ክንዲ ኣብ ዝባን ህዝቢ ዝሕዘል፥ ህዝቢ ዝጸውር ስርዓት ጥራሕ'ዩ ንቀጻልነት ሃገርና ዘውሕስ” እናበለ ይምጉት ነይሩ'ዩ። ከምኡ ኢሉ ስለ ዝመጎተ ከኣ ሎሚ መንግስቲ ንእስጢፋኖስ “ብጥልመት ሃገር፥ ብፈተነ ዕልዋ መንግስቲ ወዘተ” ዝብል ናይ ፈጠራ ክስታት ከሲሱ ቀይድዎ ኣሎ። ክቡር ህዝብና፥ እስጢፋኖስ ካብ ዝእሰር ልዕሊ ክልተ ዓመታት ኰይኑ፥ ክሳብ ሎሚ ድማ ዝተኣስረሉ ቦታ ኣይፍለጥን፥ ቤት ፍርዲ ኣይቀረበን፥ ስድራ-ቤቱ ኪበጽሕዎ ኣይፍቀድን ጥራሕ ዘይኮነስ ክሓቱ'ውን መሰል የብሎምን። እስጢፋኖስ ኣብታ ተቓሊሱ ነጻ ዘውጽኣ ሃገር፥ ኣብ ክንዲ ዝኸብርን ዝኾርዕን እታ ዝተሓተት መባእታዊት ሰብኣዊ መሰሉ ተሓሪሙ፥ ሓሲሩን፥ ተዋሪዱን ኣሎ። ንበይኑ ግን ኣይኮነን። ኣብ ዓቐንን ደረጃን ደኣ ይፈላለ'ምበር ኣብ ውሽጢ ቀጽሪ ቤት-ማእሰርቲ ዘለዉን ዘየለዉን ኤርትራውያን መሰረታዊ መሰላቶም ኣይረኸቡን። መን'ዩም እዚ ኩሉ መሰልና መንዚዖም ገቢተምዎ ዘለዉ? እዞም ልዕሊ ሕጊ ኮይኖም ንዝኾነ ዜጋ ኪኣስሩን ኪፍተሑን መሰል ኣሎና ዝብሉ እንታዎት እዮም ? በዓል መን'ዮም'ከ ኩሉ ህዝቢ እናሓሰሞ፥ ንበይኖም ጥዒምዎም፥ ንሃገር ንብረቶም ገይሮምዋ ዘለዉ ? መን'ከ ስልጣን ሃቦም ? ንዝብሉ ሕቶታት መልሲ ምንዳይ እዋኑ ኰይኑ'ሎ። ውሉድካ እስቲፋኖስ “ህዝቢ ኤርትራ ስልጣን ከይተረከበ፥ ፍትሒ ኣይርከብን'ዩ” ይብል ነይሩ'ሞ፤ ሕጂስ ይኣክል፥ ስልጣን ካብ ውሑዳት ናብ ብዙሓት ይስገር፥ ነዛ ሃገር ከኣ ኣብ ክንዲ ናይ ውሑዳት ናይ ኩላትና ንግበራ። ክቡር ህዝብና፥ ስቕ እንተበልካ ዘየሎኻ መሲልዎም ኣሎ፣ ስለዚ፥ “ይኣክል ግፍዒ! ይኣክል ዓመጽ!” ኢልካ ተድሀ'ሞ፥ መቓልሕካ ነቲ ሰንኮፍ መናድቖም ሃደሽደሽ ከብሎ እዩ።

**ተጋዳላይ በራኺ ገብረስላሴ መን'ዩ ?** መምህር በራኺ ገብረስላሴ መን'ዩ ? ቅድሚ ንሜዳ ኤርትራ ምኻዱ በራኺ መምህር እዩ ነይሩ። መግዛእቲ ኢትዮጵያ ኣብ ህዝብና ዘውርዶ ክቱር ግፍዕታትን ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናዓበየ ኪኸይድ ምስ ተዓዘበ ከኣ፥ ናብርኡ ሓዲጉ ንሓርነት ህዝቡን ሃገሩን ኪቃለስ ብ1971 ዓ.ም. ተሰሊፉ። ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ህዝባዊ ሓይልታት ውልዶ ስለ ዝነበረት፥ በቲ ድሩት ዓቕምን ትሕዝቶን ውሑድ ሓይልን፥ ብደባይ ተዋጋኢ ኣሃዱታት ዝካየድ ዝነበረ ቅያ ወተሃደራዊ ስርሒታት፥ በራኺ ከም ተራን ሓላፍን ኮይኑ ተዋጊኡን ኣዋጊኡን እዩ። ህ.ሓ.ሓ.ኤ ብደረጃ ቦጦለኒታት ምስ ተወደበት ከኣ፥ ኣብታ ብወልደሚኬል ሃይለ ትምራሕ ዝነበረት ቦጦሎኒ ሓሙሽተ፥ ኮሚሳር ቦጦሎኒ ኮይኑ፥ ነቲ ኣብ'ቲ እዋን እቲ ኣብ ከበሳታት ኤርትራ ብህዝባዊ ሓይልታት ዝካየድ

ዝነበረ ደባይ ወተሃደራዊ ስርሒታት ኣብ ምምራሕ ዓቢ ተራ ተጻዊቱ። ብ1977 ዓ.ም ኣብ ዝተገብረ 1ይ ውድባዊ ጉባኤ ኣባል ማእከላይ ሽማግለ ድሕሪ ምምራጹ ከም ሓላፊ ክፍሊ ትምህርቲ ኰይኑ ንኸገልግል ተመዘዘ። ኣብቲ እዋን'ቲ፡ ኵሉ ተጋዳላይን ኣባልን ተደናጋጻይን ህዝባዊ ግንባር ከም ዝዛረበሉ፡ መም በራኺ እታ ዝዓበየት ኣስተዋጽኦኡ ንሃገሩ ኣበርከተ፡ ንሳ ኸኣ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ብምምስራቱን ምምዕባሉን እዩ። ስለዚ መም በራኺ ኣቦ ቤት-ትምህርቲ ሰውራ'ዩ እንተተባህለ ምግናን ኣይኮነን። ክፍሊ ትምህርቲ ነቶም ትሕቲ ዕድመ ዝኾኑ ንሜዳ ኪስለፉ ዝመጹ ቖልዑትን፡ ብምኽንያት ግፍዒ ጸላኢ ብዘይ ኣቦን ኣደን ዝተረፉ ዘኽታማትን እናኣከበት፡ ኣብ ሓዳሪ ቤት-ትምህርቲ ግቡእ ትምህርትን መዕቈብን ከም ዝረኽቡ ዝገበረት ናይ ህዝባዊ ግንባር ታሪኻዊት ኣሃዱ እያ። በራኺ ከም መስራቲ ናይዛ ኣሃዱ፡ እቶም ቆልዑ ስነ-ኣእምራዊ ቅሳነት ረኺቦም ግቡእ ትምህርቶም ቀሲሞም፡ ብቑዓት ዜጋታት መታን ኪኾኑ፡ ናይ ኣደን ኣቦን ቦታ ኻኢትክእ ዘይሕለል ጻዕሪ ዝገበረ ውፉይ መምህር ተጋዳላይ እዩ። መምህር በራኺ ምስ ካልኦት መማህራን ተጋደልቲ፡ ነቲ ፍሉይ ኵነታት ናይ ሰውራ መታን ኪገጥሙ፡ ንሓደስቲ መማህራን ምስ ሰውራ ዝሳነ ትምህርቲ እናሃበ፡ ኵኖ ኣካዳምያዊ ብቕዓት ሰጊሮም ብሉጻት መማህራንን ወለድን ንኪኾኑ ዘሰልጠነ፡ ሓላፊን መስተውዓልን መራሒ እዩ። ብዘይካ'ዚ ነቶም ተመሃሮ ዘድሊ መንበሪ ገዛውቲ፡ ሕክምናን፡ ንመዛናግዓ ፟ ዘገልግል ቦታታትን ንምድላው፡ ምስ ተመሃሮን መማህራንን ኣብ ከቢድ ማእቶታዊ ስርሓት ተዋፊሩ ዝደኸመ ጻዕረኛ ሓላፊ እዩ። ብዙሓት ተመሃሮን መማሃራንን ኣለይትን ዝነበሮ ቤት-ትምህርቲ ሰውራ፡ ወታሃደራዊ ዕላማ ናይ ጸላኢ ስለዝነበረ፡ ካብ ደብዳብ ነፈርትን ከቢድ ብረትን ንምድሓን፡ ንኣሽቱ ህጻናት እናሓንገረ፡ ኣብ ፈቐዶ በዓትን ሽንጭሮታትን እናኸወለ፡ ህይወት ብዙሓት ተመሃሮ ዘድሓነ በራኺ፡ ሎሚ ወትሩ በቶም ኣብኡ ዝነብረ ኣባላትን ተመሃሮን ይዝከር ኣሎ። ኣብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ኣብ ኣካደምያዊ ትምህርቲ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ሙዚቃ፡ ስነ- ጥበብን ስእልን እውን ይወሃብ ነይሩ'እዩ፣ ዕሉማት ተመሃሮ ቤት-ትምህርቲ ሰውራ ድማ ኣብ እዋን ዕረፍቶም፡ ኣብ ውሽጢ ሰራዊትን ህዝብን የጓሳጕሱን የዘናግዑን ነይሮም'ዮም። ብ1978 ዓ.ም፡ ተምሃሮ ቤት-ትምህርቲ ሰውራ፡ እስትራተጅካዊ ምዝላቕ ምስ ተገብረ፡ ደ-ን ህ.ግ.ሓ.ኤ ተጻቢቡን ወተሃደራዊ ኩነታት ጸንኪሩን ስለ ዝነበረ፡ ናብ ዘተኣማምን ደ-ን ንምዕቛብ ዶብ ሰጊሮም ኣብ መሬት ሱዳን፡ ጭልሕንቲ ኣብ ዝተባህለ ቦታ ሰገሩ። እቲ ቦታ ካብ ወተሃደሪዊ መጥቃዕቲ ንምክልኻል ዘተኣማምን እኳ እንተነበረ፡ ክሊማኡ ግን ኣዝዩ ጽንኩር ነበረ። ነዚ ዘጋደዶ ከኣ ብምኽንያት እስትራተጅካዊ ምዝላቕ ካብ ዝተፈላለየ ሓራ ከተማታት ኤርትራ ዝመጹ ሓሳረ-መከራ ዘይፈተኑ ብዙሓት ሓደስቲ ተመሃሮ ስለ ዝተወሰኹዎም፡ ነቲ ዝነበረ መሪር ሙቐትን፡ ባህርያዊ ጸገማትን፡ ሓያል ሂወት ምድረ በዳ እኳ እንተተጻወሩዎ፡ ስሩዕ መደብ ትምህርቶም ግን ንምጅማር በዳሂ ኵነታት ተፈጥረ። ኣካ እቲ ዝስገር ዘይመስል ዝነበረ ከቢድ ኵነታት ተሰግረ ! እዚ ኸኣ ሳላ ዉሕሉል መሪሕነት መም በራኽን ብጾቱን ኢዩ። እቲ ጸገማት ኣብኡ ጥራይ ተሓጺሩ ኣይተረፈን። ኣብ 80ታት ተመሃሮ ቤት-ትምህርቲ ሰውራ "ኪንጋደል እምበር ኪንመሃር ኣይመጻእናን" ኢሎም ኣደሙ'ሞ፡ ትምህርቶም ኣቋሪጾም ናብ ቅድመ ግንባራት ወሓዙ። ነቶም ዘዕ ገርገሩ ተመሃሮ ንምህዳእን፡ ኣብ ንቡር ትምህርቶምን፡ ከም ዝምለሱ ንምግባር፡ በራኺ ምስ ብጾቱ ዘካየድዎ ዘይሕለል ጻዕሪ ሎሚ ተመሃሮ ቤት-ትምህርቲ ሰውራ ብኣድናቖትን ብምድፍናቕን፡ ዝዝክርዎን ዝዛረብሉን ዘለዉ ኣገዳሲ ፍጻሜ ኣብ ህይወቶም ኢዩ። ኣብቲ እዋን፡ ደ-ን ሰውራና ኣብ ሳሕል ተሓጺሩ፡ ሰራዊት ደርጊ ንከበሳታት ሃገርና ከም ድላዩ እንዳህሰሰ እንከሎ፡ ተመሃሮ ቤት-ትምህርቲ ሰውራን መማህራንኦምን፡ ኣብ ህዝቢ መሃይምነት ንምጥፋእ ዘመተ ንምክያድን፡ ብባህልን ፖለቲካን ንምጉስጓስን፡ ኣብ ድሕሪ መስመር ጸላኢ ሰሎኹ። ድብያታት እናፍሸሉን፡ ጸቢብ መጻወድያ ጸላኢ እናመከቱ ከኣ፡ ነቲ ኣብ ገጠር ዝነብር ዕድል ዘይረኸበ ህዝብና ጮራ ትምህርቲ ዘርኣዩን፡ ህላዌ ሰውራ ዘበሰሩን፡ ዝማህመነ ተስፋ ዘበራበሩን፡ ኻኹሉ ብድሆታት ብትብዓ ትን ቖራጽነትን ዝገጠሙ ምዑታት -ጋኑ ተመሃሮ ቤት-ትምህርቲ ሰውራ፡ መም በራኺ ዘፍረዮም ኢዮም። ብ1987 ዓ .ም ኣብ ዝተጋብአ 2ይ ውድባዊ ጉባኤ፡ ጕባኤኛታት ንበራኺ ኣባል ማእከላይ ሽማግለ ንኻልኣይ ግዜ መረጽዎ። ናይቲ ድሕሪ ጉባኤ ዝቖመ ብተጋዳላይ ሮመዳን መሓመድ ኑር ዝምራሕ ሓድሽ "ክፍሊ ፍትሒ" ምክትል ኰይኑ ድማ ስርሑ ቀጸለ። ምስቶም ናይ ሕጊ ምሁራት ተጋደልቲ ኰይኑ ከኣ፡ ንነዊሕ ዝጥምት ምዕቡል ሲቪላዊን፡ ወተሃደራዊን፡ ገበናዊን ሕጊታት ኣርቂቑ ድሕሪ ምውድኡ ናጽነት ኣርከበ። ድሕሪ ሃገራዊ ናጽነት ንሓጺር ግዜ ናብ ክፍሊ ትምህርቲ ተመሊሱ፡ መግዛእቲ ኣገስሪጥዎ ዝጸንሐ ስርዓተ-ትምህርቲ (ካሪክለም) ኣሪሙ፣ ብቕዓት መማህራንን ደረጃ ትምህርቲን ንምምዕባል፡ ኣብ ዳግመ ህንጻ ሃገር ግዲኡ ከበርክት እጅገኡ ሰብሲቡ ምስ ተበገሰ፡ ካብቲ ክፍሊ ተኣልዩ ናብ ክፍሊ ዜና ተቐየረ። ነዊሕ ከይጸንሐ ኣብ 3ይ ውድባዊ ጉባኤ ኣባል ማእከላይን ሃገራዊን ባይቶታትን ኰይኑ ተመርጸ'ሞ፡ ኣብ ሚኒስትሪ ዜና ብደረጃ ሚኒስተር ተመዲቡ ኣገልግሎቱ ቀጸለ። እንተኾነ በቲ ዘጋጥሞ ዝነበረ ናይ ስራሕ ዕንቅፋታት፡ ብፍላይ ከኣ ምትእትታው ኢድ

ፕረዚደንት ኣብ ውሽጣዊ ስርሓት ናይቲ ምኒስትሪ፡ ካብ ኣገባብን ሕጊን ወጻኢ ስለ ዝነበረ ቅሬትኡ ብወግዒ ገለጸ። ስለ ዝነቐፍካ ተባሂሉ ድማ ንመቕጻዕቲ ካብቲ መዝነት ከም ዝወርድ ተገብረ፡ ብ1999 ዓ.ም ከኣ ካብ ሃገር ንምርሓቑ፡ ብደረጃ ኣምበሳደር ን-ርመን ተመደበ። በሪኺ ግን ሞርሉ ከይተሰብረ ዝተዋህቦ ናይ ኣምባሳዶርነት ሓላፍነት ተቐቢሉ ግቡኡ ብስርዓት ጽፈትን ኣማልአ። መም በሪኺ፡ ኣብ ሞንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝተላዕለ ናይ ዶብ ምስሕሓብ ተጋኒኑ ዘይመልክዑ ክሕዝ ምስ መረ፡ በሪኺ ሓንቲ ታሪኻዊት ደብዳበ ናብ ኢሳያስ ጽሓፈ። እዛ ደብዳበ እዚኣ ነቲ ኣርሒቑ ዝጥምት መስተውዓሊ ኣእምሮኡን፡ ኣብ ኵናት ዝነበሮ ንጹር መርገጽን ስለ እተብርህ ኩሉ ዜጋ ብኣድናቖት ይዝክራ። እታ መልእኽቲ ንፕረዚደንት ኢሳያስ ምኽሪ እትልግስ ኰይና "እቲ ናይ ኣሜርካን ሩዋንዳን እማመ- ሰላም ምስ ሙሉእ ሓይልናን ክብርናን ብመትከል ተቐቢልና ኣብ ኣተገባብርኡ ክንዋሳእ ዝሓሸ ይመስለኒ" ትብል ነበረት። ፕረሲደትን ኢሳያስ ግን "ዘርዕድን ኢድና ዘውህብን ምኽንያት የብልናን" ኢሉ ናይ መንጸግቲ መልሲ ሃቦ። መም በሪኺ ግን በቲ ኢሳያስ ዝሃቦ መልሲ ኣይተዓግተን። ናይ መወዳእታ ፍታሕ ስልጣን ንህዝቢ ኤርትራ ምርካብ ጥራሕ እዩ ካብ ዝብል እምነት ነቒሉ ከኣ፡ ቅዋም ሃገረ ኤርትራ ኪትግበርን፡ ሃገራዊ ምርጫ ኪካየድን፡ ብውልቅን ኣብ ወግዓዊ ኣኼባታትን ተማጒተ። ቀጺሉ ምስ ካልኦት ኣባላት ባይቶ ኣኼባ ኪግበር ንኣቦ-ወንበር ባይቶ ማለት ፕረሲደት ኢሳያስ ኣፎርቂ ጠለበ። ፕረሲደትን ግን ዘይቅቡል ምስምሳት ምስ ኣብዝሐ ከኣ ናብ ኵሎም ኣባላት ውድብ ዝቐንዐት ቅልዕቲ ደብዳበ ምስ 15 ካልኦት ኣባላት ባይቶ ፈሪሙ፡ ብድሕሪኡ ብመስከረም 2000 ዓ.ም ድማ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከም ዝኣቱ ተገብረ። ዝኽበርካ ህዝቢ ኤርትራ! በሪኺ ገብረስላሰ ካብቶም ካብ ፈለማ ኣብ ህዝባዊ ሓይልታት ዝተሰለፈ፡ ኣብ እዋን ሰውራን ድሕሪ ናጽነትን ኣብ ዝተፈላላየ ላዕለዋይ ጽፍሒ ሓላፍነት ዘገልገለ፡ ኣርሒቑ ዝጥምት፡ ንነብስይ ዘይብል መናን፡ ሓላዪ ውላድካ፡ ምሕደራ ሃገር መታን ክምሓየሽ፡ ልጓም ዘሎዎ ስርዓት ንትከል ስለ ዝበለ፥ ኣተሓሕዛ ጉዳይ ዶብ ከኣ ኣብ ክንዲ ብህልኽ ናይ ክሊቲኦም መራሕቲ ዝዝረግ፡ ፍታሕ ንርከብ ዝብል ርእይቶ ስለ ዘቕረበ፡ ሎሚ ኣብ ሰብ ዘይፈልጦ ጸልማት ተደፊኑ ኣሎ። በሪኺ ውላድካ መታን ህዝቢ ኪሓልፈሉ ተማጒቱ እዩሞ፡ ሕጂ ከኣ ግዴኻ ተማጎተሉ። ምዑታት ተመሃሮ ቤት-ትምህርቲ ሰውራ! እቲ ኣብ ግዜ ንእስነትኩም፡ ቦታ ኣደን ኣቦን ኾይኑ ኺትክእ ህርድግ ዝበለ መምህርኩም፡ ሓላፊኹምን፡ ብጻይኩምን በሪኺ ሎሚ ኣብቲ ፍረ ጻምኡ ዝርእየሉ ዕድመ፡ ካብ ምንክርታትን ድኻምን ኣዕሪፉ ምስቶም ዘፍረዮም ተመሃሮ ዝዛናጋዓሉ መዋእል፡ ኣብቲ ካብ ኩሉ ሰብ ዝተሰውረ ሽላ ቤት-ማእሰርቲ ህ.ግ.ደ.ፍ ይሳቐ ኣሎ። ንበሪኺ ኪቃወም ዝደረኾ እታ ንሸኻትኩም እትርከብዋ ኤርትራ፡ ኵላህና እኽኮርዓላ፡ ቅስንትን ምዕብልትን ሃገር ኾይትከውን ስለ ዝተቓለሰ እዩ። ኣብዛ እዋን ኣብ ማእሰርቲ ኮይኑ'ውን ብዛዕባ ነብሱ ዘይኮነስ ብዛዕባኹም ይሓስብ ምህላዉ ዘየጠራጥር እዩ። ንሸኻትኩም'ከ? በሪኺ ፍርድን ፍትሕን ኣብ ዘይረኽበሉ ገሃነም ካብ ተሰወረ፡ ነዚ ስርዓት "ንበሪኺ እዚ ኢዱ ኣይኮነን" ክትብልዎ ሞራላውን ሕልናውን ግዴታ ኣሎኩም። ዝዓቤኹምላን ዝኸፈልኩምላን ሃገር ትብጻሓኩም እያሞ፡ ሓደራ ንውሑዳት ሱሱዓት ኣሕሊፍኩም ኣይትሃብዋ።-

<u>**ተጋዳላይ ሓምድ ሕምድ መን'ዩ ?**</u> ኣቶ ሓምድ ሕምድ መን'ዩ ? "ዝኣተናዮ መ በጽዓ ንሕና እንተከዲዕናዮ ድኣ መን ኪትግብሮ ኢዩ ?" ሓምድ ብ1957 ዓ.ም ኣብ ገዳርፍ ተወሊዱ፡ ናይ 1ይን 2ይን ደረጃ ትምህርቱ ድማ ኣብኡ ወድአ። ተመሃራይ ኣብ ዝነበረሉ እዋን፡ ስሩዕ ውድብ ህዝባዊ ሓይልታት ኰይኑ እናተንቀሳቐሰ እንከሎ፡ ዑስማን ሳልሕ ሰበ ካብ ህ.ሓ.ሓ.ኤ ስለ ዝተፈንጨለ፡ ሓምድ ነቲ ኣብ ገዳርፍ ዝነበረ ንጥፈታት ሓፋሽ ውድባት፡ ብፍላይ ድማ ማቕበር ተመሃሮ፡ ምስ'ቲ ኣብ ሜዳ ዝነበረ ሓይሊ ህ.ሓ.ሓ.ኤ ንምትእስሳር ካብ ዝተቓለሱ ተመሃሮ ኢዩ። ስድራ-ቤት ኣቶ ሓምድ ሕምድ፡ ካብቲ ኣብ ቆላታት ኤርትራ ብመንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ህዝብና ዝወርድ ዝነበረ ግፍዕታት ንምርሓቕ፡ ኣብ ጎረቤት ሃገር ሱዳን ተሰዲዶም ንነዊሕ ዓመታት ተቐመጡ። ስድራ-ቤቱ ዋላ'ኳ ኣብ ስደት ነዊሕ እንተነበሩ፡ ብጉዳይ ሃገሮም ኣዝዮም ዝግደሱን፡ ካብኦም ዝሕተት ሃገራዊ ግቡእ ዘማልኡን ከም ዝነበሩ ይንገር'ዩ። ኣብ ስደት ኣብ ዝነበርሉ ግዜ ኣብ ህዝባዊ ሓይልታት ተወዲቦም ይንቀሳቀሱ ስለ ዝነበሩ፡ ሓምድ ካብ ስድርኡ ብዙሕ ተማህረ። ካብ ንእስነቱ ኣትሒዙ ኸኣ ኣብ ፖለቲካ ጉዳይ ሃገሩ ልዑል ተገዳስነት ኣሕደረ። ብድሕሪ'ዚ 2ይ ደረጃ ትምህርቱ ንምዝዛም ንሃገረ ግብጺ ከደ። ኣብ'ቲ ግዜ'ቲ ኣብ ግብጺ ማሕበር ተመሃሮ ኤርትራውያን ንምምስራት ብንጡፋት ኤርትራውያን ተመሃሮ ምንቅስቓስ ተጀመረ። ሓምድ ከኣ ሓደ ካብቶም ነቲ ማሕበር ንምቛም ኣገዳሲ ተራ ካብ ዝነበሮም ተመሃሮ ነበረ። ብድሕሪኡ ሓምድ ትምህርቱ ንምቅጻል ንዒራቕ ከይዱ፡ ኣብ ዩኒቨርስቲ ናይ ዒራቕ ስነ ቅመም ተማህረ፡ ብናይ ባችለር ዲግሪ መዓርግ ድማ ተመረቐ። ኣብ ዒራቕ ዝነጣጠፍ ዝነበረ ሃ.ማ.ማ.ት.ኤ ኣብ ቅዋሙ ዝኾነ ተመሃራይ ድሕሪ ትምህርቱ ምውዳእ ኣብ ሜዳ ኪስለፍ ስለዝወሰነ፡ ሓምድ'ውን ከም ኩሎም ኤርትራውያን ተመሃሮ ኣብ ዒራቕ ሜዳ ኪኣቱ እኳ እንተተበገሰ፡ ነቲ ኣብ ሊብናን ዝነበረ ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት

ሃ.ግ.ግ.ት.ኤ፣ ናብ ሱዳን ኪመጽእ ንኩሉ ንጥፈት ማሕበር ተመሃሮ ማእከላይ ምብራቕ ከኣ ከወሃህድ ስለዝተወሰነ፣ ሓላፊ ኰይኑ ኣብ ሱዳን ስራሕ ብሓድሽ መንፈስ -መረ። ንኩሉ ኣብ ከባቢ ማእከላይ ምብራቅ ዝካየድ ዝነበረ ንጥፈታት ድማ ብልዑል ደረጃ ተወፋይነት መሪሑ፣ ሃ.ግ.ግ.ት.ኤ ብዓቕምን ብቑጽርን ንኺሩ፣ ኣባላቱ ኣብቲ ዝለዓለ ጥርዚ ከም ዝበጽሑ ካብ ዝገበሩ መራሕቲ ሓደ ሓምድ እዩ ኔሩ። ሓምድ ኣብ ምንቅስቓስ ማሕበር ተመሃሮ ብተወፋይነትን ትግሃትን ነጢፉ፣ ነቲ ኣብ'ቲ እዋናት እቲ፣ ካብ ሓደ መንእሰይ ዝጥለብ ዝነበረ ብድሆታት ሰጊሩ፣ ንብዙሓት ኣብ ወጻኢ ሃገራት ዝነብሩ መንእሰያት፣ ኣብ ጉዳይ ሃገሮምን ህዝቦምን ከም ዝግደሱን፣ ነቒሖም እጃሞም ከም ዘበርክቱን ኣብ ምግባር ተዋሲኡ ኢዩ። ኣብ ሜዳ ኣብ 1986 ዓ.ም ዝተኻየደ ጉባኤ ሃገራዊ ማሕበር ተመሃሮ ኤርትራ ድማ ኣባል ፈጻሚት ሽማግለ ብምዃን፣ ሓላፊ ዜናን ሓበሬታን ኰይኑ ንመንእሰያት ዘጕሳጕስ ጽሑፋትን ሓበሬታን ኣብ ምድላውን ምዝርጋሕን ተዋፈረ። ብ1987 ዓ.ም ኣብ ዝተኻየደ ካልኣይ ውድባዊ ጉባኤ ህ.ግ.ሓ.ኤ፣ ማሕበር ተመሃሮ ወኪሉ ጉባኤ ተሳተፈ'ሞ፣ ብጉባኤኛታት ኣባል ማእከላይ ሽማግለ ክኸውን ተመርጸ። ኣብ ወጻኢ ዝምድናታት ተመዲቡ ከኣ፣ ኣብ ዞባ ሱዳን ምክትል ጸሓፊ ቤት-ጽሕፈት ሱዳን ኰይኑ ንጥፈታት ቤት ጽሕፈት መርሐ። ሓምድ ኣብ ሱዳን ተወሊዱ ስለ ዝዓበየ፣ ኣገባብን ባህልን ናይቲ ሃገር'ውን ብቀሊሉ ስለ ዝፈልጦን ዝርድኦን፣ ኣብ'ቲ ስርዓት'ውን መተዓብይቲን መማህርቲን ስለ ዝነበሩ፣ ኣብ ምምዕባል ዝምድናታት ክልቲአን ሃገራት ይኹን፣ ኣብ ውሽጢ ሱዳን ዘድሊ ስርሓት ኣብ ምስላጥ ዓቢ ተራ ካብ ዝነበሮም ሓደ ኰይኑ ክሳብ ግዜ ነጻነት ብተወፋይነት ሰርሐ። ድሕሪ ነጻነት ኣመሓዳሪ ኣውራጃ ሰንሒት ኰይኑ ተመዘዘ። ነዊሕ ከይጸንሐ ኸኣ ናብ ወጻኢ ጉዳያት ተመሊሱ፣ ናብ ሱዑድያ ብደረጃ ኣምበሳደርነት ተመዲቡ ንኣስታት 6 ወርሒ ዝኸውን ኣገልገለ። ኣብ 1994 ዓ.ም ኣብ ዝተገበረ 3ይ ውድባዊ ጉባኤ ኣባል ማእከላይ ባይቶን ፈጻሚት ሽማግለን ህ.ግ.ደፍ ኰይኑ ምስ ተመርጸ፣ ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ ከም ሓላፊ ህ.ግ.ደ.ፍ ናይ'ቲ ዞባ'ቲ ንክልተ ዓመት ሰርሐ። ብ1997 ዓ.ም ኣብ ሚኒስትሪ ወጻኢ ጉዳያት ተመዲቡ ሓላፊ ጠረጴዛ ማእከላይ ምብራቕን ሰሜን ኣፍሪቃን ኰይኑ ኣበርክቶኡ ቀጸለ። ኣውዳድባ ሚኒስትሪ ወጻኢ ጉዳያት ምስ ተቀየረ፣ ብደረጃ ዳይረክተር -ነራል፣ ሓላፊ ፖለቲካዊ ጉዳያት ኰይኑ፣ ንፖለቲካዊ ስራሓትን ዝምድናታትን ሃገራት ኣብ ዝምልከት ዕማማትን መጽናዕትታትን ይከታተል ነበረ። ˊ በ2000 ዓ.ም ሓምድ ምስ መንግስቲ ሱዳን ዝነበረና ዝምድና ናብ ንቡር ንምምላስ ከም ፍሉይ ልኡኽ ብፕረዚደንት ተመዚዙ፣ ነቲ ምስ ሱዳን ዘጋጠመ ዘይምርድዳእን ዘይምስምማዕን ኣብ ምፍታሕን ምርግጋእን ዓቢ ተራ ነበሮ። ዝምድና ኤርትራን ሱዳንን ናብ ንቡር ተመሊሱ፣ ኤምባሲታት ክልቲኣተን ሃገራት ከም ቀደሙ ንኪቅጽል ስምምዕ ምስ ተበጽሐ ከኣ፣ ኣብ ሱዳን ኤምባሲ ኤርትራ መስሪቱ፣ ንዝተወሀቦ ዕማም ወዲኡ ተመልሰ። ሓምድ ኣብ ሽምግልና ማያዊ ዶባት ምስ የመንን፣ ኣብቲ ምስ ኢትዮጵያ ኣብ ኣል-ርስ ዝነበረ ናይ ዶብ ሽምግልናን ልኡኽ ብምዃን ተዋሲኡ። ብዘይካ'ዚ ሓምድ ብመንግስቲ ኤርትራ ንፍሉይ ዕማም ን6 ወርሒ ተላኢኹ፣ ዝምድናታት መንግስቲ ኤርትራ ምስ ማሕበር ዓረብ ማለት ኣራብ ሊግ ንምቕናዕ፣ ምስ መንግስቲ ዒራቕ ዝነበረ ዝምድናታት ከኣ ንምዕራይ ጻዓረ። ነዚ ዕማም ድሕሪ ምውድኡ ከኣ ኣብ ዓ ፥ራቕ ከም ኣምባሳደር ንክሰርሕ ተመደበ። እንተኾነ ኣብ ውሽጢ መንግስቲ ዝምዕብል ዝነበረ ፖለቲካዊ ቅልውላው ይንህር ስለዝነበረ፣ ሓምድ ከኣ ሓደ ካብቶም ንለውጢ ዓው ኢሉ ዝጣበቕ ኣባል ባይቶ ስለዝኾነ፥ ኣብታ ፍልይቲ እዋን ከም ኣምባሳደር ናብ ዒራቕ ምምዳቡ፣ ካብ'ቲ ዝነበረ ኩነታት ንምእላዪ ዝተገበረ ውዲት ድኣ እምበር ብቅንዕና ከምዘይኮነ ተረድአ። ስለዚ ነቲ ሓላፍነት ብምሉእ ልቡ ኣይተቀበሎን፣ ኣይሰርሓሉን ከኣ። ሓምድ መጻሕፍቲ ምንባብ ዝፈቱ፣ ኣብ ፖለቲካ ዘዘንበለ ዕላልን ክትዕን ዘዘውትር ምሁር ኢዩ። ንዝተራእዮ ጉድለትን፣ ንዝኣመነሉ መርገጺን ብጋህዲ ናይ ምዝራብ ባህርይ ስለዝነበሮ፣ ብዛዕባ ጠንቅን ሳዕቤንን 3ይ ወራር ወያኔ ብዘይ ቃል-ዓለም ሓቂ ኢዩ ዝበሎ ይዛረብ ስለዝነበረ፣ ብወርሒ 8/2000 ዓ.ም ናብ ኒውዮርክ ገይሹ እንከሎ፣ ስድራቤተ ፥ን ፈተውቱን፣ ከዕርፍን ኣመት ነብሱ ኪገብርን ይምዕድዎ እኳ እንተነበሩ "ዝኣተኹዎ መብጽዓ ኣነ እንተጠሊመ ድኣ መን ኪትግብሮ ኢዩ?" ዝብል ሕልና ስለዝደረኾ፣ እቲ ዘንጸላሉ ዝነበረ ሓደጋ እናተራእዮ ናብ ዓዲ ተመልሰ። ሓምድ ጉድለታትና ገምጊምና፣ ብምርድዳእ ንፍትሓዮ ካብ ዝበሉን፣ ተሪር መርገጺ ወሲዶም ኣብ ቅልዕቲ ደብዳቤ ካብ ዝፈረሙ 15 ኣባላት ባይቶ ሓደ ኢዩ። ምስቶም ቃሎም ከይዓጸፉ፣ ዝኣተውዎ መብጽዓ ኪትግብሩ ጠጠው ዝበሉ 10 ኣባላት ባይቶ ድማ መስከረም/2001 ዓ.ም ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከም ዝኣቱ ተጌሩ። ኣብ ቤት ማእሰርቲ ካብ ዘለው ኣባላት ባይቶ ብዕድመ እቲ ዝነኣሰ ኰይኑ፣ ነዚ ኣፍራይ ዝኾነ ዕድመኡ ተሓቢሱ ብቐንፈዘው የሕልፎ ብምህላው ግን ኣዝዩ ዘሕዝንን፣ ሕማቕ መርኣዪ መጻኢ ዕድል መንእሰያትን ስለ ዝኾነ ድርብ ክሳራ ኢዩ። ክቡር ህዝቢ ኤርትራ! ሓምድ ሕምድ ካብቶም ካብ ንግሆ ደርገፍገፍ ጉዕዞ መንግስቲ ኤርትራ ዝተራእዮ፣ እቲ ስርዓት ካብ መንገዱ ምስ ኣልገሰ ኸኣ ብኣጋኡ ንምእራም ዝተበገሰ መራሒ ኢዩ። ንህግደፍ ንምቅናዕ ወትሩ ኣብ

ኣኼባታትን ብውልቅን፡ ምስ ሓለፍቲ ኮነ ካድራት ካብ ምምይያጥን ምክታዕን ዓዲ ኣይወዓለን። ሓምድ ከም ላዕለዋይ ካድር ናይ ህግደፍ ነቲ ውሽጣዊ ኣሰራርሓ ኣድቂቑ ስለዝፈልጦ ንሕመቕን ዘይብቕዓትን ናይ ህግደፍ መሪሕነት ብቕንዕናን ብዘይ ንሕስያ ከም ዝነቐፈ ይንገር እዩ። ናይ ህግደፍ መሪሕነት ድኹም ስለዝኾነ፡ ተጸጋዊ ጥራሕ ኮይኑ ኪምራሕ እምበር ክመርሕ ከም ዘይክእል ከኣ ሽዓ ኢሉ ኣስተብሂሉሉ እዩ። ህግደፍ ብዝኾነ መለክዒ ንዝሓለፈ ታሪኽ ሰውራና ኮነ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ስለ ዘየንጸባርቕ፡ ሓምድ "ህግደፍ ከም ውድብ ኪቕጽል የብሉን" በለ። ክቡር ህዝብና፡ ሓምድ ውላድኩም ከምዚ ክብል እንከሎ፡ ህዝቢ ኤርትራ ንዕኡ ዝበቅዕ ስርዓት ኣይረኸበን ማለቱ ኢዩ። ሓምድ ከም ላዕለዋይ ሓላፍን ካድርን፡ ኣብ ህግደፍን መንግስትን ኤርትራን ጽግዕ ኢሉ፡ ንውልቁ ብሰላም ጣጢሑ ብጸጋ ምነበረ፤ እንተኾነ ሓምድ ምቾት ንበይኑ ኣይመረጸን። ስለዚ ንኹላትና መታን ክጥዕመና ኢሉ ጌጋታት መንግስቲ ኣብ ክንዲ መዓር ምልሓስ፡ ኣሪምና ሃገርና መታን ከነሕዊ፡ ነቲ ኣብ መንጎ ህግደፍን መንግስትን ዘሎ ምድብላቕ ምፍንታት፡ ነቲ ኣብ መንጎ ህዝብን መንግስትን ዘሎ ጋግ ከኣ ምቅርራብ የድሊ በለ። እዚ ካብ ፍርያም ኣእምሮ ሓምድ ዝፈልፈለ ሓቂ፡ ሎሚ ኩላትኩም ብግብሪ ትርእይዎ ኣሎኹም። ተባዕ ህዝብና! ኣብ መወዳእታ ፈዋሲ ናይ ሃገር ሕማም ንሸኻ ኢኻ እሞ፡ ነቶም ካብ ሓቂ መሕብኢ በዓቲ ክገብሩኻ ዝህቅኑ ዘለዉ ምስሉያት ኣቃሊዕካ፡ ነቶም ግዳይ ናይ ሓቂ ዝኾኑ ዘለዉ ብሉጻት ደቅኻ ካብ ጸልማት ናብ ብርሃን ከተውጽኦም ግቡእካ እዩ። እቲ ሓምድ ዝተኣሰረሉ ሓቂ ካባኻ ካብ ህዝቢ ኤርትራ ዝወረሶ ኢዩ እሞ፡ ሕጂ ሓምድ ውላድካ "እታ ሓቂ ድኣ ኣበይ ኣቢላ?" ይብል ስለ ዘሎ፡ መልሰሉ። --/--

**ተጋዳላይ ጀርማኖ ናቲ መን'ዩ ?** ኣቶ ጀርማኖ ናቲ መን'ዩ ? ተጋዳላይ -ርማኖ ኣብ 70ታት ብዝነበሮ ርሱን ሃገራዊ ስምዒት ተደሪኹ ናብ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ን1976 ተሰለፈ። ኣብ ክፍሊ ታዕሊም ዘድሊ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ትምህርቲ ድሕሪ ምቕሳም ኣብ ገድላዊ ዕማማት ተዋፊሩ ብተወፋይነት ዝተቃለሰ ገዲም ተጋዳላይ ኢዩ። ካብ 1978-1981ዓ.ም ኣብ ክፍሊ ፖለቲካዊ ምንቅቃሕ ትምህርትን ባህልን ኣብ ጨንፈር መጽናዕቲ ተመዲቡ ኣብኡ ንዝካየድ ዝነበረ ንፖለቲካዊ መጽናዕትታት ምድላው ጽሑፋትን ዝምልከት ዕማም ተዋፊሩ ብፍላይ ድማ ብቋንቋ ኩናማ ዝዳሎ ዝነበረ ጽሑፋት ኣብ ምድላው እጃሙን ግቡኡን ብተወፋይነት ዘማልአ ዜጋ ኢዩ። ተጋዳላይ -ርማኖ ኣብ ተወሊዱ ዝዓበየሉ ኣከባቢ ትሑት ናይ ትምህርቲ ዕድል እኳ እንተነበረ ድሓን ዕድል ስለ ዘጋጠሞ ኣብ ሰሚናርዮ ብቋንቋ ጥልያን ኢዩ ተማሂሩ፣ ኣብ ሜዳ ዘካይዶ ዝነበረ መጽናዕትታት'ውን ብቋንቋ ጥልያን ኢዩ ነይሩ። ኣብ 80ታት ዞባ ጋሽ-ባርካ ከባቢ ባረንቱ ሓላፊ ክፍሊ ህዝባዊ ምምሕዳር ኰይኑ ነቲ ኣብቲ ከባቢ ዝነበረ ድብያታት ጸላኢ እናሰገረ ህዝቢ ኣብ ምውዳብን ምንቃሕን ተዋፊሩ ከም ተራን ሓላፍን ኰይኑ ዝተዋስአ ብልዑል ደረጃ ዝተጋደለ ካድር ኢዩ። ኣብ ከባቢ ባረንቱ ብፍላይ ድማ ዉሉድ ቢሔረ ኵናማ ስለ ዝኾነ ንቛንቋን ባህልን ኵናማ እናኣማዕበለ ምስ'ቶም ዘይፈልጥዎ ድማ እናኣፋለጠ ብዙሕ ጻዕርታት ኣካይዱ፣ ዓቢ ውጽኢት'ውን ኣምጺኡ እዩ። ንቡዙሓት ከኣ ተቓሊሱ ከም ዘቃለሰ ኵሉ ዝፈልጦ ተጋዳላይ ዝምስክረሉ ሓቂ'ዩ። ጀርማኖ ንእምነታት ሰውራ ኤርትራ ኣብ ጋሽ-ባርካ ብርቱዕ ጐስጓሳት ብምክያድ ንቡዙሓት ምስ ሰውርኦም ኪተሓጋገዙን ኣብ ጉዳይ ሃገሮም ከም ዝግደሱን፡ ተርኦም ኣብ ቃልሲ ኸኣ ንከዕዝዙን ፍሉይ ተራ ዝነበሮ ጽኑዑን እሙንን ኣብ መትከል-ሰውራ ደው ኢሉ ንዕስራን ሓሙሽተን ዓመታት ዝተገደለ ገዲም ተጋዳላይ ኢዩ። ተጋዳላይ ጀርማኖ ህዱእን ልዙብ ጠባይ ስለ ዝነበሮ ምስ ህዝቢ ኪረዳዳእ'ውን ጸገም ስለዘይነበሮ ኣብ ከባቢ ጋሽ-ባርካ ኣብ ዝነበረሉ እዋን ብዘካ ምስ ተቀማጢ'ዚ ህዝቢ ምስ'ቲ ናብ'ቲ ከባቢ ዝመጽእ ገያሺ ህዝቢ፡ ማለት እቶም ንንግዳዊ ጉዳያትን ይኸኑ ንናይ ሕርሻን መጓሰን ስርሓት፡ ካብኡ ሓሊፉ'ውን ሱዳን ንምስጋር ምስ ኩሉ እናተወሃሃደ ዕማማት ክፍሊ ህዝባዊ ምምሕዳር ኣብ ምስላጥን (ምውዳብን ምንቓሕን) ኣብቲ ኣከባቢ ንዝነበረ ወተሃደራዊ ኩነታት ናይ ጸላኢ ሰልኩታት ንምፍሻልን ምቹእ ባይታ ኣብ ምፍጣር ምስ ኣብቲ ከባቢ ዝነበሩ ሓለፍቲ እናተረዳድአ ልዑል ተራ ዝተጻወተ መራሒ ኢዩ ኔሩ ኢሎም ብጾቱ ይምስክሩሉ። መንግስቲ ኢትዮጵያ ምስ ትሑት ቁጠባዊ ዓቅምን ደረጃ መነባብሮ ብሄር ኩናማ ሓላይን ተገዳሲ እናመሰለ ኤርትራውነት ናይዚ ብሄር ከህስስን ኣብ ዘካየዶ ዝነበረ ቃልሲ ሓያል'ዩ ነይሩ። ህዝቢ ኵናማ ኣብ ልዕሊ ህዝባዊ ግንባር ጽልእን ቅርሕንትን ንከሕድር ብዙሕ'ዩ ጐስጕሱ፣ "ኣብ ከባቢኹም ሻዕቢያ እንተድኣ መጺአ ከተጥፍኣኩም እያ" እናበለ ንብዙሓት ካብ'ዚ ብሄር ክምዝጠራጠሩን ክምዝፈርሑን፡ ዝተወለዱላን ዝዓበዩላን ዓዶም ሓዲጎም ከኣ ከም ዝስደዱን ዝጠፍኡን ይገብር ስለዝነበረ ጀርማኖ ነዚ ንምትህድዳእን መንነትን ቅንዕና ሃገራዊ ቃልሲ ክምዝርድኡን ሕሱር ፕሮፖጋንዳ ደርግ ከምዝቃላዕን ዘድሊ ዘበለ ጎስጓስ እናኣካየደ ንብዙሓት ዘረጋግአ ኤርትራውነቶም ኪዕቅቡን ተሪሮም ምስ ሰውርኦም ኪቓለሱን ካብ ዝገበሩ ኣብ ታሪኽ ኤርትራ ልዕሉ ቦታ ዘሎዎ ተጋዳልይ እዩ። ጀርማኖ ኣብ ክባቢ ጋሽ-ባርካ ቅድምን ድሕሪ ነጻነት ንነዊሕ ዓመታት ኢዩ ተጋዲሉን ሰሪሑን እቲ ዞባ ዕሙር ናይ ንግድን

ማሕረስን ኣከባቢ ብዙሓት ኣውፈርትን ነጋዶን ዝመላለስዎ ዞባ ኪነሱ ኣብ ኣብ ጣዕመ ስጋን ምቾትን ከይኣተወ ክምሓላፍን ነዊሕ ዓመታት ኣብ'ዚ ዞባ ዝገበረን ነብሱ ኣትሒቱ ንዝተዋህቦ ሓላፍነት ኣብ ምትግባር ዝጎየ ዝነበረ መራሒ ኢዩ ኄሩ። ብ1994ዓ.ም ኣብ ዝተጋብኣ 3ይ ውድባዊ ጉባኤ ኣባል ሃገራዊ ባይቶ ማእከላይ ባይቶን ፈጻሚ ቤት-ጽሕፈት ኰይኑ ተመሪጹ። ብድሕሪኡ ኣብ ዞባ ጋሽ-ሰቲት ድማ ኣመሓዳሪ ኰይኑ ሰሪሑ። ንዳግመ ህንጻ ሃገር ኣብ'ቲ ንነዊሕ ኣዋን ዝሰርሓሉ ከባቢ ለውጥን ምዕባሌ ክምጽእ ተዳልዩ ዝተበገሰ ኰይኑ ኣብ'ዚ ዞባ ኣብ ዝካየድ ዝነበረ ንጥፈታት ብተወፋይነት ክሰርሕ ድሕሪ ምጽናሕ እኳ ኣብ ዘመሓድረሉ ኣከባቢን ከተማ ባረንቱ ኣብ 3ይ ወራር ዝተራእየ ውድቀትን ድካምን ብግብሪ ካብ ዝተዓዘቡ መራሕቲ ሓደ ብምንባሩ ነቲ ኣብ መንጎ መንግስቲ ዝተራእየ ሕጽረትን ድኻምን ኪእርም ተበጊሱ፣ ጀርማኖ እዚ ድኻም'ዚ ሳዕቤን ናይ ብዘይ ሕገ-መንግስቲ ምስራሕን ተሓታትነት ዘይብሉ ኣሰራርሓን ኢዩ ካብ ዝብል እምነቱ ተበጊሱ ንምእራምን ጠለብ ኣኼባ ንምምላእ ካብ ዝፈረሙ ኣባላት ባይቶ ኰይኑ፣ ምስእቶም ተሪሮም ቃሎም ዘይዓጸፉ 11 ኣባላት ባይቶ ድማ ብ2000 ዓ.ም ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ክምዝኣቱ ተጌሩ። ጀርማኖ ህዝብና ዓበይቲ ብድሆታትን ኣደናገርቲ ዕንቅፋታትን የጋጥሙዎ ከም ዝነበሩ ድሕሪ ምዕዛብ ብቅሉዕ ንምስግጋር ስልጣን ናብ ህዝቢ ዝሓተተ ተባዕ ተጋዳላይ ኢዩ። “ሓገግትን ፈጸምትን ኣካላት ግንባርን መንግስትን ብምዱብ ኣኼባታቶም፣ ኣባላት ግንባርን ሓፋሽ ህዝብን ድማ ብናጻን ቅሉዕን መድርኻት ከይካትዑ፣ ከሎ ጌና ኸኣ ገምጋማቶም መታን ከይገብሩ፣ ግንባራውን መንግስታውን መሰጋገሪ ቅዋማትን ዉሳኔታትን ባይቶታቶምን ብምጥሓስ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ህግደፍ ይዕንቅፍ ስለዘሎ እዚ ጸገምዚ ሕጂ ንእለዮ” በለ። ፕረሲደንት ኢስያስ ግን በዚ ኣይተሓጎሰን። ዝኽበርካ ህዝቢ ኤርትራ ጀርማኖ ሓደ ካብቶም ብጽንዓትን እምነትን ዝተጋደሉን ኣብነት ብምዃን ዝመርሓን ውፍይ መራሒ ኢዩ ነይሩ። ኣብ'ዚ ንነዊሕ እዋን ዝተጋደለሉ ዞባን ህዝብን ካብ 1977 ዓ.ም ኣትሒዙ በብግዜኡ ብፍላይ ኣብ ከተማ ባረንቱ ዝወረደ ግፍዕን ውግእን ምብትታን ስድራቤታትን ክም መራሕን ካድርን ኰይኑ ንልዕሊ 20 ዓመት ዝተከታተለ ምረትን ግፍዒን ዘስተማቀረ፣ ነጻነት ኰይኑ ድማ ድሕሪ ደጊም ምዕባሌን ሰላምን ቅሳነትን ራህዋ ኢዩ ኪመጽእ ኢሉ ዘተስፈወን ዘይሕለሎ ተቓላሳይ ኢዩ ነይሩ። ዘይተጸበዮ ሕማቕን ደግሲ ምብትታንን ጥፍኣትን ኣብ ዝረኣየሉ ክም ኣመሓዳሪ ሓላፍን ነቲ ብኣካል ዝረኣዮን ዝተዋስኣሉን ኪእርም እንታይ ኢዩ ጠንቂ ውድቐትን ጥፍኣትን ኪብል ኣግብኦን ድዩ ? ጀርማኖ ህዝቢ ኪጋፋዕ ኪዛናበል ነፍሰ-ጾራት ሓራሳት ቆልዑ ብዝተተኰሰ ጠያይት ኪወድቁ ዝርኣየ ክንዲ ህዝቡ ዝሓመመን ዝተጣበቀ ሎሚ ኣብ ጸልማት ቤት-ማእሰርቲ ህ.ግ.ደ.ፍ'ውያን ኪሳቀ ክሎ ኪንሓተሉን ኪንማጕተሉን ኣይግብኣናን ዲዩ ? ኤርትራዊ ብዱል ኣካልናዶ ኣይኮነን ? ዝኸበርኩም ኣምበብትን ሰማዕትናን ንሎሚ ኣብዚ ንዓጹ ኣርእስትና ቀጻሊ እዩ !! ድምጽና ድምጺ ውጹዓት እዩ !! ሕቶና ሕቶ ብዱላት እዩ !!

***ተጋዳሊት ኣስቴር መን'ያ ?*** ንወ/ሮ ኣስቴር ፍስሓጽዮን ሰሎሙን፣ ቁም-ነገራን ኣበርክቶኣን ኣብ ዝተኻየደ ሃገራዊ ቃልሲ ዝነበራ ተራን፣ ኣይኰነንዶ ብቐረባ ምስኣ ዝተጋደለ፣ ካብ ተጋዳላይን ኣባል ሓፋሽ ዉድባትን ተራ-ህዝብን ዘይፈልጣ ብቁጽሪ ኣዝዩ ውሑድ'ዩ። ኣስቴር ኣብ ግዜ ቃልሲ ሰገጥ ከይበለት ብሉዑል ፍናንን ተወፋይነትን ንነጻነት ኤርትራ ግሁድ ዝገበረት፣ ብድሕሪ ነጻነት'ውን ንህንጸት ሃገር እጅጌኣ ሰብሲባ ዝተዳለወት ተባዕ ተጋዳሊት እያ። ኣስቴር ካብተን ንሻን ዝደፍኣት ብሉጻት ተጋደልቲ ክነሳ፣ እሞ ኸኣ ኣኽብሮት ናይ ኣብ ግዜ ቃልስን ድሕሪ ቃልስ ብጾታ ዘይተጋደፉ፣ ሕያወይትን ምስግንትን ተጋዳሊት ሎሚ ኣበይ ኰን ትህሉዶ ትብሉ? ኣስቴር ብ1974 ዓ.ም. ኣብ ንኡስ ዕድሜኣ ምስ'ተን ቀዳሞት፣ ብቁጽሪ ኣዝየን ዉሑዳት ዝነበራ ደቂ ኣንስትዮ እያ ተሰሊፉ። ምስ ዝነብራ ልዙብ ጠባያን ብልሕን ዓቅምን ግሩም ኣበርክቶኣን ነዊሕ ከይጸንሐት፣ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ድሕሪ ምቕሳም ኣብ ክፍሊ ታዕሊም ከም ሠላሚሽነር (መምህር ፖለቲካዊ ትምህርቲ) ኰይና ንሓደስቲ ተዓለምቲ ፖለተካዊ ትምህርትን ወተሃደራዊ ሕግን ስነ-ስርዓትን እናመሃረት፣ ብዝነበራ ብሉጽ ጠባይን ትሕትናን፣ ከምኡ'ውን ናይ ምስማዕን ምርዳእን ዓቅሚ፣ ንብዙሓት ሓደስቲ ኣብ ሃገራዊ ቃልሲ ኪቕጽሉን ተወፊዮም ሃገራዊ ግብኦም ኪፍጽሙ፣ ኣብነት ብምዃን ንቃልሲ ዝበቕዑን ዝበቕዓን ካድራትን ሰራዊትን ዝመልመለት ረዛን ካድር ኢያ ነይራ። ኣብ መደበር ታዕሊም ብሌቃት ኣብ ዝነበረትሉ እዋን ከም ሓላፊት ናይ'ቲ መደበር ኰይና ምስ ኵሎም ብጾታ ብስኒትን ትግሃትን ከተገልግል ከላ እቶም ናይ ሽዑ መራሕቲ ግንባር፣ ማለት ናይ ሎሚ ፕረዚደንት ኢሳያስ ኣፎርቂ፣ ከምኡ'ውን ሚኒስተር ማሕሙድ ሸሪፉ (ሕጂ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ መንግስቲ ዘሎ) ነቲ ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ታዕሊም ዝካይድ ዝነበረ ንጥፈታትን ምዕባሌታትን ክዕዘቡን ምስ ኣስቴር ከኣ ክላዘቡን ደጋጊሞም ይመላለሱ ስለዝነበሩ ህያው መሰኻኽር ኢዮም። ኣስተዋጽኦ ናይ ኣስቴር ልዑል ብምንባሩ፣ ድሕሪ ስትራተጂካዊ ምዝላቕ ክፍሊ ታዕሊም ኣብ ዓራግ ተጠርኒፉ ኣብ ዝነበረሉ እዋን ብደረጃ ልዑል ሓላፍነት ብተወፋይነት ንብኣሽሓት ዝቑጸሩ ተዓለምቲ ኤርትራውያን

ከምኡ'ውን ብኣሽሓት ዝቐጽሩ ንትምህርትን ተመክሮ ንምቕሳምን ዝመጹ ተጋደልትን ተዓለምትን ህ.ወ.ሓ.ትን (ወያነ) ግንባር ሓርነት ኦሮሞን መሪሓን ብጽፈት ኣልያን እያ። ዝተገበረ እስትራተጂካዊ ምዝላቅ 1978 ዓ.ፈ ኣብ ኣእምሮ ተጋደልቲ በሰላን ስግኣትን ንከየሕድር ኣብ ዝቶኻየድ ጐስጕሳዊ ስርሓትን ዓበይቲ ሰሚናራትን ሞራል ተጋድልቲ ክብ ኣብ ምባል፥ ንዝተናውሐ ቃልሲ ኪዳለው ዝጐስጐሰት ተጋዳሊት እያ። ተጋዳሊት ኣስቴር ኣብ 1977 ዓ.ም. ዝተገብረ ቀዳማይ ውድባዊ ጉባኤ ተወኪላ ነቲ ኣብ መሪሕነት ዝመጸ ኣካል ኣብ ምምራጽ ተራ ካብ ዝነበሮም እያ። ከምኡ'ውንብ1987 ዓ.ም. ዝተገብረ ውድባዊ ጉባኤ ተወኪላ ካብ'ተን መጀመርያ ኣብ'ቲ መሪሕነት ኪምረጻ ትጽቢት ዝተገብረለን'ኳ እንተነበረት ኣብዚ ምርጫ'ዚ ንምእታው ግን ዕድል ኣይረኸበትን። ብ1984 ዓ.ም. ምስ ተጋዳላይ ማሕሙድ ሽሪፉ፥ ኣባል ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ዝነበረ፥ ተመርዕያ ንወዳ ኢብራሂም ማሕሙድ ሽሪፎ ኣብ ሜዳ ኤርትራ ወሊዳ። ብ1989 ካብ ክፍሊ ታዕሊም ናብ ክፍሊ ህዝባዊ ምምሕዳር ተመዲባ፥ ብገድልዊ ስራሕ ንሃገር ኣሜሪካ ንወዳ ኢብራሂም ሓዲጋ ከይዳ። ኣብኡ ሓፋሽ ኣብ ምውዳብን ምንቃሕን ተዋፊራ ክተግልግል ድሕሪ ምጽናሕ እንደገና ንሜዳ ተመሊሳ፥ ብመሪሕ ተራ ገድላዊ ዕማማታ ድማ ቀጺላ። ብ1994 ዓ.ም. ዝተገብረ ሳልሳይ ውድባዊ ጉባኤ ክም ኣሰናዳኢት ኣካል ጉባኤ ተመሪጻ። ኣብቲ ጉባኤ ድማ ኣባል ማእከላይ ሽማግለ ኰይና ስለ ዝተመርጸት ንዝለዓለ ጽፍሒ-መሪሕነት ክትበቅዕ ክኢላ። ብድሕሪ'ዚ ኣብ ሚኒስትሪ ዕዮን-ሰብኣዊ-ድሕነትን ከም ሓላፊት ክፍሊ ማሕበራዊ ጉዳይ ኰይና ስርሓ እንዳቀጸለት፥ ብዘይተፈልጠ ምኽንያት ካብ ስርሑ ደስኪላ። ኣብ ክም'ዚ ዓይነት ኵነታት እንክላ ድማ ብ1998 ዓ.ም. ዕድል ማሕደረ ትምህርቲ ንሕ/መንግስታት ኣሜሪካ ተዋሂብዎ ዝነበረ ክም ዚሰረዝ ኰይኑ ኢዩ። ኣስቴር ነቲ ክቡር ንእስነታን ህይወታ ዘወፈየትሉን ሃገር እዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቀሰ ሃንደበታት'ኳ እንተጋጠማ ብኡ ክይተሰናበደት ካብ'ቲ ናይ ኣባል ማእከላይ ሽማግለ ስርሓታ ይኹን ኣባል ባይቶ ማሕበር ደቂ ኣንስትዮ፥ ዝንበራ ዕማማት ክይተገለለት ንዝተስከመቶ ሓላፍነት ብትግሃት ፈጺማ ኢያ። ድሕሪ ገለ ዓመታት ካብ ስራሕ ምድስካል መደስከሊኣ ከይተገለጸላ እንደገና ብደረጃ ዲረክተር-ጀነራል ኣብ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ተቅባ ዓንሰባ ተመደባ። መንግስታዊ ስራሓታ እናኣካየደት ከላ ኸኣ ኣብታ ኣባላት ማእከላይ ባይቶ ህ.ግ.ሓ.ኤ ጠለብ ኣኼባ ንምምላእ ኣብ ባይቶ ዘዳለዉዋ ኣኼባ ትጠልብ ዘዋሪ መልእኽቲ ክታማ ኣስፈራ። በዚ ምኽንያት'ዚ ድማ ብ18 ምስከረም 2001 ዓ.ም. ምስ ካልኦት ብጾታ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ-መንግስቲ ከም እትኣቱ ኰይኑ። ክቡራት ዜጋታት፥ እስክ ንድሕሪት ምልስ ኢልና ኣስቴር እንታይ ኰን ጌራ ትኸውን ኢልና ሐቢርና ንሕሰብ። እስከ ጌራቶ ትኸውን ዝብል ተኽእሎታት'ውን ንዘርዝር። ብርግጽ ኣከያይዳ መንግስቲ ነቂፋ፥ ርእይቶኣ ገሊጻ፥ ተዛሪባ፥ ጐስጒሳ፥ ... እዝስ መሳሪሒ ጸላኢ ኰይና ማለት ድዩ ? እሞ'ኸ ድኣ ? ድሕሪ ነዊሕን መሪርን ገደሊ እዛ ንዓመታት ኣብ በረኻታት ኤርትራ ንነጻነት ሃገራን ሓርነት ህዝባን ክርተት ዝበለት ተጋዳሊት፥ ኣብ ቤት ማእሰረቲ ተሪፈንኣ ዘለዎ ዓመታት ከተሕልፍሲ፡- ብመጀምርያ መን ፈሪድዎ ? ድሓር ኸኣ በየናይ ሕጊ? ብናይ መን ሕጊኸ ተፈሪዳ ? ንምኳኑ መን ዘጽደቖ ሕጊ ? ሳዕቤን ናይ ኣስቴር ማእሰርቲ ኣብኣ ጥራይ ተሓጺሩ ተርፍ ጉዳይ ኣይኰነን። ካብዚ ክንመሃሮ እንኽእል ትምህርቲ ኣሎ። እዚ ኸኣ ኤርትራዊ፡- ስለምንታይ ተጋዲሉ ? - ስለምታይ ሃገረይ ኢሉ ? - ስለምንታይክ ብሉጽ ዕድሚኡ ኣብ በረኻን ክርተትን ኣሕሊፉ ? - ድሕሪ'ዚ ኵሉ ኸኣ ስለምታይ ተኣሲሩ ? ዘኣመሰሉ ሕቶትት ክንሓትት'ዶ ኣይግባእን ? እዚኦም ንሰማዕትናን ህዝብናን ዝሕደጉ ሕቶታት ኢዮም። ... ወዘተ ...!



ታሪክ'ዩ ሰነድ'ዩ



# መልእኽቲ ብስም ኣብ ማእሰርቲ ካብ ዝርከቡ ዓሰርተ ሓደ ኣባላት ባይቶ ኤርትራ ን2ይ ጊዜና ካብ እስርቤት እንሰዳ ዘለና መዘክር !


ነዛ መልእኽቲ ንምጽሓፍ ዝደረኸና፡ ኣብ ርእስና ዝተፈጸመ ግፍዒ ንምግላጽ ወይ ከኣ ናብራ ቤት-ማእሰርቲ ንምቅላዕ ኣይኮነን። ንምንታይሲ፡ ኣብ ልዕሊ ቤተ-ሰብና ኮነ ፈተውትና ከምኡ'ውን ኣብ ውሽጥን ወጻኢን ዝርከብ ተቓላሳይ ህዝብና፡ ዘሎ ሻቕሎት ካብዚ ዘሎናዮ ማሕዩር ስለዝገድድ እዩ። እቲ ዘሻቕሎም ናትና ዘይሕጋዊ ማእሰርቲ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ነዚ ጸረ-ሕጊ ተግባር መንግስቲ ገለ መግትኢ እንተዘይተገይሩሉ ጽባሕ ሃገር ክትልከም'ያ ዝብል ስግኣት እዩ። እዚ መንግስቲ ካብ ምስ ቀረባ ዜጋታቱ ምስ ሩሑቕ ዘሎ ባዕዲ ክላዘብ ይቐሎ። ብፍላይ ከኣ እቶም ዝቐረቡ ብጾቱ፡ ነቲ ስርዓት ኣዝዮም ሩሑቓት እዮም። ካብ እንእሰር ድሮ ክልተ ዓመት ኮይኑ'ሎ፡ ክሳብ ሕጂ ከኣ ዝቐረበልና ሕቶ ወይ ክሲ የለን። ዘሕትት ወይ ከኣ ዘኽስስ ስለ ዘይብልና። ኣብ ቤት-ፍርዲ'ውን ኣይቀረብናን። ኣበይ ተኣሲርና ከም ዘሎና ንኹሉ ምስጢር'ዩ። ስለምንታይ እዚ ኹሉ ምስጢር ትብሉ ትኾኑ። ምስጢር ስሚ ደሞክራሲ እያ። እዚ ስርዓት ከኣ ነዚኣ ኣጸቢቑ ይፈልጣ እዩ። እምብኣር ክሳብ ሕጂ ብመንግስቲ ዝተግበረ እንተለዩ፡ ንገለ ካባና ንጹሃት፡ ንገለ ከኣ በደልቲ እዮም እናበለ ኣብ ክልተ ክጐጃጅል ምፍታኑ'ዩ። ንሕና ግን ዕድሜና ኮነ ተሞክሮና በዚ ጥረ ፖለቲካዊ ጸወታ ዝፍተን ኣይኮነን። እዚ ስርዓት ናኺሱ ሒዝዋ ዘሎ፡ እተን ብሕጋዊ ኣገባብ ንምእራም ኣብ ወግዓዊ ኣኼባታት ባይቶታት፡ ዘቕረብናየን ሕቶታትን፡ ብድሕሪኡ ዝሰዓበ ምስ መራሕ መግስቲ ዝተግብረ ምልውዋጥ መልእኽቲታትን እየን። ብሓጺሩ ዘሎና ፍልልይ ንህዝብናን ሰራዊትናን ምቅላዕና እዩ። መንግስቲ ኤርትራ ግን መታን ናይ ፖለቲካ ተቓወምቲ ኣሲርኩም ከይብሃል፡ ኣብ ናይ ዜና ማዕ ከናቱን፡ ኣኼባታት ባይቶታትን፡ ህዝብን፡ “ከዲያም” እናበለ የጓሳጒስ ከም ዘሎ ፈሊጥና ኣሎና። ንሕና ሙሉእ ህይወትና ንፍትሕን ሓርነትን ዝተቓለስና ዜጋታት፡ መሰረት ዘይብሉ ናይ ክድዓት ክሲ ዝለግበና ኣይኮነን። እዚ ዝብሃል ክሲ ሓቅነት እንተዝህልዎ፡ ኣብ ቅሉዕ ቤት-ፍርዲ ከቕርብና ምተሃወኸ። ናይ ፈጠራ ክሲ ስለዝኾነ ግን ኣብ ቅሉዕ ቤት ፍርዲ ኣይክንቀርብን ኢና። ጽዋ ናይዛ መኸተ ከኣ ብሓባር ድኣ ንሳተፉ'ምበር ኣብ ውሽጥና ንጹሃትን ዘይንጹሃትን ተባሂልና ኣይንከፋፈልን ኢና። ኩላትና ንጹሃት ስለ ዝኾንና። መሰዋእቲ ጥራሕ ከምዝፈልየና ፈሊጡ ኣሎ። ኹሉ ክፈልጣ ዘለዎ ሕመረት ናይዛ ጉዳይ ግን ንሕና ናይ ፖለቲካ እሱራት ኢና። ተሞክሮና ዝመሃረና ሓደ ዘየማትእ ሓቂ፡ ደሞክራስን ፍትሕን ዋጋ ከይተኸፍሎ ከም ዘይርከብ እዩ። እቲ ናይ መወዳእታ ውጽኢት ናይቲ ቃልሲ፡ ካብቲ ዝተኸፍለ ዋጋ ስለ ዝዓቢ ግን ኩሉሳዕ ትርፉ መክሰብ እዩ። ናይ ውሑዳት ስቓይን መስዋእትን ናይ ብዙሓት ራህዋ ስለ ዝፈጥር፡ ካብቲ ሓዘን እቲ ሓጎስ ይዓቢ። ብማእሰርትና ካብኡ ሓሊፉ'ውን ብመስዋእትና፡ እቲ ኩሉ ኤርትራዊ ዝጽበዮ ራህዋን ቅሳነትን ክርከብ እንተተኻኢሉ፡ ንሕና በጃ ክንሓልፍ ቅሩባት ኢና። ንሐልፍውን ኣለና። ወዮ ድኣ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ዝነበረ መስዋእቲ ኣዳልዩ'ምበር ካብቶም ዝሓለፉ ብጾትና ክንተርፍ ኣይምተግብኣን። ንሕና “ባሮት ናጽነት” ኣይኘኸውንን ዘበለና፡ ባርነትን ናጽነትን መጓዓዝቲ ስለ ዘይኮኑ፣ ሓደ ዜጋ ንኹሉ ናጽነት ኪግብት፡ ካልእ ከኣ ክሕረም፡ ወይ'ውን ሓደ ዜጋ ክንዲ ኩላትና ዜጋታት ክኸውን ከም ዘይክእል ስለ እንኣምን እዩ። ዓማጺ መንግስቲ ኤርትራን፡ ተዓማጺ ህዝቢ ኤርትራን ብሓባር ኣብ ሓደ ንእዲ ክድቅሱ ኣይክእሉን እዮም። ስለ ዘይቃደዉ ክናድሑ እዮም። ኣብ መወዳእታ ከኣ ተዓማጺ ክዕወት፡ ዓማጺ ከኣ ክስዓር ባህርያዊ ሕጊ ቃልሲ'ዩ። ነዛ መልእኽቲ ንእተንብቡ መንእሰያት ፍሉይ ለበዋ ኣሎና። እቲ ዘቕረብናዮ ናይ ምእራም ተቓውሞ፡ ንዓኻትኩም ድኣ'ምበር ንዓና ኣይኮነን። ንሕና ሓደ ሰብ ኣብ ሓንቲ ዕድሚኡ ከበርክታ ዝኽእል ኣበርኪትና ኢና። እዚ ካልኣይ ዕ ድመ ዝሓትት ካልኣይ ቃልሲ ግን ግዴኹም እዩ። ተሪፉና ዘሎ ዕድመ ሓጺር ስለ ዝኾነ ከኣ ነታ ሽግ ቃልሲ ነቐብለኩም ኣሎና። ንሸኻትኩም እታ መጻኢት ኤርትራ እትርከቡ ወለዶ ስለ ዝኾንኩም፡ ካብ ሕጂ ሃገር ቅኑዕ መኣዝን ክትሕዝ ክትቃለሱ ይግባእ። እቲ ቃልሲ ቀጻሊ ስለ ዝኾነ ከኣ ንሸኻትኩም'ውን ነቲ ድሕሬኹም ዝመጽእ ወለዶ ናይ ምስግጋር ሓላፍነት ኣሎኩም። ሙሉእ ሓርነት ኣብ ሓደ ወጋሕታ ዝጭበጥ ኣይኮነን፡ ከምኡ ዓይነት ሕልሚ ሓደገኛ እዩ። እንተኾነ ናብኡ ዘምርሕ ጎደና ክንሕዝ ኣሎና። ምስ ግዜ ከኣ እቲ ሕልሚ ኪግሃድ እዩ። ብሰንኪ'ዚ ዘሎ ጸበባ ብዙሓት መንእሰያት ናብ ግዳም ይጥምቱ ምህላዎም ንሰምዕ ኣሎና። ሓቂ'ዩ ብዘይ ሓርነት፡ ህይወት መቐረት የብሉን፡ ሓርነት ኩሉ'ያ ክትብሃል'ኳ እንተዘይተኻእለ፡ ብዘይ ብኣኣግን ኩሉ ትርጉም የብሉን። ሓርነት ከኣ ኣብ ሃገርካ ጥራሕ'ያ ትርከብ። ሃገር ራሕሪሕካ ምህዳም ግን ነቲ ክብሕታ ዝደሊ ምጥዕዓም'ዩ። ስለዚ ኣብ ውሽጢ ኰንኩም ሃገርኩም ከተዐርዩ ንላቦ። ንሓርበኛ ሰራዊትና ዘሎና መዘኻኸሪ ሓጺር'ዩ። ዕማምኩም ልዑላውነት ሃገር ምዕቃብን፡ ርግኣትን ሰላምን ኣብ ህዝብና ከም ዝሰፍን ምግባርን ምዃኑ፡ ዝያዳ ሰብ ትፈልጡ ኢኹም። ዓመጽ ብዓመጽ ኣይፍታሕን እዩ። ስለዚ ንሕና ነዚ ጸረ-ሕጋዊ

ተግባራት ብሕጊ ክምከት ኣለዎ፣ ለውጢ ከኣ ብሰላም ክመጽእ'ዩ በሃልቲ ኢና። እዚ ዘሎ ኩነታት ቅድሚ ምምሕያሹ ኪገድድ ከምዝኽእል ኣይትዘንግዑ። ንሽኻትኩም ሕልናኹም ከየዕረብኩም፣ ብዝግበር በደላት መኣዝንኩም ከይሰሓትኩም፣ ባንዴራኹም ክትሕልዉ ንላቦ። ብዘይ ሃገር መቃወሚ ወይ መቋየቐ ባይታ የለን። ኣብ መወዳእታ፣ ብዙሓት ንደሞክራስን ፍትሕን ዝቃለሱ ኤርትራውያን፣ ብፍላይ ከኣ ስድራ-ቤትናን መቕርብናን መቃልስትናን፣ መስከረም 18 ክትዝክርዋ ኢኹም። ብዙሓት ብኣማኢት ዝቁጸሩ ንጹሃት ዜጋታትና ቅድሚኡን ድሕሪኡን ዝተኣስሩ ስለ ዘለዉ ከኣ እዛ መዓልቲ ንዝኽሪ ኩላትና ብሓባር ከም ትኸውን ንኣምን። ዝኽሪ ዝግበር ነቲ ዝተኣስረ ኣይኮነን፣ ነቲ ዘይተኣስረ እዩ። ብፍላይ ከኣ ነቲ ዝኣሰረ። እቲ ዘይተኣስረ ዜጋ፣ ነዛ መዓልቲ እዚኣ ክዝክር እንከሎ፣ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ፍትሒ-ኣልቦ ስርዓት ንዓና ካብ ኣሰረ ንዓኻትኩም ከኣ ሓጽይኩም ምህላዉ ስለ እትፈለጡ፣ እንታይ ንግበር ትብልሉ እዋን'ዩ። እቶም ኣሰርቲ ከኣ መታን ውሑዳት ክጥዕሞም፣ ኻኹሉ ህዝቢ ኣፈራሪህካን ኣሲርካን ተቓውሞ ምዕጋት ይከኣል ድ'ዩ ? ዝብልሉ ግዜ እዩ። እምበር ንዓናስ እዛ መዓልቲ ከም ኩለን መዓልታት ወጊሓ ክትዓርብ'ያ። ንዓና ዕለተ ረቡዕ'ያ። ምበሉ። ብሃልቲ ኢና። ክብሪ ንሰማእታትና !! ሕድርና ኣይንጠልምን !! ህዝብና ክዕወት ዋጋ ክንከፍል ኢና !!





ታሪኽ'ዩ ሰነድ'ዩ



# History of Eritrea Prisoners !!!